

TIGRIGNA


# መርሓባ

## ናብ ኣውራጃ VAUD

canton de vaud

LIBERTÉ ET PATRIE

# ብዛዕባ ፖርታል መርሓባ ዝምልከት ኩሉ ጠቓሚ ሓበሬታ




ብዛዕባ'ቲ እትቕመጥሉ ዘለኹም ቦታ ዝምልከት ሓበሬታ ብስሉጥ ክትረኽቡ መታን ክትእሉ፡ ፖርታል መርሓባ፡ ነቲ እተካይድዎ መስርሕ የሳልጠልኩም።

ብ**Bureau Cantonal pour l'Intégration des Etrangers et la Prévention du racisme (BCI)** ዝተኣመመ ኮይኑ፡ መንበሪ ገዛ ብኸመይ ከምእትረኽቡ ዝምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ ክህበኩም እዩ፣ ብቐጻሊ ድማ ምምሕያሽ ክግበረሉ እዩ።

እዚ ፖርታል'ዚ፡ ብዛዕባ ትካላዊ ስርዓትን ክውሰድ ዘለዎ ምምሕዳራዊ ቅጥዕታትን ብዝሓሸ መንገዲ ክትርድእዎ፡ ከምኡ'ውን ክሕግዘኹም ዝኽእሉ ሰባት፡ በዓል መን ምዃኖም ኣለሊኹም ከም እትፈልጡ ዝገብር እዩ።

ንፖርታል ከፊትኩም
ርኣዩ
ኮድ **QR**

**vaud-bienvenue.ch**

# ልሙድ ኣቀባብላ ሓደስቲ መጻእተኛታት

እቲ ኣብ ኣውራጃ Vaud ዝግበር ኣቀባብላ ሓደስቲ መጻእተኛታት፡ ብቐሊሉ ዝግለጽ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ እዚ ኣቀባብላ እዚ፡ ካብ ልምድን ሓቀኛ ዝኾነ ፖሎቲካዊ ፍቓድን ሰበ-ስልጣናት Vaud ዝብገስ እዩ። እቲ ኣጋይሽ ናይ ምቕባል ባህሊ፡ ከም መንግስቲ፡ ትካላትን ማሕበራትን ብዝኣመሰሉ ብዙሓት ተዋሳእቲ ዝካየድ እዩ።

መንበሪ ገዛ ንምስላጥን ሓድሽ መንበሪ ኣከባቢ ክትረኽቡን ዝዓለመ ዝተፈላለየ ዕድላት ድማ ዝህብ እዩ። እዚ መንሹር እዚ፡ ገለ ካብ’ቲ ዝህቦ ረብሓ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትኩም፡ ውልቃዊ ይኹን ሞያዊ፡ ከም ብሶላ ኮይኑ ክመርሓኩም፡ ሓበሬታ ክህበኩምን ክኣልየኩምን ተባሂሉ ዝዓለመ እዩ።

ንብዙሕነት ናይ’ቲ ህዝቢ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ ኣውራጃ እዚ፡ ነዚ መቐበሊ መንሹር እዚ ናብ ዝተፈላለየ ቋንቋታት ከም ዝትርጐም ምግባሩን ብዝተኻእለ መጠን ድማ ብዙሓት ሰባት ክረኽብዎ ነዚ ዲጂታላዊ ሕታም ምድላዉን ሓበን ይስምዖ።


ብዝተፈላለየ ኣገባባት ክትፍትሽዎ፡ ክትጥቀሙሉን ካልኦት ሰባት ከምዝፈልጥዎ ክትገብሩን፡ ናትኩም ሓላፍነት እዩ!

እዚ ሊንክ እዚ ብቐጻሊ ከም ዝሰርሕን ከም ዝምዕብልን ምግባር ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ እዚ ፍረ ውጽኢት እኩብ ኣገዳስን ዝተፈላለየን ዓቕምታት ዝኾነ መቐበሊ መንሹር፡ ቀጻሊ ክኸውን እዩ፣ ኣብ መንግኹምን ኣብ መንግ ኣውራጃን ዝምድና መታን ክህሉ ንብዙሕ ዓመታት የገልግል ኣሎ።

Amina Benkais
ወኪል ውህደት ኣውራጃ Vaud ከምኡ’ውን ሓላፊ Bureau cantonal pour l’intégration des étrangers et la prévention du racisme (BCI)።

# ትሕዝቶ


ኣብ’ዚ ኣውራጃ እዚ ኣብ ዝኣተኽሙሉ እዋን፡ እንታይ ክትገብሩ ይግባእ… 4



1 ፍቓድ መንበሪ 5

1.1 ስራሕ ምስራሕ፡ ትምህርቲ ምምሃር፡ ምስ ኣባል ስድራቤት ምጽንባር 6

1.2 ፍቓድ መንበሪ ንምርካብ ዝውሰድ ስጕምታት 12

1.3 ዑቕባ 13



2 ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ 15

2.1 ምምሃር ቋንቋ ፈረንሳ 16

2.2 ምስክር ወረቓቕቲ 17

2.3 ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ 18




3 ስራሕ 27

3.1 ኲነታት ተበጻሕነት ዕዳጋ ዕዮ 28

3.2 ቅድሚ ምጅማር ስራሕ 30

3.3 ኣነ፡ ስራሕ ኣሎኒ 33

3.4 ስራሕ ኣብ ዝስእነሉ እዋን 36



4 መንበሪ ገዛ 39

4.1 ምርካብ መንበሪ ገዛ 40

4.2 ደገፍ 43

4.3 ምውግጋን ጕሓፍ 46

4.4 መምርሒታት ጽቡቕ ዝምድናታት ጐርብትና 47




5 መድሕናት፡ ማሕበራዊ ሓገዝን ግብርን 49

5.1 ማሕበራዊ መድሕን 50

5.2 መድሕን ጥዕና 51


5.3 ሰለስተ-ዓንዲ ዘለዎ ስርዓትን መድሕን ሽቕለት-ኣልቦነትን 55

5.4 ምስ ኣደነትን ቈልዑን ዝተኣሳሰር መድሕን 57

5.5 ማሕበራዊ ሓገዝ 58

5.6 ካልእ መድሕናት 61

5.7 ግብርታት 62




6 ጥዕና 63

6.1 ሓበሬታ ካበይ ቦታን ካብ መንን ይርከብ፡ 64


6.2 ወላዲ ምኧንን ወሊድን 68

6.3 ዘቤታዊ ዓመጽ 71





## 7 ትምህርትን ስልጠናን 73

7.1 ቅድመ-ትምህርቲ 74
7.2 ካብ 4 ክሳዕ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ፡ ንቈልዓ ዝውሃብ ግድነታዊ ትምህርትን መዓልታዊ ክንክንን 76
7.3 ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም 80
7.4 ኣብዚ ኣውራጃ ኣብ ዝኣተኹሙሉ ግዜ ስልጠና ምርካብ 81


## 8 ሲቪላዊ ኲነታት 83

8.1 ንዝተወልደ ቈልዓ ምምዝጋብ 84
8.2 ንኣቦነት ኣፍልጦ ምሃብ 85
8.3 መርዓ 86
8.4 ኣብ እዋን ሞት ዝውሰድ ቅጥዕታት 89


## 9 ግብራዊ ህይወት 91


9.1 ኣብ ቦታታት Vaud ምንቕስቓስ 92
9.2 ፋይናንስ 94
9.3 ተሌኮሙኒኬሽንን ዕድግን 96






## 10 መዘናግዒ ግዜን ማሕበራዊ ህይወትን 97

10.1 ቈልዑን መንእሰያትን 98
10.2 ዓበይቲ 100


## 11 ፖለቲካዊ መሰላትን ምሃብ ዜግነን 105


11.1 ብደረጃ ምምሕዳር ከተማ ዝውሃብ ፖለቲካዊ መሰላት 106
11.2 ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ፖሎለካ 107
11.3 ስዊዘርላንዳዊ ምኳን፡ መስርሕ ምርካብ ዜግነት 108



## 12 ምስትርጓም ከምኡ’ውን ምትርጓም 111


12.1 ማሕበረ-ሰብ ምስትርጓም 112
12.2 ናይ ጽሑፍ ትርጕማት 113



## 13 ኣውራጃ VAUD 115

13.1 ጅኦግራፊ 116
13.2 ታሪኽ 117


## 14 ጠቓምቲ መወከሲታት 121

# ኣብ'ዚ ኣውራጃ ኣብ ዝኣተኹሙሉ እዋን፡ እንታይ ክትገብሩ ይግባእ…

1

ናብ'ዚ ምምሕዳር ኣውራጃ ካብ ዝግዓዝክሙሉ ኣብ ውሽጢ **8 መዓልታት፡** ነዚ ዝስዕብ **ሰነዳት** ብምሓዝ ኣብ እትቕመጥሉ ምምሕዳር ኣውራጃ ንዝርከብ Contrôle des Habitants ብውልቂ ኣርእዩ፧

- ዝምልከተኩም እንተኾይኑ፡ መእተዊ ቪዛ ዘለዎ ብቑዕ ሰነድ መንነት

- ስምኩም ዘለዎ ውዕል ክራይ ገዛ ስምኩም፡ ኣብ ውዕል ክራይ ምስዘይህሉ፡ ነዚ ከተቕርቡ ኣለኹም፧

  - ዕለት ዘለዎን ብኣካራይኹም እተፈረመን ምስክር ወረቐት (ስምኩም፡ ኣብ'ዚ ሰነድ'ዚ ክህሉ ኣለዎ)

- እሊ ፓስፖርት

ካብ ክፍሊት ፍቓድ መንበሪ ወጻኢ ናጻ ንዝኾነ ክፍሊታት ምዝገባ (እንተበጽሐ' CHF 40)፡ ብክረዲት ካርድ ወይ ብጥረ-ገንዘብ ክትከፍሉ ኣለኩም።

Contrôle des Habitants (ቤት ጽሕፈት ቊጽጽር ተቐማጦ)፡ ብዛዕባ ሃይማኖትኩም ዝምልከት ሕቶታት ክሓተኩም ይኽእል እዩ። እዚ ሓበሬታ'ዚ፡ ንስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ጥራይ ኮይኑ፡ ኣብ ናይ መጻኢ ስጕምታት ጽልዋ ኣይክህልዎን እዩ። እዚ መልሲ'ዚ፡ ግድነታዊ ኣይኮነን።



**መጠንቀቕታ**

እቶም ዕድሚኦም ኣብ ትምህርቲ ዝበጽሑ ኵሎም ቈልዑ፡ ዘለዎም ፍቓድ መንበሪ ወይ ምዕባለ'ቲ ዝተገብረሎም ምምሕዳራዊ ስጕምታት ብዘየገድስ ትምህርቲ ክምሃሩ ይግባእ።

2

ኣብ'ዚ ኣውራጃ ምስኣተኹም፡ እንተወሓደ ናይ 3 ኣዋርሕ ግዱድ **መድሕን ጥዕና** ይሃልኹም።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
5.2 መድሕን ጥዕና

3

ትምህርቲ ንኽምሃሩ ዕድሚኦም ዝበጽሐ ቈልዑ (ካብ **4 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም**) ምስ ዝህልውኹም፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ኣብ ዝቐርበኩም ቤት ትምህርቲ ከተመዝግብዎም ኣለኩም።

**ቤት ትምህርቲ ርኸቡ**
7 ትምህርትን ስልጠናን
vd.ch > Autorités > Département de la formation, de la jeunesse et de la culture (DFJC) > Direction générale de l'enseignement obligatoire (DGEO) > Les établissements scolaires



# 1 ፍቓድ መንበሪ

1.1 ስራሕ ምስራሕ፣ ትምህርቲ ምምሃር፣ ምስ ኣባል ስድራቤት ምጽንባር 6

1.2 ፍቓድ መንበሪ ንምርካብ ዝውሰድ ስጕምታት 12

1.3 ዑቕባ 13

# 1.1 ስራሕ ምስራሕ፡ ትምህርቲ ምምሃር፡ ምስ ኣባል ስድራቤት ምጽንባር

## ኣብ ስዊዘርላንድ ስራሕ ምስራሕ

### ሕብረት ኤውሮጳን ኣብ EFTA ዝርከቡ ኤውሮጳውያንን

ኤውሮጳውያን፡ ዜጋታት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ሃገራት EFTA፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ብናጻ ክንቀሳቐሱ ምኽኣሎም ረብሓ ኣለዎም። ቪዛ ከይሓተቱ ናብ ስዊዘርላንድ ብምምጻእ፡ ን6 ኣዋርሕ ንኽሰርሑ ስራሕ ከናድዩ ይኽእሉ፣ እኹል ገንዘባዊ ዓቕሚ ምስ ዝህልዎምን ማሕበራዊ ሓገዝ ንኸውሃቦም ምስዘይሓቱን፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ክሰፍሩ ይኽእሉ እዮም።

### ናይ ሳልሳይ-ሃገር ዜጋታት

ናብ ስዊዘርላንድ መጺኦም ንኽሰርሑ ብናጻ ንኽንቀሳቐሱ ንዘይተዋህቦም ዜጋታት ዝያዳ ኣጸጋሚ ይገብሮ። እቲ ስራሕ ክቖጽሮም ዝደሊ ኣስራሒ፣ ነቲ ክፉት ስራሕ ዝበቕዕ ሰብ ኣብ ስዊዘርላንድ (ካብ ስዊዘርላንዳውያን ወይ ወጻእተኛታት ተቐማጦ ስዊዘርላንድ) ወይ ኣብ ኤውሮጳ (ካብ ዜጋታት ኤውሮጳዊ ሕብረት ወይ ሃገራትት EFTA) ከምዘይተረኸበ ንቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ሸቐለት (DGEM) ከመስክር ይግባእ። እቶም ናብ ስዊዘርላንድ መጺኦም ክሰርሑ ተኽእሎ ዘለዎም ዜጋታት ሳልሳይ ሃገር ድማ ኣዝዩ ፍሉይ ዝኾነን ልዑል ዝደረጃኡን ሞያዊ ብቕዓት ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ።

ብተወሳኺ፡ ካብ ሕብረት ኤውሮጳን EFTAን ወጻኢ ንዝመጹ ዜጋታት ዝውሃብ ብዝሒ ፍቓድ፡ ብስርዓት ኮታ (ብጽሒት) ዝተወሰነ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ኣውራጃ፡ ክትህቦ ዘለዋ ብዝሒ ፍቓድ ዓመታዊ ውሱን እዩ።

## ምጽንባር ኣባል ስድራቤት

ምጽንባር ስድራቤት፣ ንስዊዘርላንዳዊ ወይ ኣብ ስዊዘርላንድ ፍቓድ መንበሪ ንዘለዎ ናይ ወጻኢ ዜጋ ንዘሰንየዎ ወይ ንዝንጽንበርዎ በዓል/ቲ ቤትን ትሕቲ-ዕድመን ዜፍቅድ እዩ።

### ሕብረት ኤውሮጳን ናይ EFTA ኤውሮጳውያንን

እዚ ዕድል ምጽንባር ስድራቤት፡ ነቶም ልዕሊ 18 ዓመት ክሳዕ 21 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ፡ ከምኡ'ውን ነቶም ጽግዕተኛታት ዝኾኑ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም ሰባት ከምዝናዋሕ ይግበር እዩ።

---

ዝርዝር ቃላት

**ኤውሮጳዊ ሕብረት (EU)**
ኮማውያን ኣካላት ንገለ ስልጣኖም ንኽጥቀሙ ብውዕል ዝውክላ ወይ ስልጣን ዘሰጋግራ ዕስራን-ሸውዓተን መንግስታት ኤውሮጳ ዘሕበረ ፖለቲካውን ቍጠባውን ሕብረት እዩ

**ማሕበር ናጻ ንግዲ ኤውሮጳ (EFTA)**
ኣብ ኤውሮጳ ናጻ ንግዲ ዘባ ንኸቑም ዚዓለመ ማሕበር ኣርባዕተ መንግስታት (ኣይስላንድ፡ ሊያቸተንስተይን፡ ኖርወይን ስዊዘርላንድን)

**ሳልሳይ ሃገር**
ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት ወይ ማሕበር ናጻ ንግዲ ኤውሮጳ ዘይኮነት ሃገር እያ። እዛ ሃገር፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ናጻ ምንቅስቓስ ሰባት ንኽህሉ ስምምዕ ዘይኣተወት እያ።

### ናይ ሳልሳይ-ሃገር ዜጋታት

እቶም ፍቓድ መንበሪ ንኽረኽቡ፡ ዜጋ ሳልሳይ ሃገር ዝኾነ በዓል ቤት ወይ በዓልቲ ቤት ወይ ምዝጉብ መሻርኽቲ ናብ ስዊዘርላንድ ንኸሰንይዎም ወይ ንኽጽንበርዎም ዘመልከቱ ዓቕሚ-ኣዳም ዝበጽሑ ዜጋታት ሳልሳይ ሃገራት፡ እቲ ዚተሓተ ደረጃ ፍልጠት ቋንቋ ፈረንሳ ክህልዎም ይግደዱ እዮም።

ኣውራጃ Vaud፡ እቲ ዝተሓተ ደረጃ ፍልጠት ቋንቋ ፈረንሳ ክህልዎም ዘየገድድ እንተኾይኑ፡ ነዚ ጠለብ ቋንቋ ንኸማልኡ ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ክውሃቦም እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ፡ ብፈደራላዊ ኣዋጅ ወጻኢ ዜጋታትን ማሕበራዊ ውህደትን (FNIA) ከምኡ'ውን ፈደራላዊ ኣዋጅ ዜግነት ስዊዘርላንድ (SCA) ዚጠልብ ዝርዝር ደረጃታት ቋንቋ ኣብ ገጻት 10-11 ርኣዩ።

## ኣብ ስዊዘርላንድ ትምህርቲ ምምሃር

### ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኣብ EFTA ዝርከቡ ኤውሮጳውያንን

ንዜጋታት ኤውሮጳዊ ሕብረት ወይ ሃገራት EFTA ዝምልከት፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ዘሎ ናይ ስልጠና ትካል ንኽጽንበሩ ብፍሉይ ኣይሕተቱን እዮም። እንተኾነ ግን፡ ልክዕ ከም ዜጋታት ሳልሳይ ሃገር፡ ንገዛእ-ርእሶም ንኽኣልዩ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ።

### ናይ ሳልሳይ-ሃገር ዜጋታት

ዜጋታት ሳልሳይ-ሃገር፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝምሃርሉ ዘለዉ ዕላማ፡ ኣካል ናይቲ ውሁድ ትምህርታዊ ፕሮጀክት ከምዝኾነ ከርእዩ ይግባእ። ፍቓድ መንበሪ ግዝያዊ ኮይኑ፡ ነቲ ትምህርቲ ዝምሃርሉ ግዜ ጥራይ ዘገልግል እዩ።



### ምጽንባር ስድራቤት ዝግበረሉ ገደብ-ግዜ (ቈልዑ)

ፍቓድ መንበሪ ዘለዎ ዜጋ ሳልሳይ-ሃገር፡ ምስክር ልደት ወይ ፍቓድ መንበሪ ከምዘለዎም ብምምስካር፡ ንበዓል/ቲ ቤት ወይ ቈልዑ ናብ ስዊዘርላንድ ንኸምጽኡ ካብ ዕለት መርዓኦም ናይ 5 ዓመታት ግዜ ኣለዎም።

**መዘኻኸሪ**

እቶም ቈልዑ፡ 12 ዓመት ኣብ ዝገበርሉ ግዜ፡ እቲ ናብ ስዊዘርላንድ ዝመጽሉ ገደብ-ግዜ፡ ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ጥራይ ይኸውን።.

**ንኣብነት፧**

ሓደ ሰብ፡ ኣብ 2020 ናብ ስዊዘርላንድ መጺኡ፡ ፍቓድ መንበሪ ረኺቡ። ወዲ 10 ዓመት ቈልዓ ድማ ኣብ ወጻኢ ይቕመጥ ኣለዎ። እዚ ቈልዓ፡ ናብ ስዊዘርላንድ ንኽመጽእ ክሳዕ 2023 ዕድል ኣለዎ፣ ዕድመ'ቲ ቈልዓ፡ ኣብ 2022፡ 12 ዓመት እንተኾይኑ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ምስ ዝቕመጥ ወላዲኡ ናይ ስድራቤት ምጽንባር ንኽገብር ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ጥራይ ይተርፎ።

**መዘኻኸሪ**

እዚ ገደባት-ግዜ፡ ነቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝቕመጡ ዜጋታት ኤውሮጳዊ ሕብረት ወይ EFTA ንዝጽንበሩ ሰባት ኣይምልከትን እዩ።

## ምሕዳስ ፍቓድ

እዚ ፍቓድ ኣብ ዘብቅዓሉ ግዜ፡ ሰበ-ስልጣናት ፌደራል፡ “ምልክታ ምብቃዕ ግዜ ፍቓድ” ናብ እትቕመጥሉ ምምሕዳር ኣውራጃ ወይ ናብኹም ብቐጥታ ክሰዱ እዮም። መመልከቲ ምሕዳስ ፍቓድ፡ ናብቲ እትቕመጥሉ ኮም ክተቕርቡ ይግባእ፣ ንሱ ድማ ናብ’ቲ ዝምልከቶ ምምሕዳር ኣገልግሎት ኣውራጃ (Service de la Population, SPOP) ከመሓላልፎ እዩ። እቲ ዘለኩም ኩነታትን ደረጃ ማሕበራዊ ውህደትን፡ ብፍላይ ድማ ፋይናንሳዊ ዓቕምን ከምዝምርመር ክኸውን እዩ።

እዚ ሓድሽ ፍቓድ፡ ብሉ ንብሉ ከይውሃብ ይከኣል እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ዝርአ ቊጽሪ መመልከቲታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ነዚ ጉዳይ ብዝምልከት፡ ሰበ-ስልጣናት ማሕበራዊ ውህደት ኣውራጃ፡ እቲ ዘቕረብክሙዎ መመልከቲ ተራእዩ ክሳዕ ዝውዳእ፡ ብዛዕባ ፍቓድ መንበሪኹም ኣይክሓተኩምን እዩ። ናብ ወጻኢ ሃገር ኣብ እትጉዓዝሉ እዋን፡ ሓድሽ ፍቓድ ከይሃለወኩም ናብ ስዊዘርላንድ ክትምለሱ መታን ክትክእሉ፡ “መምለሲ ቪዛ” ንኽውሃበኩም ናብ ቤት ጽሕፈት Service de la Population ብምኻድ ፈለማ ከተመልከቱ ይግባእ።



# ዝተፈላለየ ፍቓድ መንበሪ

**ፍቓድ መንበሪ ወይ ፍቓድ ምጥያስ ኣብ ዘብቅዓሉ እዋን፡ ኣብ ዝተሰረዘሉ እዋን ወይ ኣብ ዘይተሓደሰሉ እዋን**

- ብመሰረት ውሳኔ ገበናዊ ምብራር፡ ንኽትስጐጉ ዝገብር በደል ወይ ገበን።
- ኣብ ትሕቲ ሓደ-ሓደ ኩነታት፡ ምስቲ ምጽንባር ስድራቤት ዝተገብረሉ ሰብ ንዝነበረኩም ናይ መርዓ ኪዳን ዝተቛረጸ ምስ ዝኸውን።
- ኣዝዩ ገዚፍ ማሕበራዊ ሓገዝ ዝተቐበልኩም ምስ እትኾኑ።
- ትምህርቲ ኣብ ዘብቅዓሉ ግዜ (ኣብ ዝተዛዘመሉ ወይ ዝተቛረጸሉ እዋን)፣ እቲ ንትምህርቲ ዝተዋህበ ግዝያዊ ፍቓድ መንበሪ ኣይሕደስን እዩ።
- ንስዊዘርላንድ ለቒቕኩም ከም ዝወጻእኩም ዝተሓበረ እንተኾይኑ ወይ ድማ ካብ ሰበ-ስልጣናት ፍቓድ ከይተረኽበ ንልዕሊ 6 ኣዋርሕ ዝኣክል ግዜ ካብ ስዊዘርልናድ ወጻኢ ኣብ ዝኾነት ሃገር ዝተቐመጥኩም እንተኼንኩም።

## B ፍቓድ መንበሪ

**ዜጋ ሳልሳይ- ሃገር**
ክሳዕ ሓደ ዓመት ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ኣብ 2 ዓመታት ድማ ምሕዳስ ይግበረሉ።

**ኤውሮጳዊ ዜጋ (EU፡ EFTA)**
ንልዕሊ ሓደ ዓመት ንኽቐመጥ፡ ን5 ዓመታት ከምዝሕደስ ይኸውን። እቲ ስራሕ ናይ ምስራሕ ተኽእሎ፡ ኣብ ኩነታት'ዚ ሰብ ዝሙርኮስ እዩ።

## C ፍቓድ ምጥያስ

እዚ ፍቓድ ምጥያስ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ንዘለኹሙሉ ምኽንያት ብፍጹም ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነን። እዚ ፍቓድ (ሰነድ)፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 5 ዓመታት ዝሕደስ እዩ።
ብሓፈሻ፡ ነቶም ፍቓድ B ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ኩነታት ምርኩስ ብምግባር ድማ ድሕሪ 5 ወይ 10 ዓመታት ጥራይ እዚ ፍቓድ C ይውሃብ።
ኣታዊ ዝርከቦ ስራሕ ንኽትሰርሑ የፍቅድ።

## F ግዝያዊ ተቐባልነት

ነቶም ወግዓዊ ዑቕባ ዘይረኸቡ እሞ ኸኣ ኣብ ስዊዘርላንድ ብሕጋዊ መገዲ ክቐመጡ ዝኽእሉ ሰባት ይውሃቦም። ልክዕ ከምቲ ወናኒ ፍቓድ B ወይ C ወይ ዜጋ ስዊዘርላንድ ስራሕ ናይ ምስራሕ ዕድል ይህልዎም። ዕዉት ማሕበራዊ ውህደት ምስ ተኻየደሎም (ብቑጠባ ርእሶም ዝኸኣሉን ብፍላይ ድማ ውሳኔ ምብራር ዘይተዋህቦምን)፡ እቲ ፍቓድ F ናብ ፍቓድ B ኪሰጋገር ይኽእል እዩ።

## G ስግረ-ዶብ ንዝዂዓዝ ሰብ ዝውሃብ ፍቓድ

ነቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝሰርሑ ዘለዉ፡ እሞ ኸኣ ቀንዲ ፍቓድ መንበሪ ዘይብሎም ሰባት።

## L ናይ ሓጺር-ግዜ ፍቓድ መንበሪ

**ዜጋ ሳልሳይ-ሃገር**
ክሳዕ ሓደ ዓመት ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ኣብ ሓደ ዓመት ድማ ሓንሳእ ምሕዳስ ይግበረሉ።

**ኤውሮጳዊ ዜጋ (EU፡ EFTA)**
ንፈለማ እዋን ንኽቐመጥ ምስ መጸ (ንትሕቲ ሓደ ዓመት) ዝሕደስ እዩ።
እቲ ስራሕ ናይ ምስራሕ ተኽእሎ፡ ኣብ ኩነታት'ዚ ሰብ ዝሙርኮስ እዩ።

## N ንሓተትቲ ዑቕባ ዝውሃብ ፍቓድ

እዚ ፍቓድ'ዚ ዝተዋህቦ ሰብ፡ ንፈደራላዊ ማእከል ዑቕባ ለቒቑ ምስወጸ፡ ብመገዲ ኮንፈደረሽን ምስ ኣውራጃ ምትእስሳር ይህልዎ፣ ስራሕ ንኽረክብ ድማ መሰል ክህልዎ እዩ።

## S ሓለዋ ንዘድልዮም ውልቀሰባት ፍቓድ

ናይ ስዊዘርላንድ ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ። መሰል መንበሪ ፍቓድ ክሳብ መወዳእታ ምርግጋፅ ፍቓድ ውሕስነት ክወሃቦ ኣይክእልን። ዝኾነ ኣብ ሓድሽ ስራሕ ምቑጻር ወይ ስራሕ ምቐያር በቲ ኣቐዲሙ ዝነብረ ፍቓድ ዝቐየድ እዩ።




# ዘድሊ ደረጃታት ቋንቋ ብሕጊ

ፈደራላዊ ኣዋጅ ናይ ወጻኢ ዜጋታትን ማሕበራዊ ውህደትን (FNIA) ከምኡ'ውን ፈደራላዊ ኣዋጅ ዜግነት ስዊዘርላንድ (SCA)፡ በዓል-መዚ ኣውራጃ፡ ንዓቕሚ ቋንቋ ናይ ወጻኢ ዜጋ ኣብ ግምት ከእቱ ይጠልብ እዩ። ስለዚ፡ ፈደራላዊ ቤት ምኽሪ፡ መግለጺ ናይቲ ዘድሊ ደረጃ ቋንቋ ሂቡ እዩ። ንምጽንባር ስድራቤት ዝምልከት፡ ምሕዳስ ፍቓድ መንበሪ (ፍቓድ B)፣ ምሃብ ፍቓድ ምጥያስ (ፍቓድ C) ከምኡ'ውን መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ስዊዘርላንድ።

## ግዝያዊ ፍቓድ (ፍቓድ F)

### A1 ናይ ቃል

ብምጽንባር ስድራቤት ዝኣተወ በዓል/ቲ ቤት (ብግዝያዊ መልክዕ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት የጠቓልሉ። (ዓንቀጽ 74ሀ ASEO)።

## መንበሪ (ፍቓድ B፡ ወጻኢ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት-EFTA)

### A1 ናይ ቃል

በዓል/ቲ ቤት ናይቲ ብመገዲ ምጽንባር ስድራቤት (ዓንቀጽ 73ሀ ASEO) ፍቓድ ምጥያስ ወይ ፍቓድ መንበሪ ዝረኸበ ሰብ። ምፍራስ ኪዳን መርዓ ወይ ስድራቤት (ዓንቀጽ 77 ASEO)።

## ምጥያስ (ተራ

### A2 ናይ ቃል A1 ናይ ጽሑፍ

ድሕሪ 10 ዓመት ምስ ተቐመጡ ዝውሃብ እዩ (ዓንቀጽ 60 ASEO)። ኣብ ወጻኢ ሃገር ምስ ተቐመጡ (ዓንቀጽ 61 ASEO) ወይ ምቕንጣጥ መሰል ምስ ኣጋጠመ (ዓንቀጽ 61a ASEO) ዝውሃብ ሓድሽ ፍቓድ። በዓል/ቤት ወናኒ ፍቓድ ምጥያስ ወይ ዜጋ ስዊዘርላንድ (ዓንቀጽ 73b ASEO)። ኣብ ስዊዘርላንድ ንኽጣየሱ ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሓሎም ዜጋታት ገለ ሃገራት*፡ ናይ ቋንቋ ፈረንሳ ጠለብ ኣይምልከቶምን እዩ።

## ምጥያስ (ዝለዓለ ፍቓድ C)

# B1 ናይ ቃል A1 ናይ ጽሑፍ

ድሕሪ 5 ዓመት ምስ ተቐመጡ ዝውሃብ ዝለዓለ ፍቓድ (ዓንቀጽ 62 ASEO)::

## መስርሕ ምውሃብ ዜግነት

# B1 ናይ ቃል A2 ናይ ጽሑፍ

ድሕሪ 10 ዓመታት ዝውሃብ ተራ ዜግነት:: ድሕሪ 5 ዓመታት ድማ ንበዓል/ቲ ቤት ዜጋ ስዊዘርላንድ ዝሳለጥ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት (ዓንቀጽ 6 SCO)

## ምቅያር ፍቓድ B ናብ ፍቓድ C

ፍቓድ ምጥያስ (ፍቓድ C)፡ ካብ ፍቓድ መንበሪ (ፍቓድ B) ንላዕሊ ዝያዳ ርጉእ ዝኾነ ፍቓድ ዝህብ እዩ:: እቲ ወናኒ ፍቓድ B፡ ኣብ ዜግነትን ኣብዘ ሃገር ዝቐመጠሉ ምኽንያትን ምርኩስ ብምግባር፡ ድሕሪ 5 ወይ 10 ዓመታት ናብ ፍቓድ C ክሰጋገር ተኽእሎ ኣሎ::

ነቶም ካብተን ፈረንሳ ዘይዛረባ ሃገራት ዝመጹ፡ ፐርሚ C ንክውሃቡ ደረጃ ቛንቛ ፈረንሳ ዘመልክት ወግዓዊ ደገፌታ ወረቐት ከምጽኡ ኣድላዪ እዩ::

## ፍቓድ መንበሪ ዘይብሎም ሰባት

ሕጊ ስዊዘርላንድ፣ እቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ፍቓድ መንበሪ ከይሃለዎ ዝቐመጥ ዘሎ ሰብ፡ ኣብ ማሕበራዊ ውህደት ዕዉት እንተኾይኑን እቲ ዝተቐመጠሉ ግዜ ድማ ነዊሕ እንተኾይኑን ተቐባልነት ንኽረክብ ንዘለዎ ብቑዓት ሕጋውነት ንምልባስ ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ኲነታት የፍቅድ እዩ:: እቲ መመልከቲ፡ ብጭቡጥ ናብ ኣውራጃ (Service de la Population – SPOP) ክልኣኽ እዩ፣ ድሕሪዚ ድማ ናብ ሰበ-ስልጣን ፈደራል ክልኣኽ እንተኾይኑ ክውሰን እዩ:: እዚ ምልባስ ሕጋውነት፡ ብኮንፈደረሽን ፍቓድ ምስ ረኸበ ጥራይ ተግባርነት ይህልዎ::

# 1.2 ፍቓድ መንበሪ ንምርካብ ዝውሰድ ስጕምታት

## ንመን ክረክብ ይግባኣኒ፧

→ **ሕብረት ኤውሮጳን ናይ EFTA ኤውሮጳውያንን**

ኣብ ስዊዘርላንድ ንእትቕመጥሉ ምምሕዳር ከተማ (Contrôle des habitants) ተወከሱ።

→ **ካልኦት ዜጋታት**

ኣብ እትቕመጥሉ ሃገር ንዝርከብ ወኪል ስዊዘርላንድ (ኤምባሲ ወይ ቆንስል) ተወከሱ።

ኣብ'ዚ ክልቲኡ ኲነታት፡ እቲ ፋይል፡ ኣብ ኣውራጃ Vaud ናብ ዝርከብ Service de la Population ከም ዝልኣኽ ክኸውን እዩ፤ ነዚ መመልከቲ ድማ ክርእዮ እዩ።

መመልከቲ ኣብ ዝቐርበሉ ግዜ ዚውሃብ ሰነዳት
vd.ch > Thèmes > Population > Population étrangère > Entrée et séjour

## ንኤውሮጳውያን (ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ EFTA) ዚውሃብ ፍቓድ መንበሪ፥ ሰነዳት ሓድሽ ቅጥዒ ክረዲት ካርድ

ካብ 1 የካቲት 2021 ጀሚሩ፡ እቶም ሓድሽ ፍቓድ ዝተዋህቦም ካብ ናጻ ምንቅስቓስ ዝርብሑ ዘለዉ ኤውሮጳውያን (ዜጋታት ኤውሮጳዊ ሕብረት ወይ ማሕበር ናጻ ንግዲ ኤውሮጳ)፡ ኣብ ክንዲ ናይ ወረቐት ሰነድ፡ ብጐማ ዚተዓሸገ ሰነድ ቅጥዒ ክረዲት ካርድ ይውሃቦም።

እዚ ሓድሽ ኣገባብ እዚ፡ ነቲ ዲጂታላዊ ሓበሬታ ከም ዝስነድ ንምግባር፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 5 ዓመታት ናብ'ቲ ኣብ Lausanne (ኣብ Flon) ዝርከብ ማእከል ባዮመትርን ሰነዳት መንነትን ጕዕዞ ንኽትገብር ዝጠልብ እዩ። እቲ ናይ መጻኢ ካርድ፡ ናይ ዲጂታል ክታምን ስእልን ክህልዎ እዩ።

ክሳዕ'ዚ እዋን'ዚ፡ ዜጋታት ሳልሳይ-ሃገር ጥራይ፡ እዚ ዓይነት ካርድታት ኣለዎም (ናብ ማእከል ባዮመትሪ ብኣካል ንኽበጽሑ የገድድ እዩ)።

# 1.3 ዑቕባ

## ፈደራላዊ ሕጋዊ ስልጣን

እቲ ዑቕባ ክውሃብን ከይውሃብን ኣመልኪቱ ዝውሃብ ውሳኔ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ መዝነታት ፈደራል (Secrétariat d'État aux migrations et Tribunal administratif fédéral) ምርኩስ ዝገብር እዩ። ኣውራጃታት፡ ኣብ መስርሕ ጉዳይ ዑቕባ ጣልቃ ክኣትዋ ዝኾነ ስልጣን የብለንን።

## ረቛሒታት

እቲ ረቛሒ ማሕበራዊ ውህደት፡ ንመመልከቲ ዑቕባ ንምምርማር ኣይከገልግልን እዩ።

መዝነታት ፈደራል፡ እቲ ሰብ ሓለዋ ዘድልዮ እንተኾይኑን እንተዘይኮኑን ምርኩስ ብምግባር፡ ንኲነታት ደረጃ ስደተኛ ኣብ ግምት የእቱን ዑቕባ ይህብን። እቲ ሰብ፡ ኣብ ሃገሩ ሓደጋ ከጋጥሞ ዝኽእል እንተኾይኑን እንተዘይኮይኑን ክምርምር እዩ። እቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ረቛሒ ማሕበራዊ ውህደት፡ ንመመልከቲ ዑቕባ ንምምርማር ኣይከገልግልን እዩ።

እቶም ዑቕባ ዝረኸቡ ሰባት፡ ፍቓድ መንበሪ (ፍቓድ B) ክውሃቦም እዩ። እቶም ፍቓድ ስደተኛ ጥራይ ዘለዎም ወይ ናብ ሃገሮም ክመለሱ ዘይክእሉ ሰባት፡ "ግዝያዊ ፍቓድ" (ፍቓድ F) ክረኽቡ እዮም። ካልኦት ግን ንስዊዘርላንድ ለቒቖም ክወጹ ይግባእ።

## እቶም ዑቕባ ንኽይረኽቡ ንዝተነጽጉ ሰባት ዝግበር ሕጋውነት

ኣብ ትሕቲ ገለ ኩነታት፡ ሓደ ሰብ፡ እቲ ዑቕባ ዝተኸልአ ሰብ፡ ገበን ከይፈጸመ፡ እንተወሓደ ን5 ዓመታት ኣብ ስዊዘርላንድ ዝተቐመጠ እንተኾይኑን ሰብ-መዚ ድማ ንመንበሪ ቦታኡ ኩሉ ግዜ ዝፈልጥዎ እንተኾይኖምን፡ ሕጋውነት መንበሪ ፍቓድ ንኽረክብ ዚጠልብ እማመ ናብ ሰብ-መዚ ፈደራል ንኽቐርብ ንኣውራጃ ክሓትት ይኽእል እዩ (ዓንቀጽ 14፡ ሕጥቦ-ጽሑፍ 2 AsylA)።

# መዘኻኸሪታት




# 2 ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ

2.1 ቋንቋ ፈረንሳ ምምሃር 16
2.2 ምስክር ወረቓቕቲ 17
2.3 ዚውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ 18

# 2.1 ቋንቋ ፈረንሳ ምምሃር

## ብሓጺሩ

ቋንቋ ናይ’ቲ ክትቅመጡላ ዝመደብኩሙዋ ሃገር ምምሃር፡ ንመዓልታዊ ህይወትኩም ብዓቢ ደረጃ የቃልሎ እዩ። እዚ ድማ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ፣ ስራሕ ንኽትረኽቡ፡ ምስ ጐረባብትኹም ርክብ ንኽትገብሩ፣ ማሕበራዊ ህይወት ንኽተማዕብሉን ንደቅኹም ድማ ኣብ እዋን ትምህርቲ ንኽትሕግዝዎምን ይገብር።

ኣዋጅ ማሕበራዊ ውህደት፣ ሰባት ኣብ ስዊዘርላንድ ምስ ዝርከብ ሕብረተሰብን ናብራ ህይወትን ንኽላለዩን ሃገራዊ ቋንቋ ድማ ንኽምሃሩን ኣገዳሲ ምኺኑ ይዛረብ። ምምሕዳር ኣውራጃ፡ ከም ምሕዳስ ፍቓድ ዝኣመሰለ ገለ ሕጋዊ ቀጥዕታት፡ ንደረጃ ፍልጠት ቋንቋ ፈረንሳ ዚሕብር ምስክር ወረቐት ንኽተቕርቡ ክሓተኩም ይኽእል እዩ።

ደረጃታት ቋንቋ
vd.ch > Thèmes > Population > Population étrangère > Entrée et séjour > Loi sur les étrangers et l’intégration (LEI)

ንቈልዑ ብዝምልከት፣ እቶም ካብ 4 ዓመት ክሳዕ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝቕመጡ ቈልዑ ትምህርቲ ክምሃሩ ግድነታዊ እዩ። እቶም ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጽኡ ተማሃሮ ትምህርቲ ምስ ጀመሩ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ፡ ጽዑቕ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ ኣብ ቤት ትምህርቶም ክወስዱ መሰል ኣለዎም።

ተወሳኺ ሓበሬታ
7.2 ካብ 4 ዓመት ክሳዕ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ፡ ንቈልዑ ዝውሃብ ግድነታዊ ትምህርትን መዓልታዊ ክንክንን

ናብዚ ሃገር ዝመጽኡ ካብ 15 ዓመት ክሳዕ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም ንኣሽቱ መንእሰያት ብዝምልከት፣ እቲ ኣብ መቐበሊ ቦታ ዝረኽብዎ ትምህርቲ፡ ቋንቋ ፈረንሳ ንኽምሃሩን ስልጠና ንኽረኽቡን ይሕግዞም እዩ። ተቐባልነት ንኽትረክብ ዝቐርብ መመልከቲ፡ ብመገዲ ፖርታል ስደተኛታትን ይካየድ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
7.4 ነኣብዚ ሃገር ምስ ኣተኹም ስልጠና ምርካብ

ንዓበይቲ ብዝምልከት፣ ብዙሕ ትምህርታት፡ ኣብ መላእ ዞባ Vaud ይውሃብ እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ’ዚ ዝቐረበ ክልተ ዓይነታት ትምህርትታት፣ እቲ ናይ ውልቂ ትምህርትን ናይ ማሕበራት ትምህርትን ኣሎ።

ምኽሪ
ቋንቋ ፈረንሳ እትምሃርሉ ኣዝዩ ዝበለጸ መንገዲ፣ ምስ ካልኦት ሰባት ብምርኻብን ኣብ ወለንታዊ ስራሕ፡ መዘናግዒ ወይ ንጥፈታት ማሕበራዊ ውህደት ብምስታፍን ምልምማድ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
10 መዘናግዕን ማሕበራዊ ህይወትን
7 ትምህርትን ስልጠናን

## ውልቂ ኣብያተ-ትምህርቲ

ናይ ውልቂ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ ይህባ እየን። እዚ ትምህርታት’ዚ፡ ተዓጻጻፊ መደብ-ግዜን ዝተፈላለየ መቐበሊ መምዘኒታትን ዘለዎ ኮይኑ፡ ዝለዓለ ክፍሊት ብምኽፋል ድማ ዝውሰድ እዩ።

ንመርበብ-ሓበሬታ local.ch ክፈትኩም፡ ኣብ መናደዩ ቦታ “ቤት ትምህርቲ ቋንቋ” ኢልኩም ብምእታው ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ኣብ Vaud ዝርከብ ማሕበር ኣብያተ-ትምህርቲ ውልቂ (AVDEP)፡ ንዝርዝር ኣስማት ናይተን ኩለ ኣብያተ-ትምህርቲ ውልቂ ሒዙ ይርከብ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
avdep.ch

# 2.2 ምስክር ወረቓቕቲ

## ምስክር ወረቐት ርኸቡ

ንገለ ሕጋዊ ቅጥዒታት (ንኣብነት፣ ፍቓድ B ንምርካብ፡ ንምሕዳስ፡ ክትረኽብዎ እትጽበይዎ ፍቓድ C ወይ መስርሕ ሕጋውነት መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ዝቐርብ መመልከቲ) ብዝምልከት፣ ምምሕዳር፡ ንዘለኩም ደረጃ ፍልጠት ቋንቋ ፈረንሳ ዘረጋግጽ ምስክር ወረቐት ንኽተቐርቡ ክሓተኩም እዩ።

ፈተና FIDE (ቋንቋታት ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያ)፡ ንስደተኛታት ኣብ ቋንቋ ንምትብባዕ ተባሂሉ ዝካየድ ናይ ኮንፈደረሽን ፕሮጀክት እዩ። እዚ ፈተና'ዚ፡ ናይ ቃልን ናይ ጽሑፍን ዓቕምታትኩም ንኽትፍትሹን ንዘለኩም ደረጃ ፍልጠት ቋንቋ ፈረንሳ ዘረጋግጽ ፓስፖርት ቋንቋ ንኽትረኽቡን ይሕግዘኩም። ዝተፈላለያ ማሕበራት፡ ነዚ ፈተናታት የካይዳ እየን። ብዛዕባ ማእከላት ፈተናን መደባት ፈተናን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ንመርበብ ሓበሬታ ፓስፖርት ቋንቋ ተወከሱ።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> fide-info.ch

ደገፍ ቋንቋ ንኽትረኽቡ፡ ንኸም ምስክር ወረቐት Diplôme d'études en langue française (DELF) ዝኣመሰለ ካልእ ምስክር ወረቓቕቲ ድማ ኣፍልጦ ይውሃቦ እዩ። ነዚ ንምርካብ፡ ናይ ጽሑፍን ናይ ቃልን ፈተና ቋንቋ ፈረንሳ ተፈቲንኩም ክትሓልፉ ይግባእ። ብዛዕባ መደባት ፈተናን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ንመርበብ ሓበሬታ Fondation Esprit Francophonie website ተወከሱ።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> delfdalf.ch
> 1.1 ስራሕ ምስራሕ፡ ትምህርቲ ምምሃር፡ ምስ ኣባል ስድራቤት ምጽንባር

## ምስክር ወረቐት ምሕታት

ካልእ ምስክር ወረቐት ቋንቋ ኣብ ስዊዘርላንድ ወይ ወጻኢ ሃገር ድሮ ዝረኸብኩም እንተኾንኩም፡ እሞ ኸኣ ኣብ ዝርዝር ናይቲ ኣፍልጦ ዝረኸበ ምስክር ወረቓቕቲ እንተልዩ፡ ናብ Fide Secretariat ክትሰድዎ ትኽእሉ ኢኹም። ምስቲ ዘለኩም ናይ ቃልን ናይ ጽሑፍን መምዘኒታት ዝኸይድ ፓስፖርት ቋንቋ ክህብኹም እዮም፣ እዚ ድሕሪ CHF 20 ምስ ከፈልኩም እዩ።

ዘለኩም ዓቕሚ ቋንቋ ኣብ ደረጃ B1 ወይ ልዕሊኡ እንተኾይኑ፡ ደገፍ ቋንቋ እትረኽብሉ እቲ ዝቐለለን ዝቐልጠፈን መገዲ፡ ሓቅነትኩም ዘረጋግጽ ሰነድ ምቕራብ እዩ።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> fide-service.ch/fr/attestations/dossier-fide

# 2.3 ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ

**ሰሜን ዞባ**

29 30 31 32 33
34 35 36 37 38
39 40 41





**ዞባ LAUSANNE**

12 13 14 15 16
17 18 19 20 21
22 23 24 25 26
27 28

**ምዕራብ ዞባ**

42 43 44 45 46
47 48 49 50 51
52 53




## ኣብ ኣውራጃ፡ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ ዝህባ ማሕበራት

መንግስቲ ነቲ ብማሕበራት ዝወሃብ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ይድግፎ'ዩ። እዚ ትምህርቲ'ዚ፡ ብዝሰልጠኑ ሞያተኛታት ዝውሃብ፡ ብውሑድ ገንዘብ ድማ ክርከብ ዝከኣል'ዩ። ሳሕቲ፡ ኣብ መቐበሊ ዝካየድ ትምህርትታት ምስ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ብሓባር ይወሃብ'ዩ። ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ዝህባ ገለ ማሕበራት ኣብ ታሕቲ ርኣዩ። ንዘለዉ ዕድላት ብዝምልከት፡ ኩሉ ዝርዝር ሓበሬታ ድሉው'ዩ፣ “እንቋዕ ናብ ኣውራጃ Vaud ብደሓን መጻእኩም” ንዝበል መርበባዊ ፖርታል ምምሕያሽ ይግበሩሉ።

ዝርዝር ናይተን ብኦንላይን ዝርከባ ማሕበራት
vaud-bienvenue.ch/cours-de-francais

### ዘባ ምብራቕ

**01 Appartenances – Espace femmes riviera**

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ፣ ኣብ ቴማ “ጥንሲ፡ ወሊድን ቀድመ ቈልዑነትን” ዘማእከለን ኣብ ቀድመ-ትምህርቲ ዘለዉ ዝእለዩ ቈልዑ ንዘለወን ሰደተኛታት ጥኑሳት ደቀኣንስትዮ ወይ ኣደታት ንኣሽቱ ቈልዑ ዝውሃብ እዩ። ቈልዑ ንዘለወን ንዘይብለን ሰደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ዝግበር ኣቀባብላ፡ ኣኼባን ማሕበራዊ ምልላይን።

Vevey
021 922 45 23
ef.vevey@appartenances.ch
appartenances.ch

**02 Association AMIS**

ኣብ ቀድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ቈልዑ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ ዘካተተ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ። ንስደተኛታትን ስዊዘርላንዳውያን ቈልዑን ከምኡ'ውን ኣብ ቀድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ደቆምን ተባሂሉ ዝካየድ ናይ ዘተ ዋዕላ።

Aigle
024 466 76 00 | 077 507 62 17
info@planchette.ch
planchette.ch

03 ## ምምሕዳር ከተማ Bex/LIBex

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ። ኣብ ንጥፈታት ቤት ትምህርትን ናይ ዘተ ዋዕላታትን ዘተኮረ ኣብ ቤክስ (Bex) ዝምሃሩ ቈልዑ ንዘለዎም ዓበይቲ ዚውሃብ ትምህርታት።

- Bex
- 079 686 61 10
- @ francais@bex.ch

04 ## ምምሕዳር ከተማ Château-d'Œx

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

- Château-d'Œx
- 076 387 53 22
- @ c.morier-genoud@bluewin.ch

05 ## ምምሕዳር ከተማ Montreux

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ። ቋንቋ ፈረንሳ እትምሃርሉን እትለማመድሉን ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ንጥፈታት

- Clarens
- 079 228 62 16
- @ info@francais-clarens.ch
- francais-clarens.ch

ነተን ቈልዑ ዘለወን ስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ብቋንቋ ፈረንሳ ዝግበር ምልውዋጥን ምክፋልን ተሞክሮታት ህይወት ኣተኲሩ ዝተዳለወ ዋዕላታት።

- Clarens
- 078 845 86 18
- montreux.ch/habiter-et-decouvrir/integration/associtions-et-projets-dintegration

06 ## ምምሕዳር ከተማ Roche

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ

- Roche
- 077 407 58 75
- @ integration@roche-vd.ch

07 ## ምምሕዳር ከተማ Villeneuve – Commission d'Intégration Villeneuve (CIV)

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳን ናይ ዘተ ዋዕላታትን።

- Villeneuve
- 077 407 58 75
- @ integration@villeneuve.ch

08 ## ECAP Vaud

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

- Vevey
- 021 923 59 90
- @ infovd@ecap.ch
- ecap.ch/fr

09 ## Français en jeu

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

- La Tour-de-Peilz, Clarens, Lutry, Paudex, Montreux
- 021 552 44 05
- @ riviera@francaisenjeu.ch
- francaisenjeu.ch/poles/est-vaudois

ንጀመርቲ ዝውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ። ነቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ Vaud ዝምሃሩ ዘለዉ ደቆም ብዝበለጸ መገዲ ንኽርድእዎም ኢሎም ቋንቋ ክምሃሩ ንዝደልዩ ወለዲ ዝውሃብ እዩ።

- Vevey, Clarens, Montreux, Pully, Aigle
- 021 552 44 05
- @ riviera@francaisenjeu.ch
- francaisenjeu.ch/poles/est-vaudois/

10 ## Lire et écrire

ጸገም ንባብን ጽሕፈትን ንዘለዎም ዓበይቲ ዝውሃብ ናይ ንባብን ጽሕፈትን ትምህርታት።

- Vevey, La Tour-de-Peilz, Clarens, Aigle
- 021 922 46 10
- @ riviera@lire-et-ecrire.ch
- lire-et-ecrire.ch/vaud

11 ### ከተማ Vevey

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ። ንስደተኛታት ወለዲ ብፈረንሳይኛ ዝግበር ምልውዋጥን ምክፋልን ተሞክሮታት ህይወት ኣተኩሩ ዝተዳለወ ዋዕላታት። ቈልዑ ንዘለወን ስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ዝግበር ናይ ዘተ ዋዕላታት።

Vevey

021 925 53 18

cohesion.sociale@vevey.ch

## ዘባ ላውዛን

**ምኽሪ**

ንኣጠቓልሊ ዝርዝር ናይቲ ኣብ Lausanne ዚውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ ዝምልከት፡ ንBureau lausannois pour les immigrés ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም (BLI) (ገጽ 22)

12 ### Appartenances – Espace femmes Lausanne

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ፡ ኣብ ቴማ "ጥንሲ፡ ወሊድን ቅድመ ቈልዑነትን" ዘማእከለን ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንዘለዉ ቈልዑ ዝግበር ምእላይ ቈልዑ ዘካተተን ንስደተኛታት ጥኑሳት ደቂ-ኣንስትዮ ወይ ኣድታት ንኣሽቱ ቈልዑ ዝውሃብ እዩ። ቈልዑ ንዘይብለን ስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ዝግበር ኣቀባብላ፡ ኣኼባን ማሕበራዊ ምልላይን።

Lausanne

021 351 28 80

ef.lausanne@appartenances.ch

appartenances.ch

13 ### Appartenances – Espace hommes Lausanne

ንስደተኛታት ደቂ-ተባዕትዮ ዝውሃብ መባእታዊ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳን ዋዕላታትን። ሓደገኛ ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ጸገማት ንዘለዎም ስደተኛታት ደቂ-ተባዕትዮ ዝግበር ቀጻሊ ኣቀባብላ፡ ምስማዕ ጉዳይን ምልላይ ምስ ሰባትን።

Lausanne

021 320 01 31

eh.lausanne@appartenances.ch

appartenances.ch

14 ### Armée du salut

Fransızca kursları.

Lausanne

021 312 73 52

ads-arclemanique.ch

15 ### Association Nouvelles perspectives

ኩሉ ግዜ ቀጻም ዝውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳን ናይ ዘተ ዋዕላታትን።

Lausanne, Chavannes-près-Renens

078 848 67 27

info@nouvelles-perspectives.ch

nouvelles-perspectives.ch

16 ### Association Palabres

ናይ ቋንቋ ፈረንሳ ዋዕላታትን ዝርርብ ዝግበረሉ ቦታን።.

Lausanne

info@palabres.ch

palabres.ch

17 ### Bourse à travail

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

Lausanne

021 323 77 15

bourse.travail@gmail.com

la-bourse-a-travail.ch

18 ### Communauté Sant'Egidio

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

Lausanne

078 641 08 33

francais@santegidio.ch

santegidio.ch

19 ### CORREF

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳን ቀማረታትን።

Lausanne

021 341 71 11

administration@corref.ch

corref.ch

20 ECAP Vaud

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

Lausanne

021 320 13 27

infovd@ecap.ch

ecap.ch/fr

21 EPER

InfoSuisse 50+. ንሽማግለታት ዚውሃብ ግብራዊ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

Lausanne

021 613 40 70

info@eper.ch

eper.ch/project-explorer/infosuisse-50

22 Français en jeu

ነቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ Vaud ዝምሃሩ ዘለዉ ደቆም ብዝበለጸ መገዲ ንኽርድእዎም ኢሎም ቋንቋ ክምሃሩ ንዝደልዩ ወለዲ ዝውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ እዩ።

Lausanne

021 329 04 49

lausanne@francaisenjeu.ch

francaisenjeu.ch/cours/

23 Lire et écrire

ጸገም ንባብን ጽሕፈትን ንዘለዎም ዓበይቲ ዝውሃብ ናይ ንባብን ጽሕፈትን ትምህርታት።

Lausanne

021 329 04 48

lausanneetregion@lire-et-ecrire.ch

lire-et-ecrire.ch/vaud

24 OSTARA

ንስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ኣተኩሩ ዝውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ ከምኡ'ውን ሜላታት ምስትምሃር (መብልሒ ኣእምሮ)

Lausanne

laure.caron@associationostara.ch

associationostara.ch

25 Pôle Sud

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ .

Lausanne

021 311 50 46

info@polesud.ch

polesud.ch/activites-regulieres

26 Université de Lausanne

ኣብ እዋን በዓላት ዝውሃብ ትምህርታት (ከም ናይ ወጻኢ ቋንቋ ዝውሃብ ጽዑቐ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ)።

Lausanne

021 692 30 90

coursdevacances@unil.ch

unil.ch/cvac/en/home.html

27 Université populaire de Lausanne

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

Lausanne

021 315 24 24

info@uplausanne.ch

uplausanne.ch

28 Bureau lausannois pour les immigrés (BLI) (ቤት-ጽሕፈት ስደተኛታት Lausanne) – ከተማ Lausanne

ሃኣብ ክረምቲ ኣብ Vidy-Plage ዚውሃብ ናጻ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ

Lausanne

021 315 72 45

bli@lausanne.ch

lausanne.ch/vidy-plage

ዘበ ሰሜን

29 Appartenances – Espace femmes Yverdon

ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ቈልዑ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ ዘካተተ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ። ቈልዑ ንዘይብለን ስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ዝግበር ኣቀባብላ: ኣኼባን ማሕበራዊ ምልላይን።

Yverdon-les-Bains

024 426 03 36

ef.yverdon@appartenances.ch

appartenances.ch

## 30 Caritas Vaud

ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ቈልዑ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ ዘካተተ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

Yverdon-les-Bains
024 425 32 48

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ.

Orbe, Chavornnay
079 289 10 88
coursdefrancais@caritas-vaud.ch
caritas-vaud.ch/nos-prestations/formations/cours-de-francais

## 31 CISEROC

ኣብ ምልውዋጥን ምክፋልን ተሞክሮታት ህይወት ኣተኲሩ ዝተዳለወ ዋዕላታት።

Orbe
079 289 10 88
ciseroc@orbe.ch
orbe.ch/ma-ville/integration/ciseroc

## 32 ምምሕዳር ከተማ Yverdon-les-Bains

ሃቆጸራ ከይገበርካ ክንክን ቈልዑ እትረኽበሉ ኣብ ክረምቲ ዝውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ

Yverdon-les-Bains
024 423 69 44
integration@yverdon-les-bains.ch
yverdon-les-bains.ch/vie-quotidienne/cohesion-sociale/integration

## 33 ምምሕዳር ከተማ Payerne

ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ቈልዑ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ ዘካተተ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳን ናይ ዘተ ዋዕላታትን።

Payerne
026 662 68 68
helene.lelievre@payerne.ch
payerne.ch/controle-habitants-bureau-etrangers/cours-de-francais

## 34 Commission d’intégration d’Avenches

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

Avenches
026 675 51 21 | 026 676 72 19
integration@commune-avenches.ch
commune-avenches.ch

## 35 ECAP Vaud

ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።

Yverdon-les-Bains, Le Sentier
021 320 13 27
infovd@ecap.ch
ecap.ch/fr

## 36 Français en jeu

ነቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ Vaud ዝምሃሩ ዘለዉ ደቆም ብዝበለጸ መገዲ ንኽርድእዎም ኢሎም ቋንቋ ክምሃሩ ንዝደልዩ ወለዲ ዝውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ እዩ።

Moudon, Lucens
021 552 44 03
Penthalaz
021 552 44 06
Échallens
021 552 44 06
gdv@francaisenjeu.ch
francaisenjeu.ch/cours

## 37 Le pont du savoir

ንስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ብቋንቋ ፈረንሳ ዝግበር ምልውዋጥን ምክፋልን ተሞክሮታት ህይወት ኣተኲሩ ዝተዳለወ ዋዕላታት።

Yverdon-les-Bains
078 661 31 93

## 38 Lire et écrire

ጸገም ንባብን ጽሒፈትን ንዘለዎም ዓበይቲ ዚውሃብ ናይ ንባብን ጽሒፈትን ትምህርታት።
ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ቈልዑ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ

Yverdon-les-Bains, Orbe, Le Sentier, Payerne, Lucens, Moudon
024 426 15 29
nordvaud@lire-et-ecrire.ch
lire-et-ecrire.ch/vaud

39 **Passerelle**
እተን ቈልዑ ዘለወን ደኹና ዘይብለን ኲለን ስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቋንቋ ፈረንሳ ዝለማመዳሉ መቐበሊ ቦታ።
- Le Sentier
- 077 434 77 02 | 078 707 97 01
- passerelle.valleedejoux@gmail.com
- gamvj.wordpress.com

40 **Tisserands du monde**
ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ቈልዑ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ ዘካተተ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።
- Yverdon-les-Bains
- 076 239 71 83
- tisserandsdumonde.ch

41 **Verso**
ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።
- Yverdon-les-Bains
- 024 420 10 45
- info@verso-yverdon.ch
- verso-yverdon.ch

## ዞባ ምዕራብ

42 **Association Bienvenue**
ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ቈልዑ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ ዘካተተ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።
- Crissier
- 079 453 45 79
- a-bienvenue@hotmail.com
- association-bienvenue.com

43 **Association Franc-parler**
ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።
- Renens
- 021 634 69 63
- info@franc-parler.ch
- franc-parler.ch

44 **Association Nouvelles perspectives**
ርትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳን ናይ ዘተ ዋዕላታትን ኲሉ ግዜ ቀጻሚ ዝግበር ዘተታት።
- Morges, Chavannes-près-Renens
- 078 848 67 27
- info@nouvelles-perspectives.ch
- nouvelles-perspectives.ch

45 **CARITAS Vaud**
ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ቈልዑ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ ዘካተተ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።
- Nyon
- 079 621 43 93

- Gland
- 079 621 43 93
- info@caritas-vaud.ch
- caritas-vaud.ch/nos-prestations/formations/cours-de-francais

46 **ምምሕዳር ከተማ Cossonay**
ቆጸራ ከይገበርካ ክንክን ቈልዑ እትረኽበሉ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።
- Cossonay
- 021 863 22 00
- secretariat@cossonay.ch
- cossonay.ch/social-et-sante/cours-de-francais

47 ## ምምሕዳር ከተማ Nyon
ኣብ ኩርናዕ ማይ ዝውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳን ኣብ ክረምቲ ዚውሃብ ናጻ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።
- Nyon
- 079 211 02 74
- integration@nyon.ch
- nyon.ch/integration

48 ## ECAP Vaud
ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ።
- Nyon
- 021 320 13 27
- infovd@ecap.ch
- ecap.ch/fr

49 ## Français en jeu
ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ
- Morges
- 021 552 44 02
- Renens, Prilly
- 021 552 44 04

ነቲ ቈልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ Vaud ዝሓለፍዎ ተሞክሮ ብዝበለጸ መንገዲ ንኸርድእዎም ኢሎም ቋንቋ ክምሃሩ ንዝደልዩ ወለዲ ዚውሃብ ናይ መበእታ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ። መመሓየሺ ትምህርቲ ናይ ጽሑፍ ቋንቋ
- Renens, Écublens
- 021 552 44 04
- ouest@francaisenjeu.ch
- francaisenjeu.ch/cours


50 ## Globlivres
ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ንዝርከቡ ቈልዑ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ ኣመልኪቱ ብቋንቋ ፈረንሳ ዝግበር ምልውዋጥን ምክፋልን ተሞክሮታት ዘተኮረ ዋዕላታት።
- Renens
- 021 635 02 36
- info@globlivres.ch
- globlivres.ch

51 ## Lire et écrire
ጸገማት ንባብን ጽሕፈትን ንዘለዎም ዓበይቲ ዚውሃብ ናይ ንባብን ጽሕፈትን ትምህርታት።
- Prilly, Renens, Écublens
- 021 329 04 48
- Morges, Nyon, Rolle
- 022 366 34 04
- lacote@lire-et-ecrire.ch
- lire-et-ecrire.ch/vaud

52 ## ምምሕዳር ከተማ Rolle
ትምህርታት ፈረንሳይኛ።
- Rolle
- 079 449 70 06
- edith.norwell@bluewin.ch
- rolle.ch

53 ## OSTARA
ዝእለዩ ቈልዑ ንዘለወን ስደተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ኣተኲሩ ዝውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ ከምኡ’ውን ሜላታት ምስትምሃር (መብልሒ ኣእምሮ)
- Renens
- associationostara.ch

# መዘኻኸሪታት






# 3 ስራሕ


3.1 ኲነታት ተበጻሕነት ዕዳጋ ዕዮ 28

3.2 ቅድሚ ምጅማር ስራሕ 30

3.3 ስራሕ ኣሎኒ 33

3.4 ስራሕ ኣብ ዝስእነሉ እዋን 36

# 3.1 ኵነታት ተበጻሕነት ዕዳጋ ዕዮ

## ብሓጺሩ

ፍቓድ መንበሪ ምህላው፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ንኽትሰርሑ ናይ ግድን መሰል ይህበኩም ማለት ኣይኮነን። እቲ ኩነታት ተበጽሓነት ዕዳጋ ዕዮ፡ ብመሰረት ፍቓድ መንበርን መበቆል ሃገርን ይፈላለየ እዩ።

ብምኽንያ ምጽንባር ስድራቤት ፍቓድ መንበሪ ዝተዋህቦ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ዜጋ፡ ኣታዊ ዝርከበሉ ንጥፈታት ከካይድ ይኽእል እዩ።

### Aዜጋታትኤውሮጳዊ ሕብረትን EFTAን

ዜጋታት ኤውሮጳዊ ሕብረት (EU) ከምኡ'ውን ማሕበር ናጻ ንግዲ ኤውሮጳ (EFTA)፡ ናብዚ ሃገር ኣብ ዝኣተውሉ ግዜ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢኦም ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት Contrôle des Habitants ቀልጢፎም ኣብ ዘመልከትሉ እዋን ብመትከል ክሰርሑ ይኽእሉ እዮም።

## ብዛዕባ ዑቑባ ዝምልከት ፍሉይ ኩነታት

ምስ ዑቑባ ዝተኣሳሰረ ገለ ፍቓዳት ዝኣመሰለ ተወሳኺ ፍሉይ ኩነታት ተበጻሕነት ዕዳጋ ዕዮ ዝምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣብ ታሕቲ ትረኽቡ ኢኹም።

### ፍቓድ

ካብ 1 ጥሪ 2019 ጀሚሩ፡ እቶም ፍቓድ F ዝሓዙ ሰባት፡ ጽግዕተኛታት ዝገብሮም ይኹን ዘይገብሮም ኣታዊ ዝርከቦ ንጥፈታት ከካይዱ ከምኡ'ውን ስራሕን ሞያን ክቕይሩ ይኽእሉ እዮም፣ እዚ ንጥፈታት ግን ንመዝነታት መንግስቲ ተሓቢሩ እንተኾይኑ እዩ። ሓጋጊ፡ ንተበጻሕነት ዕዳጋ ዕዮ ዝዕንቅጽ ምምሕዳራዊ ዕንቅፋታት ምውጋድን ብዛዕባ'ቲ ዘካይድዎ ንጥፈታት ብቐሊሉ ብምሕባር ነቲ ዝነበረ ሕጋዊ ፍቓድ ምትካእን ኣገዳሲ ከምዝነበረ ብሓቂ ኣብ ግምቲ ኣእትዩ እዩ።

### ፍቓድ N፡ ንኡስ-መጽሓፍ መመልከቲ ዑቑባ

ዝኾነ ሞያዊ ንጥፈታት፡ ሕጋዊ ፍቓድ ክረክብ የድልዮ እዩ። ካብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ሸቓለት (SDE) ወግዓዊ ዝኾነ እወታዊ ውሳኔ ምስረኸብኩም ጥራይ ክትሰርሑ ትኽእሉ።. እቲ መስርሕ ዑቑባ ዝርከብ ሰብ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ኣብ ኣውራጃ በታ ከምዝውሃቦ ክግበር እዩ (ንፌደራላዊ ማእከል ድማ ለቒቑ ክወጽእ እዩ)፣ ኣታዊ ዘለዎ ንጥፈታት ምክያድ፡ ብመሰረት'ቲ ዘሎ ኩነታት ጥራይ ይከኣል። እቲ ስሩዕ ክፍሊት ደሞዝን ኩነታት ስራሕን ክኽበር ይግባእ፣ ንሓታቲ ዑቑባ ስራሕ ምቑጻር፡ ነቲ ንሰራሕተኛታት ደቂ-ኣንስተዮን ሰራሕተኛታት ከባብን (ስዊዘርላንዳውያን ወይ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝቕመጡ ወጻእተኛታት)

ከምኡ’ውን ዜጋታት ኤውሮጳዊ ሕብረትን ብሕጊ ዝውሃብ ቀዳምነታት ዝጸረር ክኾውን ኣይግባእን።

እዘን ኣውራጃታት፡ ንጥፈታት ሓተትቲ ዑቑባ ኣብ ውሱን ዓውድታት ቊጠባ ጥራይ ከም ዝድረት ክገብራ መሰል ኣለወን።

እዚ ጽምዶ’ዚ፡ ንዘይተወሰነ ግዜ ብዝግበር ውዕል ክካየድ ይከኣል እዩ። እቲ ዝቐረበ መመልከቲ ዑቑባ ተቐባልነት ምስ ዘይርከብ፡ እዚ ጽምዶ ስራሕ’ዚ ከም ዝቋረጽ ክኾውን እዩ።

ኣብ ልዕሊ’ቲ ሓደ ሰብ ዘቕረቦ መመልከቲ ዑቑባ ዝተዋህበ ኣሉታዊ ውሳኔ ኣብ ግብሪ ኣብ ዝወዓለሉ እዋን፡ እቲ ሰብ ኣታዊ ኣብ ዝርከቦ ንጥፈታት ክሳተፍ ወይ ምስታፍ ክቕጽል ሕጋዊ ተኽእሎ ብፍጹም ኣይክህልዎን እዩ። ስራሕ ዝተቖጽረ እንተኾይኑ ድማ በቲ ኮንፈደረሽን ዘቐመጦ ናይ ምውጻእ ገደብ-ግዜ ንሃገር ሓዲጉ ክወጽእ ይግባእ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
1.1 ስራሕ ምስራሕ፡ ትምህርቲ ምምሃር፡ ምስ ኣባል ስድራቤት ምጽንባር

ብመሰረት’ቲ ዘለኩም ፍቓድ መንበሪ ንዘለኩም ኲነታት ተበጻሕነት ዕዳጋ ዕዮ ንኽትፈልጡ፡ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ናይ ኢንተርነት ሊንክ ንዘሎ መምርሒ ሽቕለት ክትወከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ብመሰረት ፍቓድ
መንበሪ ዘለኩም ኲነታት
ተበጻሕነት ዕዳጋ ዕዮ
vd.ch > Thèmes > Population > Intégration des étrangers et prévention du racisme > Publications du BCI

ስራሕ

# 3.2 ቅድሚ ምጅማር ስራሕ

## ስራሕ ምንዳይ

ኣብ ስዊዘርላንድ ስራሕ እትረኽብሉ ሓያለ መገድታት ኣሎ። ኣታዊ ዘለዎ ንጥፈታት ምክያድ፣ እቲ ኣብ መበቆል ሃገርኩም ዝወሰድኩሙዎ ስልጠናን ዘጥረኽሙዎ ሞያዊ ተሞክሮን ኣፍልጦ ከምዝርከብ ዝኣመሰለ ቅድመ-ሕጋዊ ቅጥዕታት መብዛሕቱ ግዜ ይካየዱሉ እዩ።

ኣብ ኣውራጃ Vaud ስራሕ ተናድዩ እንተሊኹም፡ ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም፣

- ኣብ ኢንተርነት ወይ ኣብ ጋዜጣታት ንዝወጸ ዕድላት ስራሕ ኣመልክቱ።
- ወረቐት "ዘይተሓተተ መመልከቲ ፋይል"፡ ናብተን ዘገድሰኩም ኩባንያታት ስደዱ። ኣድራሻታት ኩባንያታት ኣብ swissfirms.ch ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ግዝያዊ ስራሕ ንምርካብ ከም ማእከላይ ኮይኑ ኣብ ዘገልግል ወኪል ምቍጻር ስራሕ ተመዝገቡ (ኣብ መርበብ-ሓበሬታ swissstaffing.ch ተዘርዚሮም ክትረኽብዎም ኢኹም)።

ተወሳኺ ሓበሬታ
5.3 ስለስተ ኣዕኑድ ዘለዎ ስርዓትን መድሕን ሸቐለት ኣልቦነትን

ምኽሪ
ንእትፈልጥዎም ሰባት ንኽትድውልሎም ድማ ዘክሩ፣ 75% ካብቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ስራሕ ዝረኽቡ ሰባት፡ ንማሕበራዊ መርበብ የመስግኑ።

## መመልከቲ ፋይል

ንዝቐረበ ዕድል ስራሕ ንምምልከት፡ መብዛሕቶም ኣስራሕቲ ስዊዘርላንድ፡ ነዚ ዚስዕብ ሰነዳት ዚሓዘ "መመልከቲ ፋይል" ንኽትሰዱ ክሓትኹም እዮም፣

- መእተዊ ደብዳቤ፣
- ታሪኽ ህይወት (CV)፣
- ዳሕ ዲፕሎማታትን ምስክር ወረቓቕቲ ስልጠናን፣
- ዳሕ ምስክር ወረቓቕቲ ስራሕ።

ኣብቲ ዘቐረብክሙዎ ፋይል ግዳሴ ምስዘሕድሩ፡ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ናይ ውልቂ ቃለ-መጠይቓት ከካይድልኩም እዮም።

## ናብዚ ሃገር ምስኣተኹም፡ እትሰርሕሉ ሞያ ምርካብ

ናይ ኣውራጃ ቤት ጽሕፈት Office cantonal d'orientation scolaire et professionnelle (OCOSP ምስ ናይ ዘባ ማእከላት ብምኺን፡ ዕድሚኦምን ዝወሰድዎ ስልጠናን ብዘየገድስ፡ ኣብ ኩሉ ህዝቢ ንዝግበር ሞያዊ ውህደትን ምቍጻር ስራሕን የደንፍዕ። ኣብ ልዕሊ ኣመልከትቲ፡ ገምጋማት የካይድ፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ንዝግበር መስርሕ ምህናጽ ሞያዊ ፕሮጀክት ብዝምልከት ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ሓበሬታን ደገፍን ይህብ።

CENTRES REGIONAUX D'ORIENTATION SCOLAIRE ET PROFESSIONNELLE
vd.ch > Thèmes > Formation > Orientation > Contact et adresses de l'OCOSP et des Centres d'orientation

ኣብ ቀረባ ግዜ ናብዚ ሃገር ንዝመጹ ሰባት ዝውሃብ መምርሒ
vd.ch > Thèmes > Formation > Orientation > Pour les personnes arrivées récemment dans le canton de Vaud

ሞያዊ፡ ኣካዳሚያውን ናይ ዕዮን መመርሒ ዝህብ ፖርታል ሓበሬታ፡ ብዛዕባ ተልሜደን ስራሕ፡ ስሩዕ ስራሕን ስልጠናን ዝምልከት ኩሉ ሓበሬታ ይእክብ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
orientation.ch

## ኣፍልጦ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማታትን ንዓበይቲ ዝውሃብ ሞያዊ ምስክር ወረቐትን (CPA)

ኣብ ስዊዘርላንድ ክትሰርሑ ቅድሚ ምጅማርኩም፡ ኣብ መበቆል ሃገርኩም ዝረኸብክሙዎ ስልጠና ወይ ተሞክሮ ኣፍልጦ ንኽረክብ ስጕምታት ክትወስዱ ከድልየኩም ይኽእል እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ገለ ሞያታት፡ "ክትትል" ይግበረሉ እዩ። እዚ ድማ በዚ ዓይነታት ሞያ ንምስራሕ፡ ብወግዒ ኣፍልጦ ዝተዋህበ መዓርግ (ምስክር ወረቐት) ክህልወኩም ኣለዎ ማለት እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ መዳይ ሕክምና፡ ሞያ ነርስ፡ ትምህርቲ ክትሰርሑ እንተደሊኹም፡ ኣፍልጦ'ቲ ዲፕሎማ ንኽትረኽቡ ግድነታዊ እዩ። ክትትል ዝግብረሉ ሞያታት፡ መስርሕ ኣፍልጦ ንኽካየድ ግድነታዊ እዩ።.

ብ ወጻኢ ሃገር ስለዝተመሃርኩም፡ እቲ ዝረኸብክሙዎ ዲፕሎማ ኣብ ስዊዘርላንድ ኣፍልጦ ዝረክብ እንተኾይኑ ክትፈልጡ ትደልዩ ኣለኹም፡ ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ካብ

እቲ ዘለኩም ዲፕሎማ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ኣፍልጦ ዚረክብ እንተኾይኑ ርኣዩ
sbfi.admin.ch > Formation > Reconnaissance de diplômes étrangers > Reconnaissance et autorités compétentes > Professions réglementées et notes informatives

ኣብ ሞያ CFC ወይ AFP ሓያሎ ዓመታት ሞያዊ ተሞክሮ ዘለዎም ዓበይቲ ሰባት፡ ነቲ ብዓበይቲ ክማላእ ዘለዎ ቅጥዒታት ብቑዓት ብምኽታል፡ ኣብ መዛዘሚ ስልጠና ዝውሃብ መዓርግ ንኽረኽቡ ብኽልተ መገድታት ዕድል ኣለዎም፣

- መዳለዊ ኮርሳት ንኽወስዱ ዕድል ዝህብ ኣብ ምዝዛም ተልመዴን ስራሕ ንዝውሃብ ፈተና ምውሳድ፣
- ወይ ቅድመ ስልጠና ብቑዕ (VAE) ንምኺን ክማላእ ዘለዎ ቅጥዕታት ምኽታል፣ ወይ እዚ፡ ኣብ ጸብጻብ ብቑዓት ናይቲ ዒላማ ዝተገብረሉ ሞያ ንዘድሊ ምስኡ ዝተኣሳሰር ክእለታት ብምስናድ፣ ሓበራውን ውልቃውን ደገፍ ብምጥቃም፡ ንማህደር ፋይልኩም ምድንፋዕ ዘጠቓልል እዩ።

ኣብ ኮርስ ስልጠና ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ዝውድእ ሞያዊ ስልጠና ክውሰድ ይከኣል እዩ።

ንዓበይቲ ዚውሃብ ሞያዊ ምስክር ወረቐትን (CFC: CPA)
Office cantonal d'orientation scolaire et professionnelle (OCOSP)
021 557 88 99
info.cpa@vd.ch
vd.ch/certification-adulte

## ሞያዊ ውህደት

ብዙሓት ማሕበራት፡ ንስደተኛታት ዝኸውን ፕሮጀክትታት ሞያዊ ውህደት ኣማዕቢለን እየን። እዚ ዕድላት’ዚ፡ ስራሕ ወይ ስልጠና ኣብ ምድላይ ክሕግዘኩም ይኽእል። ገለ ካብኦም ድማ ብኣውራጃ Vaud ኣብ እተዳለወ ፖርታ መርሓበ ተዘርዚሩ ኣሎ።

> ማሕበራት ሞያዊ ውህደት
> vaud-bienvenue.ch > Travail

## ወለንታዊ ስራሕ

ወለንታዊ ስራሕ፡ ንዘለኩም ክእለታትን ምስ ሰባት ዘለኩም መርበባትን ንምስፋሕ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዝኽፈሎ ስራሕ ንኽትረኽቡ ከም መንጠሪ ባይታ ክገልግለኩም ይኽእል እዩ። ነቲ ንዓኹም ክብሪ ዘለዎ ዕላማ ኢልኩም ወይ ማሕበር ንኽተቖሙ ኢልኩም ኣብ ሰሙን ውሑድ ሰዓታት ክትውፍዩ እንተደሊኹም፡ ንBénévolat-Vaud ክትከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> Bénévolat-Vaud, Centre de compétences pour la vie associative
> Avenue Ruchonnet 1 | 1003 Lausanne
> 021 313 24 00
> info@benevolat-vaud.ch
> benevolat-vaud.ch
>
> 10 መዘናግዕን ማሕበራዊ ህይወትን

## መገዲ መድሕን ሸቐለት-ኣልቦነት ኣቢሉ ዝውሃብ ስጕምታት ማሕበራዊ ውህደት

ስጕምታት ማሕበራዊ ውህደት፡ ኣብ ትሕቲ ገለ ኩነታት፡ ነቶም ኣብ ዞባኦም ኣብ ዝርከብ ዞባዊ ማእከል ሸቐለት (ORP) ዝተመዝገቡን መሰል መድሕን ሸቐለት-ኣልቦነት ዘለዎምን ሰባት ይውሰድ እዩ።

## ምድላውን ምምዕባልን ዋኒን (ቢዝነስ)

ኣውራጃ Vaud፡ ንምድላውን ምምዕባልን ዋኒናት ምቹእ ዝኾነ ባይታ ስራሕ ኣለዋ። Service de la Promotion de l’Economie et de l’Innovation (SPEI)፡ ሰብ-ዋኒን ኣብ ዝገብርዎ ጻዕርታት መምርሒ ይህብዎምን ብመሰረት ዘድልዮም ነገራት (ምኽሪ፡ ፋይናንስ፡ ተክኖሎጂያዊ ደገፍ፡ ወዘተ) ድማ ናብ ዝምልከተን ትካላት የመሓላልፍዎምን። ነተን ኣብ ጽላታት ኢንዱስትርን ልዑል-ቴክኖሎጂን ንጡፋት ዝኾና ኩባንያታት ድማ ደገፍ ይውሃብ እዩ።

> SERVICE DE LA PROMOTION DE L’ECONOMIE ET DE L’INNOVATION (SPEI)
> Rue Caroline 11
> 1014 Lausanne
> 021 316 60 21
> info.spei@vd.ch

ናይ Vaud ቤት ምኽሪ ንግድን ኢንዱስትርን (CVCI)፡ ኣብ ምድላው ዋኒን ዘተኮረ ኣገልግሎት ምኽሪ ይህብ እዩ።

> CHAMBRE VAUDOISE DU COMMERCE ET DE L’INDUSTRIE (CVCI)
> 021 613 35 35
> creation@cvci.ch
> cvci.ch Services > Entreprendre en pratique > Création d’entreprise

## መፍትሒ ምእላይ ቈልዑ ምርካብ

ወላዲ፡ ስራሕ ኣብ ዝደልይሉ እዋን፡ መፍትሒ ምእላይ ቈልዑ ንኽረክብ ኣገዳሲ እዩ።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> 7.1 ቀዳማይ ትምህርቲ

# 3.3 ስራሕ ኣሎኒ

## ብሓጺሩ

ሞያዊ ንጥፈታት፡ መሰላትን ግቡኣትን ኣለዎ። ኩነታት ስራሕ፡ ግዴታት ግብርን ሓበራዊ ስምምዕ ዕዮን፡ ኣብ ፈለማ እዋን ዘተሓላለኹ ክኾውን ይኽእል እዩ። ከም'ቲ ንዓኹም ዝመስለኩም ዘይኮነስ ንኽትርድእዎ ብሓቂ ኣዝዩ ቀሊል ስለዝኾነ፡ ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ዝርዝራት ናይቲ እትደልይዎ ዘለኹም ሓበሬታ፡ ኣብዚ ትረኽቡ ኢኹም።

## ውዕል ስራሕ

ስራሕ እትቖጽር ትካል፡ ንዓኹም ንኽትቖጽረኹም ምስ እትውስን፡ ኣብ ውዕል ስራሕ ከም እትፍርሙ ትገብር። እቲ ውዕል ስራሕ ብኣፍ ክውዳእ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ልምዲ፡ እቲ ውዕል ብጽሑፍ ንኽፍጸም እዩ። ኣብዚ ኩሉ ጕዳያት፣ እቲ ኩነታት ስራሕ (ንውሓት ግዜ ውዕል፡ ግዜ ስራሕ፡ ብዝሒ ዓመታዊ ደሞዝ፡ ክስራሕ ዘለዎ ዓይነት ስራሕ፡ ንማሕበራዊ ጕዳያት ተባሂሉ ዝጐድል ገንዘብ፡ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ በዓላት፡ ናይ ፈተነ ግዜን ናይ ምልክታ ግዜን፡ ወዘተ)፡ ሞያዊ ስራሕ ቅድሚ ምጅማርኩም ክትዘራረብሉ ይግባእ።

## ደሞዝ

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ እቲ ደረጃ መጠን ደሞዝ፡ ኣብ ጽላት ስራሕን ዞባን ምርኩስ ብግባር ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ። ብውልቂ ወይ ብሓባር ዝርርብ ክካየደሉ ይከኣል እዩ። ሕጊ ስዊዘርላንድ፡ ክውሃብ ንዘለዎ ዝተሓተ መሃያ ኣይህብን ኣዩ፣ እቲ ዓቐን ደሞዝ፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብ መንጎ ኣስራሕን ሰራሕተኛን ኣብ እዋን ምቁጻር ስራሕ ኣብ ስምምዕ ዝብጻሕ እዩ።

ገለ ሓበራዊ ስምምዓት ስራሕን ስሩዕ ውዕላት ስራሕን፡ ኣብ ገለ ምድብ ናይ ሞያታት፡ ግዱድ ዝኾነ ዝተሓተ መሃያ ከም ዝውሃብ ይገብር እዩ። ደሞዝ፡ ብስምምዕ ኣስራሕን ሰራሕተኛን ይኸውን። እዚ ድማ ንብዙሕ ረቛሓታት (ተሞክሮ፡ ትምህርታዊ ብቕዓት፡ ዞባ፡ ወዘተ) ምርኩስ ዝገበረ እዩ። ዓቐን ደሞዝ፡ ወርሓዊ ወይ ብሰዓት ዝውሃብ ቀዋሚ እዩ። ደሞዝ፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ፡ ኣስራሒ ናብ ሕሳብ ባንክኹም ወይ ሕሳብ ፖስታኹም ዝኸፍሎ እዩ። ደሞዝኩም፡ ናብ ዘለኩም ሕሳብ ይኽፈል ከምዘሎ ከተረጋግጹ ኣገዳሲ እዩ። ሰራሕተኛታት፡ ብመትከል፡ መግለጺ (ጸብጻብ) ወርሓዊ ደሞዝ ይውሃቦም እዩ።

ሰራሕተኛታት፡ ኣስራሒ ኣብ ዝጥዕም ግዜ ንደሞዞም ንኸኽፍል ወግዓዊ ምልክታ ክህቡ፣ ነቲ ዝተሰማምዕሉ ስራሕ ኣቐዲሞም ኣካይዶም ከለዉ፡ ደሞዝ ኣብቲ ዝተባህለሉ ግዜ ምስ ይውሃቦም፡ ነቲ ዝሰርሕዎ ሞያዊ ስራሕ ጠጠው ከብሉ ምኺኖም ከፈራርሁ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ውዕል ስራሕ ብግልጺ ኣብ ስምምዕ ዝተበጽሐ እንተኾይኑ ወይ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ሓበራዊ ስምምዕ ስራሕ ወይ ስሩዕ ውዕል ስራሕ ዝተዋህበ እንተኾይኑ ጥራይ፡ መበል 13 ደሞዝ ክውሃበኩም ይከኣል።

ነቶም ኣብ ለይቲ፡ ሰንበት ወይ ህዝባዊ በዓላት ብግዝያዊ መልክዕ ንዝሰርሕዎ ስራሕ ድማ ብሓፈሻ ፍሉይ ክፍሊት ደሞዝ ይውሃቡ። ናይ

ስደቲ ወይ ሰንበት ስራሕ ከም ስሩዕ ስራሕ ዝውሰድ እንተኾይኑ፡ ኣይትኽፈሉን ኢኹም። ነቲ ዘለኩም ሞያ ብዛዕባ እትኽፈልዎ ደሞዝ ዝምልከት ሓበሬታ ንኽትረኽቡ፡ መቐመሪ ደሞዝ ኣለኩም፣ ገለ ካብኡ ድማ ኣብ ታሕቲ ኣብ እትርከብ ሊንክ ተዘርዚሩ ኣሎ።

> መቐመሪታት ደሞዝ ርኸቡ
> orientation.ch > Travail et emploi > salaire

ኣስራሒ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት መሃያ ኣብ መንጎ ደቂ-ኣስንትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ንዘሎ መትከል ማዕርነት ከኽብር ይግባእ። Bureau de l'Egalité entre les Femmes et les Hommes (ቤት ጽሕፈት ማዕርነት ጾታ)፡ ኣብ ናይ ስራሕ ዝምድናታት ኣድልዎ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ብኸመይ ክተሓዝ ከምዘለዎ ክሕብረኩም እዩ።

> BUREAU DE L'ÉGALITÉ ENTRE LES FEMMES ET LES HOMMES
> Rue Caroline 11
> 1014 Lausanne
> 021 316 61 24
> info.befh@vd.ch

## ንማሕበራዊ ኣገልግሎት ተባሂሉ ዝቖረጽ ገንዘብ

እቲ ኣብ ውዕል ስራሕ ዝሰፈረ ቀዋሚ መሃያ፡ ጠቕላላ ገንዘብ እዩ። ንማሕበራዊ ኣገልግሎት ተባሂሉ ዝቖርጸ ገንዘብ፡ ኣብ መንጎ ኩባንያን ሰራሕተኛን ብማዕረ ዝምቀል እዩ። እዚ፡ መድሕን ሽማግለታትን ግድያትን (AVS)፡ መድሕን ስንክልና (AI)፡ ኣበል ክስራታት (APG)፡ መድሕን ሸቕለት-ኣልቦነት (AC)፡ ብኣውራጃ ንስድራቤታት ዝውሃብ ተወሳኺ ሓገዛት (PCFam) ከምኡ'ውን ካብ ቦታ ስራሕ ወጻኢ ንዘጋጥም ሓደጋ ዝእቶ መድሕን (AANP) ዘጠቓልል ኮይኑ፡ እቲ ክፍሊት ምሉእ ብምሉእ ብኩባንያ ይኽፈል።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> 5.3 ሰለስተ ኣዕኑድ ዘለዎ ስርዓትን መድሕን ሸቕለት-ኣልቦነትን

## ግዜ ስራሕ

ደሞዝ ዝውሃቦ ስራሕ፡ ምስቲ ሰራሕተኛ ዓስቡ ዝኽፈሎ ቀዋሚ ናይ ስራሕ ግዜ ዝተኣሳሰር እዩ። ሕገ ስዊዘርላንድ፡ እቲ ክስራሕ ዝኽእል ዝለዓለ ሰዓታት ስራሕ ኣብዚ ኣስፊርዎ ኣሎ፣

- ኣብ ዋኒን ኢንዱስትሪ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት፡ ሰራሕተኛታት ቴክኒክን ኣብ ዓበይቲ ሰንሰለታውያን ድኳናት መሸጣ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት መሸጣን፡ ኣብ ሰሙን 45 ሰዓታት ይሰርሑ።
- ንኻልኦት ሰራሕተኛታት ድማ ኣብ ሰሙን 50 ሰዓታት እዩ።

## ስድራቤት

**ኣደነት**

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ሓያለ ሕግታት፡ ንነፍሰ-ጾር ዝኾና ሰራሕተኛታት፡ ዝሓረሳ ሰራሕተኛታትን ዘጥቡዋ ሰራሕተኛታትን ንዝውሃብ መሰላት ዝከታተል እዩ። እዚኦም ድማ ንኣብነት፣ ንነፍሰ-ጾር ጓለንስተይቲ ዝምልከት ኩነታት ስራሕን ንቡር ንውሓት ናይ ስራሕ መዓልትን፣ ኣብ እዋን ጥንስን ድሕሪ ሕርሲ ድማ ክሳዕ ዓሰርተው ሽድሽተ ሰምንታት ኣብ ዘሎ ግዜን ካብ ስራሕ ንኽይትባረር ዝገብር ሓለዋ፣ ድሕሪ ሕርሲ ንሸሞንተ ሰምንታት ከም ዘይትሰርሕ ምግባር፣ ዕረፍቲ ኣደነት፡ ኣብ እዋን ስራሕ ንህጻና ጡብ ክተጥቡው መሰላ ንዝኾነ ግዜ ምሃብ፡ ወዘተ ዘጠቓልል እዩ።

**ኣቦነት**

እቶም ኣቦታት ዝኾኑ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ካብ 1 ጥሪ 2021 ጀሚሩ፡ ዕረፍቲ ኣቦነት፡ ዓሰርተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክወስዱ መሰል ኣለዎም።

> ኣደነት – ሓለዋ ደቂ-ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት፡SECO
> seco.admin.ch > Services et publications > Publications > Travail > Conditions de travail > Brochures et dépliants

መደብ ናይ ስራሕ ግዜን
ኣደነትን፡ SECO
seco.admin.ch > Services et publications > Publications > Travail > Conditions de travail > Aide-mémoires et listes de contrôle.

## ኣበል ስድራቤት

ኣበል ስድራቤት፡ ወለዲ፡ ንደቆም ንኽኣልዩ ንዘውጽእዎ ገለ ወጻኢታት ንምሽፋን ዝዓለመ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
5.4 ምስ ኣደነትን ቆልዑን ዚተኣሳሰር መድሕን

## ምስ ኣስራሒየይ ጸገም ኣጋጢሙኒ ስለዘሎ፡ እንታይ ኽገብር ይግብኣኒ፧

“ማሕበራት” ተባሂለን ዝጽውዓ ብዙሓት ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ብዛዕባ ስራሕ ዝምልከት ሓበሬታ ክህባኹም ከምኡ’ውን/ወይ ምስ ኣስራሒኹም ግጭት ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን ደገፍ ክህባኹም ድሉዋት እየን።

ተወሳኺ ሓበሬታ
usv-vaud.ch

ገለ ካብኡ፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት UNIA፡ ኣብ መሰላት ናይቶም ድሕረ-ባይታ ስደት ዘለዎም ሰባት ብፍሉይ ኣተኩሩ ዝዓዩ እዩ። ኣብ መላእ ግዝኣት Vaud ዝተዘርግሓ ሓያሎ ጨንፈራት ኣዎ።

ብዛዕባ UNIA ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ
Place de la Riponne 4
1005 Lausanne
0848 606 606
vaud@unia.ch
vaud.unia.ch

## ይእዉጅ ስራሕ

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ “ብጸለማት ዝስራሕ ስራሕ” ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘይተዋህቦ ስራሕ ምስራሕ ዘይሕጋዊ እዩ። ሓደ ካብቲ ዝተሓበረ ወይ ፍቓድ ዝተዋህቦ ስራሕ፡ ንማሕበራዊ መድሕን፡ መሰላት ወጻእተኛታት ወይ ሕጊ ግብሪ ዘየኽብር እንተኾይኑ፡ ብዛዕባ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘይተዋህቦ ስራሕ ንዛረብ ኣሎና ማለት እዩ።

ሓደ ሰብ ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ኣብ ዝሰርሓሉ ግዜ፡ ደሞዝ ወይ ዋሕስ ስራሕ ንኽረክብ ውሕስነት የብሉን። ሽሕ እኳ ኣብ ጽቡቕ ፍቓድ ኩባንያ ብዓቢ ደረጃ ዝሙርኮስ እንተኾነ፡ ብዛዕባሉ ንኽሓቱ መሰል ኣለዎም። እቲ ብኣፍ ዝግበር ውዕል ስራሕ፡ ብመሰረት ናይ ከባቢ ግምራኽን ሞያን ደሞዝ ናይ ምርካብ መሰል፡ ዝኸፈሎ ዕረፍቲ ናይ ምርካብ መሰል፡ ሓደጋ ወይ ሕማም ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ብመሰረት’ቲ ዝተዋህበ ናይ ምልክታ ግዜ፡ ብቐጻሊ ዝኽፈል ደሞዝ ንዝኣመሰለ ዝተሓተ ኩነታት ስራሕ ውሕስነት ዚህብ እዩ።

ሕጋዊ ኣፍልጦ ንዘይተዋህበ ስራሕ ብዝምልከት፡ ሰራሕተኛ፡ ምስ ኣስራሒ ዘተ ንኽካየድ ክሓትት ይኽእል እዩ። ኣብ ዘይተዓወተሉ እዋን፡ ሕቶ ይግባይ ናብ ማሕበር ሰራሕተኛታት (ፍቓድ መንበሪ ንዘይብሎም ሰራሕተኛታት የጠቓልል) ወይ ናብ ቤት ፍርዲ ዕዮ ክቐርብ ይኽእል እዩ። ሕጋዊ ኣፍልጦ ንዘይተዋህበ ስራሕ ብዝምልከት፡ ኩባንያ፡ ብዝምልከቶም መዝታት ፍቓድ ዘለዎ ክትከውን ኣለዋ።

## ግብርታት


ኣብ ኣውራጃ Vaud ዝቕመጥ ወይ ምንጪ ኣታዊ ዘለዎ ሰብ፡ ምስቲ ዝረኽቦ ደሞዝን ረብሓታትን ዝመጣጠን ግብሪ ንኽኸፍል ግዴታ ኣለዎ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
5.7 ካልእ መድሕናትን ግብርታትን

# 3.4 ስራሕ ኣብ ዝስእነሉ እዋን

ስራሕ ምስኣን፡ ከጋጥመኩም ዝኽእል ኲነታት እዩ። ከም Offices Régionaux de Placement (ዞባውያን ኣብያተ-ጽሕፈት ሸቐለት – ORP) ዝኣመሰላ ትካላት፡ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ንእትገብርዎ ማሕበራዊ ውህደት ብፍሉይ ንኸሳልጥ ክሕግዛኹም ይኽእላ እየን። ባዕልኹም እትውንንዎ ስራሕ ክህልወኩም መደብ እንተልዩኩም፡ Service de la Promotion de l'Economie et de l'Innovation (SPEI)፡ ብዛዕባኡ ምኽሪ ክህብኹም ይኽእሉ እዮም።

ተወሳኺ ሓበሬታ
3.2 ቀድሚ ምጅማር ስራሕ



## መድሕን ሽቕለት-ኣልቦነት

ስራሕ ኣብ እትስእንሉ እዋን፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም (ዝነበረኩም ውዕል ስራሕ ዘብቅዓሉ ዕለት ትፈልጥዎ እንተኼንኩም፡ እንተወሓደ ቅድሚ ሓደ ወርሒ) ኣብ ከባቢኹም ንዝርከብ Offices Régionaux de Placement (ORP) ክትሕብሩ ኣገዲሲ እዩ። ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ኣቲኹም ምውህሃድ ንኽትገብሩ ካብ ዝሕግዝን ካብ መድሕን ሽቕለት-ኣልቦነት ድማ ፋይናንሳዊ ሓገዛት ንኽትቕበሉ ከም እትምዘገቡ ካብ ዝገብርን ክኢላ ደገፍ ንኽትረኽቡ የኽእለኩም።

ምስ Coordination des ORP Direction générale de l’emploi et du marché du travail (DGEM): Offices Régionaux de Placement (ORP) ምትእስሳር ብምፍጣር፡ ብመገዲ ኣውራጃ Vaud ከም ዝዝርጋሕ ይኸውን።

LES OFFICES RÉGIONAUX DE PLACEMENT
vd.ch > Thèmes > Économie > Demandeurs d’emploi

ተወሳኺ ሓበሬታ
3.2 ስራሕ ቅድሚ ምጅማር

### 01 ORP Aigle
Rue de la Zima 4
Case postale 187 | 1860 Aigle
024 557 77 40
orp.aigle@vd.ch

### 02 ORP Échallens
Place du Château 10 B
Case postale 231 | 1040 Échallens
021 557 18 90
orp.echallens@vd.ch

### 03 ORP Lausanne
Place Chauderon 9, 3ይ ደርቢ
Case postale 5032 | 1002 Lausanne
021 315 78 99
orp@lausanne.ch

### 04 ORP Morges
Avenue de la Gottaz 30
Case postale 2056 | 1110 Morges
021 557 92 00
orp.morges@vd.ch

### 05 ORP Gland
Avenue du Mont-Blanc 24
1196 Gland
022 557 53 60
orp.gland@vd.ch

### 06 ORP Ouest Lausannois, Prilly
Route de Renens 24
1008 Prilly
021 557 04 50
orp.orpol@vd.ch

### 07 ORP Payerne
Rue de Guillermaux 1
1530 Payerne
026 557 31 30
orp.payerne@vd.ch

### 08 ORP Pully
Avenue Charles-Ferdinand-Ramuz 43
Case postale 240 | 1009 Pully
021 557 19 10
orp.pully@vd.ch

### 09 ORP Riviera, Vevey
Quai de Copet 1
1800 Vevey
021 557 15 00
orp.riviera@vd.ch

### 10 ORP Yverdon-les-Bains
Rue des Pêcheurs 8A
1400 Yverdon-les-Bains
024 557 69 00
orp.yverdon@vd.ch

### 11 ORP Orbe
Rue des Remparts 23
Case postale 165 | 1350 Orbe
024 557 79 70
orp.orbe@vd.ch

# መዘኻኸሪታት



# 4 መንበሪ ገዛ


4.1 መንበሪ ገዛ ምርካብ 40

4.2 ደገፍ 43

4.3 ምውግጋን ጐሓፍ 46

4.4 ንምግቢ ዝምልከት መምርሒታት ናይ ከባቢ ዝምድናታት 47

# 4.1 መንበሪ ገዛ ምርካብ



## ኣብ ኣውራጃ VAUD ዘሎ መንበሪ ኣባይቲ

መንበሪ ገዛ ኣብ ኣውራጃ Vaud ንኽትረክብ ግዜ ክወስድ ይኽእል፣ ብሰንኪ ኣጨናቒ ኩነታት ዕዳጋ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ድማ ከም ዝከብድ ይገብሮ። ካብ'ቲ ኣብ ከባቢ ከተማ ዘሎ ቦታታት ንላዕሊ ኣብ ውሽጢ ከተማ ዝርከብ ክራይ ስለዝኸብር፡ ኣብ ወሰናስን ከተማ ንዝርከብ መንበሪ ገዛ ከተናድዩ ከም እትኽእሉ ክትፈልጡ ይግባእ። ወሰናስን ከተማታት፡ ብሉጽ ህዝባዊ መጓዓዝያ ዝውሃበሉ ቦታታት እዩ።

ብመንገዲ ወኪል ምልውዋጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (“régie” ወይ “gérance” ተባሂሉ ይጽዋዕ) ኣቢልካ ኣፓርትማ ወይ ገዛ ምክራይ፡ እቲ ግኑን ነገር እዩ። መዋዕውዒታት መንበሪ ገዛ፡ ኣብ ኦንላይን ወይ ኣብ መርበባት-ሓበሬታ ወኪላት ትረኽቡ ኢኹም።

ኣብ መንበሪ ገዛ ትግደሱ እንተኾንኩም፡ ብኣካል ከይድኩም ነቲ ቦታ ክትበጽሕዎ ኣለኩም። ንዓኹም ዝሰማማዕ እንተኾይኑ ድማ መመልከቲ ሰነድ ናብ ወኪል ምልውዋጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ኣፓርትማ ንዘርእየኩም ኣካራዪ ወይ ወኪል ምልውዋጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት እትውከስሉ መገዲ፡ ኣብ ናይ ኦንላይን መዋዕውዒ ትረኽቡ ኢኹም። ንመንበሪ-ገዛ ብኣካል ምብጻሕ፡ ነቲ መንበሪ-ገዛ ንኽትረኽብዎ ውሕስነት ከም ዘይህብ ክግንዘብ ይግባእ።

ምኽሪ
ኣብ ከባቢኹም ምስ ዘለዉ ሰባት ተዘራረቡን ማሕበራዊ መርበባት ተጠቐሙን

### መጠንቀቕታ

ኣብ ክራይ ኣፓርትማታት ዝግበር ምጥፍፋእ ገኒኑ ዝርኤ እዩ። ኣዝዩ ሰሓቢ ወይ ንዓኹም ዘይንቡር ኮይኑ ዝስምዓኩም መመልከቲ ንኸተቕርቡ ኩነታት ምስ ዝፍጠረልኩም፡ ነቲ ዝተዋህበኩም ዕድል ብጥንቃቐ ርኣይዎ። ብዛዕባ ኣብ ክራይ ኣፓርትማታት ዝግበር ምጥፍፋእ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንመርበብ-ሓበሬታ ፖሊስ ኣውራጃ Vaud ከፊትኩም ርኣዩ፥

votrepolice.ch > Criminalité > Arnaque à la location d’appartements

## መመልከቲ ናብ ወኪል ምልውዋጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ምቕራብ

ብኣካል ድሕሪ ምብጻሕ፡ ነቲ መንበሪ ገዛ እንተፈቲኹሙዎ፡ ናብ ወኪል ምልውዋጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብምኻድ፡ ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት ዝሕዝ መመልከቲ ከተቐርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

- ቀጥዒ ሓበሬታ ወኪል።
- ቀዳሕ ሰነድ መንነት ከምኡ'ውን/ወይ ፍቓድ መንበሪ።
- ቀዳሕ ኣብ ዝሓለፈ 3 ኣዋርሕ ዝተኸፈኽሙዎ መኸፈሊ ደሞዝ።
- ካብ Office des Poursuites ዝተዋህበ እዋናዊ ወረቐት

**OFFICES DES POURSUITES**
vd.ch > Autorités > Ordre judiciaire vaudois > Offices des poursuites

- ወረቓቕቲ ምስክር መድሕን ስድራቤትን ሲቪካዊ ሓላፍነትን (ግድነታዊ እኳ እንተዘይኮነ፡ ክሕተት ይኽእል እዩ)።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
5.6 ምስ መንበሪ-ገዛ ዚተኣሳሰር መድሕናት

- ነዚ ኩሉ ኩነታት ዘይተማልኡ እንተኼንኩም፡ ንዓኹም ዋሕስ ዝኾነኩም ንእትፈልጥዎ ሰብ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ዝኾነ ሕቶታት እንተልዩኩም፡ ንወኪል ምልውዋጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብቐጥታ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ውዕል ክራይን ውሕስነት ክራይን

መንበሪ ገዛ ድሕሪ ምርካብ፡ ኣብ መንጎ ተኻራዪን ወኪል ምልውዋጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን፡ ውዕል ክራይ ክፍረም እዩ። መብዛሕቱ ግዜ፡ ናይ ክልተ ወይ 3 ኣዋርሕ ክራይ ዝኸውን ዋሕስ ክራይ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ክትከፍል ልሙድ ነገር እዩ።

ኣብ ዘለኩም ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ምርኩስ ዝገበረ ክልተ ዕድላት ኣለኩም፧

- ውዕል ክራይን ሰነድ መንነትን ሒዝኩም ናብ ባንኪ ምኻድ፡ "ውሕስነት ክራይ" ሕሳብ ባንኪ ብስምኩም
- ክፈቱ። ነቲ ዝተሓተ ዓቐን ገንዘብ ከም ትሕጃ ከተቐርቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ድማ እቲ ውዕል ክራይ ክሳዕ ዚውዳእ ከም ዝተሓዝ ክኸውን እዩ። ዋሕስ ዝኾነኩም ንስኹም እትፈልጥዎ ሰብ ወይ ናይ ዋሕስ ኩባንያ ተጠቐሙ። እቲ ዓቐን ውሕስነት ክራይ፡ ናብ ዝመረጽኩሙዎ ናይ ዋሕስ ኩባንያ ከም ዝኸፈል ክኸውን እዩ። ከም ኣምሳያኡ ድማ ብገምጋም 5% ካብ'ቲ ሰለስተ ዕጽፊ ናይቲ ወርሓዊ ክፍሊት ክራይ ዚኾነ ዓመታዊ ክፍሊት ክትከፍሉ ክትግደዱ ኢኹም።

## ቍጽጽር ንብረት፡ ክራይን ክፍሊት ኣገልግሎትን

ቍጽጽር ንብረት ኣብ ዝተገብረሉ ናብቲ ኣፓርትማ ኣብ እትኣትውሉ እዋን፡ በቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ተኻራያይ ዝተፈጸመ ኩሉ ዕንወት ከምዝገብርን ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ እቲ ዘድሊ ጽገናት ንኽካየድ ክሕተትን ኣለዎ። እቲ ክራይ መንበሪ ገዛ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ናይቲ ዝመጽእ ወርሒ ይኽፈል። ኣብ ፋክቱር ክራይ ድማ ምስ ክራይ ንዝኽፈል ክፍሊታት (መውዓዪ፡ ጽገና) ከምኡውን ንክፍሊታት ኣገልግሎት (ኤለትሪክ፡ ማይ) ዚሓዘ ተወሳኺ ክፍሊታት ተረኽብዎ ኢኹም። ገለ ክራይ፡ ንክፍሊታት ኣገልግሎታት ዘጠቓልል እዩ። ድሕሪ'ዚ፡ ዕርቡን ትኸፍሉ። ወናኒ ገዛ፡ ዝርዝር መግለጺ ዚሓዘ ሰነድ እንተወሓደ ኣብ ሓደ ዓመት ክዳሉ ግዴታ ኣለዎ፣ ኣብቲ ዘለኩም ወጻኢታት ምርኩስ ብምግባር፡ እቲ ገንዘብ ክምለሰልኩም እዩ ወይ ኣብ መወዳእታ ዓመት ድማ ተወሳኺ ክፍሊት ንኽትከፍሉ ክትሕተቱ ኢኹም። ልክዕ ከምቲ ካልእ ፋክቱራት፡ መግለጺታት ናይቲ ዝኸፈል ክፍሊታት ብጥንቃቐ ክምርመር ይግባእ።

## ቅጥዒታት ቀረጽ

ንብረትኩም (ኣቑሑ ገዛ፡ ማኪና፡ ወዘተ) ካብ ወጻኢ ሃገር ከተምጽኡ መታን ክትክእሉ፡ ናብራኹም ናብ ስዊዘርላንድ ከተሰጋግርዎ ይግባእ። ኣብ እትግዕዝሉ እዋን፡ ንቤት ጽሕፈት ግምሩክ ከተቖርቡ ይግባእ፡

- ከም መረጋገጺ ዝኸውን ውዕል ክራይ ወይ ውዕል ስራሕ።
- ቅጥዒ ቀረጽ 18.44 "ስድራቤታዊ ንብረት ዝቕረጸሉ መስርሕ ቀረጽ"። ምስዚ ሕጋዊ መስርሓት ዝተኣሳሰር ወጻኢታት፡ ካብ እትኸፍልዎ ግብሪ ከምዝጐድል ክግበር ይከኣል እዩ።

ADMINISTRATION FÉDÉRALE
DES DOUANES
ezv.admin.ch

## ኣብ ምምሕዳር ከተማኹም ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት CONTRÔLE DES HABITANTS ዝግበር ምዝገባ

ካብ ዝግዓዝክሙሉ ግዜ፡ ኣብ ውሽጢ 8 መዓልታት፡ ኣብ ምምሕዳር ከተማኹም ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት Contrôle des Habitants ክትምዝገቡ ይግባእ።

ASSOCIATION VAUDOISE DES
CONTRÔLES DES HABITANTS ET
BUREAUX DES ÉTRANGERS
avdch.ch > Communes

ኣብ ባንኮ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት፡ ንዓኹም ክቐበልኹም እዮም፣ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ብዛዕባ እትጣየስዎ ቦታ (ፍቓድ መንበሪ፡ ቤት ትምህርቲ፡ ክንክን ጥዕና፡ ማእከል ምእካብ ጐሓፍ) ዝምልከት ንዘለኩም ሕቶታት ክምልስልኩም ሕጕሳት እዮም። ክህልወኩም ዝኽእል ሕቶታት ንኽትሓቱ ኣይትሰከፉ።

## ንውዕል ክራይኩም ኣቋርጹ

እቲ ውዕል ክራይ፡ ብተኻራያይን ብኣካራያይን ክቋረጽ ይከኣል እዩ። እቲ ክሕሎ ዘለዎ ገደብ-ግዜ፡ ኣብ ውዕል ክራይ ይሰፍር እዩ። ንመንበሪ ገዛኦም ለቒቖም ክወጹ ዝደልዩ ተኻረይቲ፡ ኣብቲ ዝተሰማምዕሉ ገደብ-ግዜ ነቲ ውዕል ክራይ ብጽሑፍን ኣብ እተመዝገበ ደብዳቤ ብምስዳድን ከቋርጽዎ ይግባእ።

ዝተመርዓኹም እንተዄንኩም ወይ ምዝጉብ ሽርክነት እንተሊኹም፡ ኣብቲ መንበሪ ገዛ ትቕመጡ ዘለኹም ክልቲኹም ዝፈረምኩም ምስእትኾኑ ጥራይ፡ እቲ ምቁራጽ ውዕል ተቐባልነት ይህልዎ። ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ መንበሪ-ገዛ ዚምልከት ምልክታ፡ ናይ 3 ኣዋርሕ እዩ። እቲ ምቁራጽ ውዕል፡ ገደብ-ግዜ ቅድሚ ምዝዛሙ (እንተወሓደ፡ እቲ ምቑራጽ ውዕል ቅድሚ ዝጅምረሉ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ) ናብ ኣካራዪ ብግቡእ ክበጽሕ ይግባእ። እቲ ናይ ምልክታ ግዜ፡ መብዛሕቱ እዋን ኣብ ውዕል ክራይ ይሕበር እዩ፣ ከምኡ እንተዘይተገደፈ፡ እቲ ብኣውራጃ ዝውሃብ ሕጋዊ ገደብ-ግዜ ክኽበር ይግባእ።

እቲ ውዕል ክሳዕ ዝዛዘም ንዘሎ ግዜ ክራይ ከይከፈልኩም፡ ካብቲ ኣብ ውዕል ተዋሂቡ ዘሎ ገደብ-ግዜ ወጻኢ ንመንበሪ-ገዛ ለቒቕኩም ክትወጹ እንተመዲብኩም፡ ኣካራዪ ምኽንያታዊ ዝኾነ ኣብያ መታን ከይገብር ካልእ ተኻራያይ ከተምጽኡ ይግባእ፣ እቲ ተኻራያይ ድማ ክኸፍል ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ ኮይኑ፡ በቲ ዘሎ ኩነታት ድማ ነቲ ውዕል ክራይ ክቕበል ፍቓደኛ ዝኾነ ክኸውን ይግባእ። እቲ ዝመጽእ ተኻራያይ፡ ንኹነታት ውዕል ክራይ ዘማልእ እንተኾይኑን ነቲ ክራይ ድማ ክኸፍል ዓቕሚ ዘለዎ እንተኾይኑን ንኸምርምር፡ ኣካራያይ፡ ናይ 30 መዓልታት ግዜ ኣለዎ።

# 4.2 ደገፍ

## ደገፍ መንበሪ ኣባይቲ

ብሰንኪ ፋይናንሳዊ ወይ ማሕበራዊ ምኽንያታት፡ ርጉእ መንበሪ-ገዛ ኣብ ምርካብ ከምኡ'ውን/ ወይ ኣብ ምሓዝ ጸገማት እንተልዩኩም፡ ካብቲ ዝህብዎ ሓገዝ መታን ክትርብሑ፡ ናብ Le Relais et Rel'og ደውሉ። እቲ ዝህብዎ ኩሉ ኣገልግሎታት፡ ምሉእ ብምሉእ ናጻ እዩ፣ ንዘድልዮም ኩሎም ሰባት ድማ ክፉት እዩ።

**Fondation Le Relais**
Permanences Morges
Grand-Rue 82
1110 Morges
021 804 88 11
info@relais.ch
relais.ch > Prestations > Se loger

**Rel'og**
ምዕራብ ላዩዘይን lausannois
Avenue de la Poste 3
1020 Renens
021 923 35 38
relog.renens@relais.ch

Vevey
Rue de Lausanne 17
1800 Vevey
021 923 09 20
relog.vevey@relais.ch

Yverdon-les-Bains
Avenue Haldimand 8
1400 Yverdon-les-Bains
021 923 35 30
relog.yverdon@relais.ch

## ማሕበር ምክልኻል ተኻረይቲ (ASLOCA)

ምስ ኣካራያይ ወይ ወኪል ምልውዋጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ጸገም ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን፡ Association Suisse des Locataires (ማሕበር ተኻረይቲ ስዊዘርላንድ – ASLOCA)፡ ኣብ ዓመት CHF 70 ከፊልኩም ናይ ሕጊ ሓገዝን ምኽርን ይህበኩም እዩ። ኣብ'ዚ ማሕበር'ዚ ብምጽንባር ክትርብሑ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ኣባልነት፣ ንውዕል ክራይ ዝምልከት ሓበሬታ ብተሌፎን ክትረኽቡ፡ ብቐጸራ ዝውሃብ ናይ ሕጊ ምኽሪ ከምኡ'ውን ምስ መንበር ኣባይቲ ንዝተኣሳሰር ሕጋዊ መስርሕ ዚምልከት ደገፍ ክትረኽቡ መሰል የውህበኩም። ገለ ኣገልግሎታት፡ ኣብቲ ዓመታዊ ክፍሊት እቱው ከምዘይኮነን ተወሳኺ ገንዘብ ንኽትከፍሉ ድማ ክትሕተቱ ከምእትኽእሉን ብኽብረትኩም ተገንዘቡ።

ግብራዊ ሓበሬታ
ተኻረይቲ፡ መሰላት ኣለዎም። ንኣብነት፡ ኣንጻር'ቲ ዝተሓተትዎ መጠን ክራይ ክካትዑ ይኽእሉ እዮም። Association Suisse des Locataires (ASLOCA)፡ ኣብዚ መስርሕ'ዚ ንተኻረይቲ ምኽሪ ንኽሕብ ዝቐመ እዩ።

ብዛዕባ ASLOCA ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ
asloca.ch > Se défendre > Contestation du loyer initial

## ASLOCA Vaud

Broye Vaudoise
Avenue de la Gare 9
Case postale 16 | 1522 Lucens
021 906 60 45

La Côte
Chemin des Plantaz 13a
1260 Nyon
022 361 32 42

Lausanne
Rue Jean-Jacques-Cart 8
Case postale 56 | 1006 Lausanne
084 017 10 07

Montreux – ምብራቕ ቫውድ
Avenue des Alpes 5
Case postale 1024 | 1820 Montreux
021 963 34 87

Morges
Rue de la Gare 3
Case postale 24 | 1110 Morges 1
084 017 10 07

ሰሜን ቫውድ (Nord Vaudois)
Avenue des Sports 28
Case postale 92 | 1401 Yverdon-les-Bains
084 017 10 07

Renens
Rue de Lausanne 31b
1020 Renens
084 017 10 07

Vevey-La-Tour-de-Peilz
Rue du Simplon 40
Case postale 38 | 1800 Vevey
021 922 79 62

## ንህጹጽ ኩነታት ዘገልግል መንበሪ ገዛ

ህይወትኩም ኣብ ከቢድ ኩነታት ምስ እትኸውን፡ ንህጹጽ ኩነታት ዘገልግል መንበሪ ገዛ ኣለኩም፣ ብዝተፈላለዩ ወሃብቲ ኣገልግሎታትን ማሕበራትን ዝውሃብ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
Le Portail Caritas
ንህጹጽ ኩነታት ዘገልግል መንበሪ ገዛን ግዝያዊ ኣፓርትማን ዝህብ እዩ።
caritas-vaud.ch > Nos prestations > Hébergement

### Le Hublot
ማእከል ቦታ ህጹጽ ሓገዝ
La Riviera / መደቀሲ ቦታታት
Rue du Clos 8,
1800 Vevey
021 921 49 00
@ lehublot@caritas-vaud.ch

### La Lucarne
ማእከል መንበሪ ኣባይቲ ህጹጽ ኩነታት
Curtil-Maillet 23,
1400 Yverdon-les-Bains
024 420 33 84
@ lalucarne@caritas-vaud.ch

### Association Sleep-In
ማእከል መንበሪ ኣባይቲ ህጹጽ ኩነታት Lausanne
Chemin de l'Usine-à-Gaz 10
1020 Renens
021 625 66 77
@ admin@sleep-in.ch

### Étape Saint-Martin
ማእከል መንበሪ ኣባይቲ ህጹጽ ኩነታት Lausanne
Rue Saint-Martin 16
1003 Lausanne
021 315 72 69

**La Marmotte**
ማእከል መንበሪ ኣባይቲ ህጹጽ ኩነታት Lausanne
Rue du Vallon 17
1005 Lausanne
021 311 79 12
marmotte@armeedusalut.ch

**Poste de l’Arc Lémanique**
Rue de la Louve 10
1003 Lausanne
021 312 73 52

## ዝተደጐመ መንበሪ ኣባይቲ

ኣብ ኣውራጃ Vaud ዝርከባ ገለ ምምሕዳር ከተማታት፡ ነቶም ማእከላይ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ዚዓለመ ዝተደጐመ መንበሪ ኣባይቲ ኣለወን። ተኻሪይቲ፡ ካብዚ ዝተደጐመ ኣባይቲ ክረብሑ መታን ክኽእሉ፡ ንኹነታት ኣታዊ፡ ሃብቲ ከምኡውን መጠን ሰፈራ (ብመንጽር ኣብቲ መንበሪ ቤት ዝርከብ ብዝሒ ክፍልታት ዝህልዉ ሰፋሮ) ከማልኡ ይግባእ። ካብዚ ዓይነት ኣባይቲ ክትርብሑ ትኽእሉ እንተኼንኩምን እንተዘይኴንኩምን ንምውሳን፡ ዝተደጐመ መንበሪ ኣባይቲ ንኽትረኽቡ ኣብ ዘመልከትኩሙሉ እዋን፡ እዚ ኩሉ ረቛሒታት ኪግምገም እዩ።

ዝርዝር ናይቲ ኣብ ኣውራጃ Vaud ዚርከብ ዝተደጐመ መንበሪ ኣባይቲ፡ ብስሩዕ ምምሕያሽ ይግበረሉ እዩ። ኣብ’ዚ ዓውዲ’ዚ ምኽርን ሓበሬታን ክትረኽቡ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ንDirection du Logement (ክፍሊ መንበሪ ኣባይቲ – DIL) ተወከሱ።

**DIRECTION GÉNÉRALE DU TERRITOIRE ET DU LOGEMENT (DGTL) – DIRECTION DU LOGEMENT (DIL)**
Rue Caroline 11 bis
1014 Lausanne
021 316 64 00
info.logement@vd.ch
vd.ch > Thèmes > Territoire et construction > Logement > Aides en matière de logement dans le canton de Vaud > Aide à la pierre

## ውልቃዊ ደገፍ መንበሪ ኣባይቲ (AIL)

ውልቃዊ ደገፍ መንበሪ ኣባይቲ (AIL)፡ ኣብ’ዚ ኣውራጃ ንዝርከባ ገለ ምምሕዳራት ከተማ ዝውሃብ እዩ። ነዚን ዝስዕብ ስድራቤታት ዝኸውን ቀጥታዊ ናይ ፋይናንስ ደገፍ ይህብ እዩ፡

- ንዘድልየን ነገራት ከማልኣሉ ዝኽእላ እኹል ዓቕሚ ዘለወን።
- ብመንጽር ዘለወን ኣታዊ ኣዝዩ ልዑል ንዝኾነ ክፍሊት ክራይ ዝኸፍላ።
- ኣታዊ ማሕበራዊ ውህደት (ብVaud ዚውሃብ ማሕበራዊ ሓገዝ) ወይ ተወሳኺ ሓገዝ AVS/AI ዘይቅበላ።

እዚ AIL፡ ብመሰረት ኩነታት ስድራቤት፡ ኣታዊ ስድራቤትን ክራይን ከምዝቕመር ይኸውን። AIL ዘውህብ ረቛሒ፡ ብደረጃ ኣውራጃ ይውሃብ እዩ። ገለ ምምሕዳራት ከተማ፡ ንፍሉይ ኩነታት ዝምልከት ተወሳኺ ሕጋዊ መርትዖታት ከም ዝውሰኽ ይገብራ እየን። AIL፡ ኣብ 12 ኣዋርሕ ተሓዲሱ ዝውሃብ እዩ።

**ዝርዝር ምምሕዳራት ከተማን ናብ መመልከቲታት AIL ዝወስድ ሊንክን**
vd.ch > Thèmes > Aides financières et soutien social > Aides financières et comment les demander

# 4.3 ምውግጋን ጐሓፍ



## ኣከባቢ ንምዕቃብ

ስዊዘርላንድ፡ እቲ ዝእከብ ጐሓፍ ብመንጽር ብዝሒ ህዝቢ ክርአ ከሎ፡ ሓንቲ ካብተን ዝለዓለ ጐሓፍ ዘለወን ሃገራት ኤውሮጳ እያ። በዚ ምኽንያት’ዚ ድማ ስርዓት ምሕደራ ጐሓፍ ኣድማዒ ክኸውን ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ኣከባቢ ካብ ምብካልን ምስ “ፍኑው” ጐሓፍ ዝተኣሳሰር ኩሉ ካልእ ጸገማትን የወግድ።

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ከባቢ ክልተ-ስልሲት ናይቲ ጐሓፍ፡ ዳግማይ ክምስራሕ ዝኽእል ነገራት ዝሓዘ እዩ። እዚ ድማ ብፍላይ ካሴታ ጠራሙዝ፡ ባኮታት፡ ኣለሚኒዩም፡ ገለ ፕላቲካትን ካርቦናዊ ጐሓፍን እዩ። እዚ ኣብ መወዳእታ ዝተጠቐሰ ጐሓፍ፡ ልዕሊ ፍርቂ ማይ ዝሕዝ ስለዝኾነ፡ ብሓዊ እንተዘይተቓጸለ ይምረጽ። ነቲ ዘለኩም ጐሓፍ ምውግጋን፡ ገንዘብ ከም እትቑጥቡ ይገብረኩምን ንኣከባቢ ድማ ይከላኸልን። በዚ ምኽንያት’ዚ ድማ ኣብ’ዚ ምዕራፍ’ዚ ንዘሎ ሓበሬታ ክተኽብሩ ኣገዳሲ እዩ። መብዛሕቲኦን ምምሕዳራት ከተማ፡ “ግብሪ ሳንጣ” የኽፍላ እየን። ተቐማጦ፡ ኣብ ዱኳናት ንዝርከብ ግብሪ ዝተኸፍለሉ ሳንጣታት ጐሓፍ ክዕድጉ ይግባእ፣ ንኣከባቢ ንምዕቃብ ድማ ንዘለዎም ጐሓፍ ወጋገኖም ከቐምጡ ይሕተቱ። ገለ ምምሕዳራት ከተማ፡ ኣብ ልዕሊ ሳንጣ ጐሓፍ ግብሪ ዘየኽፍላ እኳ እንተኾና፡ ብክብደት ግን ግብሪ የኽፍላ እየን።

ግብሪ ዝኽፈሎ ሳንጣታት ጐሓፍ፡ ንጐሓፍ ገዛ (ዳግማይ ክምስራሕ ዘይክእል) ከገልግል ይግባእ፣ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ መጕሓፊ ኮንተይነራት ድማ ክጕሓፍ ይግባእ። ኣብ ጥቓ ገዛኹም ናብ ዝርከብ ማእከል ምምስራሕ ጐሓፍ ብምኻድ፡ ነቲ ዳግማይ ዝምስራሕ፡ ከቢድ ወይ ሓደገኛ ጐሓፍ ብዘይ-ክፍሊት ብናጻ ጐሓፉዎ።

ኣብ ገለ ምምሕዳራት ከተማ፡ ነዚ ኣገልግሎት ንኽትረኽቡ፡ እሞ ኸኣ ኣገልግሎት ማእከል ምምስራሕ ጐሓፍ ከውህበኩም ዚኽእል ውልቃዊ ካርድ ንኽትረኽቡ ንእትመልእዎ ቅጥዒ (ንቤት ጽሕፈት Contrôle des Habitants ወይ ናይ ምምሕዳር ከተማ ናይ ኢንተርነት ፖርታል) ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ገለ ምምሕዳራት ከተማ፡ ነቲ ከቢድ ዝሚዛኑ ጐሓፍ ወርሓዊ ከም ዝእከብ ይገብራ፣ ጐሓፍ ዝእከበሉ ዕለታት ዝሓዘ ዓውደ-ኣዋርሕ ድማ ይዝርግሓ እየን።

መብዛሕቱ ህንጻታት/ኣውራጃታት፡ ንጥርሙዝ፡ ወረቐትን ጐሓፍ ኣትክልትን ዝጕሓፈሉ መጕሓፊ ኮንተይነራት ኣለዎም። ማእከላት ዕዳጋ፡ ብሓፈሻ ንኣለሚኒዩም፡ PETን ዘገልገለ ባትርታትን ይእክባ እየን።

ኤለትሮኒካዊ መሳርሒታት፡ ብዘይ-ክፍሊት ብናጻን ኣብ ዝኾነ ነቑጣ መሸጣ ኣቑሑ (ኮምፕዩተራት፡ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን፡ ተለቪዥን፡ መሳርሒታት ክሽነ፡ ሃይ-ፋይ፡ ወዘተ) ንኽዕዲግ ከየገደድካን ከም ዝምለስ ክግበር ይከኣል እዩ።

> ኣብ ከባቢኹም ንዝርከብ CONTRÔLE DES HABITANTS ወይ መርበብ-ሓበሬታ ከፌትኩም ርኣዩ
> vd.ch > Thèmes > Environnement > Déchets

**ግብራዊ ሓበሬታ**

ገለ ምምሕዳራት ከተማ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ-ሓደ ኩነታት (ንኣብነት፣ ንስድራቤታት ወይ ትሑት ዝኣታዊኤን ቤተሰባት) ንሳንጣ ጐሓፍ ካብ ዝኽፈል ግብሪ ናጻ ክምዝኾና ይግበር እዩ።

# 4.4 ንጽቡቕ ዝምድናታት ከባቢ ዝምልከት መምርሒታት

## ብሕብረት ምንባር

ሓያሎ ኣፓርትማታት ዘለዎ ናይ ክራይ ኣባይቲ፡ ምስ ከባቢኦም ጽቡቕ ዝምድናታት ከም ዝህልዎም ምግባር ኣገዳሲ ኣዩ። ብፍላይ፡ እዚ ዝስዕብ ክግበር ይግባእ፡

- ንኣብነት፣ ኣብ እዋን ሰንበትን ምሸት ድሕሪ 10 ድ.ቐን ዝህሉ ረባሺ ድምጺ ብምውጋድ ንጐረባብትኻ ክብሪ ምሃብን ንውልቃዊ ንብረቶም ከምኡ'ውን ንሓበራዊ ቦታታት ኣኽቢሮም ከም ዝትሓዙ ምግባርን፣
- "ንኣጋይሽ" ተባሂሉ ምልክት ኣብ ዝተገብረሉ ቦታታት ዘይምዕሻግ፣
- ንቤት ሕጽቦ ንዝጥቀሙ ተጠቀምቲ ዝወጽአ መደብ-ግዜ ምኽባርን ድሕሪ ምጥቃም ድማ ብጽፈትን ብጽሬትን ከም ዝትሓዝ ምግባርን፣
- ጐሓፍ ኣብቲ ዝተመደበሉ መጐሓፊ ምጕሓፍን ኣብ ምፍልላይ ጐሓፍ ድማ ምስታፍን፣
- ዘለውኹም ፍትዋት እንስሳታት፡ ረባሺ ድምጺ ብምግባር ንኸባቢኹም ከይርብሹን ንሓበራዊ ቦታታት ከም ዘየባላሽዉን ምግባር።

## ተራ ዘብዐኛ

ዘብዐኛ ወይ ኣመሓዳሪ ህንጻ፡ ኮንዶሚንዩም (ናይ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ) ብዝግባእ ንኽገልግል ኣገዳሲ ተራ ይጻወቱ። ሕግታትን መምርሒታት ድሕነትን ናይቲ ህንጻ ኮንዶሚንዩም ከም ዝኽበር ይገብሩ። ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ፡ ንሓበራዊ ቦታታት ህንጻ ይከናኸኑ እዮም። ኣብ መንጐ ተቐማጦን ናይ ሓባር ወነንትን ድማ ከም ኣራኺብትን መንጐኛታትን ኮይኖም የገልግሉ፣ ምስ እትቕመጥሉ ቦታ ዝተኣሳሰር ዝኾኑ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ከይተሰከፍኩም ንዕኦም ክትወክስዎም ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ እትቕመጥሉ ህንጻ፡ ዘብዐኛ ዘይብሉ እንተኾይኑ፡ ንዘካረየኩም ወኪል ምልውዋጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ክትወከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

💡 ምኽሪ

መዓልቲ ጐረባብቲ፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ናይ ገለ ምምሕዳራት ከተማ Vaud፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሉስ ወርሒ ግንቦት ተወዲቡ። እዚ፡ ኣብ ከባቢኹም ምስ ዝቕመጡ ተቐማጦ ንኽትፋለጡ ዕድል ይህበኩም እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
10 መዘናግዕን ማሕበራዊ ህይወትን

# መዘኻኸሪታት




# 5 መድሕን፡ ማሕበራዊ ሓገዝን ግብርታትን


5.1 ማሕበራዊ መድሕን 50

5.2 መድሕን ጥዕና 51

5.3 5ሰለስተ ኣዕኑድ ዘለዎ ስርዓትን መድሕን ሸቓለት-ኣልቦነትን 55

5.4 ምስ ኣዴነትን ቈልዑን ዚተኣሳሰር መድሕን 57

5.5 ማሕበራዊ ሓገዝ 58

5.6 ካልእ መድሕናት 61

5.7 ግብርታት 62

# 5.1 ማሕበራዊ መድሕን



## መድሕን ኣብ ስዊዘርላንድ

መብዛሕቱ ማሕበራዊ መድሕን፡ ግዱድ እዩ። ንኣብነት፥ ሰራሕተኛታትን ስድራቤታቶምን፡ ክሰርሑ ኣብ ዘይክእልሉ እዋን፡ ኣብ ዝሓሙሉ እዋን ወይ ሽቕለት ኣልቦነት ኣብ ዘጋጥሞም እዋን ንኽጠቕሞም፡ ንገለ ኣታዊ ካብ ዝረኽብዎ መሃያ ንኽበርክቱ ይሕግዞም። እዚ፡ መብዛሕቱ ግዜ (መድሕን ጥዕና ዘሎ እንተዘይኮይኑ) ብኣስራሒ ዝመሓደር እዩ።

ስርዓት ማሕበራዊ ድሕነት ስዊዘርላንድ፡ ንሓያሎ ዓይነታት መድሕን የጠቓልል።

- ናይ ሽማግለታትን ግዱያትን መድሕን፡ መድሕን ስንክልናን ተወሳኺ ፌደራላዊ ሓገዝን (AVS, AI and PC: 1ይ ዓንዲ)።
- ናይ ስራሕ ጥሮታ (LPP: 2ይ ዓንዲ)።
- ብምኽኻያት ወተሃደራዊ ኣገልግሎት፡ ሲቪላዊ ኣገልግሎት፡ ሲቪላዊ ሓለዋ፡ ኣበል ኣደነትን ዕረፍቲ ኣቦነትን (APG) ንዝጠፍእ ኣታዊታት ተባሂሉ ዚውሃብ ኣበላት።
- መድሕን ሽቕለት-ኣልቦነት (AC)።
- ኣበላት ስድራቤት (LAFam)።
- መድሕን ጥዕናን ሓደጋን (LAMal ከምኡውን LAA)።

ኣብ ኣውራጃ Vaud ዝርከቡ ወኪላት ማሕበራዊ መድሕን (AAS)፡ ኣብ ውዕላት መድሕን ብዛዕባ ዘለኩም መሰላትን ግቡኣትን ዘተኮረ ሓበሬታን መምርሕን ንኽህብኹም ድሉዋት እዮም። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣውራጃ፡ ሓያሎ ወኪላት ኣለዋ። ንእትቕመጥሉ ገዛ ቀረባ ዝኾነ ቦታ ንኽትረኽቡ፡ ነዚ ዝስዕብ ሊንክ ተወከሱ።

> ኣብ ጥቓኹም ንዘሎ ወኪል ማሕበራዊ መድሕን ርኸቡ
> vd.ch > Aides financières et soutien social > Trouver une agence d’assurance sociale (AAS)

> ኣብ ጥቓኹም ንዘሎ ወኪል ማሕበራዊ መድሕን ርኸቡ
> 3.3 ስራሕ ኣሎኒ

ንኣስራሒኹም ብቐጥታ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

# 5.2 መድሕን ጥዕና

## መባእታዊ መድሕን ጥዕና (LAMal)

መድሕን ጥዕና፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ግዱድ እዩ። ኣብ'ዚ ሃገር ካብ ዝመጻእኩሙሉ ግዜ፡ ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ክህልወኩም ግዴታ ኣለኩም። ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ከም ዝህልወኩም ምስ ዘይትገብሩ፡ተወሳኺ ክፍሊ ከም እትኸፍሉ ኺግበር እዩ። እዚ መድሕን፡ ኣብዚ ሃገር ክትቅመጡ ካብ ዝጀመርክሙሉ ዕለት ኣብ ግብሪ ዚውዕል እዩ። ናይ 3 ኣዋርሕ ብሓንሳእ ንኽይትኸፍሉ፡ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ክትገብርዎ ትምከሩ።

ኣብ መንጐ'ቲ ግዱድ ዝኾነ መድሕን ጥዕናን ግዱድ ዘይኮነ ተወሳኺ መድሕን ጥዕናን ይፈላለ እዩ፣ ከም ወጻኢታት ናይ መገሻ ሕክምና፡ ኣማራጺ ወጻኢታት መድሃኒት፡ ኣብ ሆስፒታል ዝግበር ናይ ውልቂ ወይ ሓውሲ-ውልቃዊ ሕክምና ዝኣመሰለ ካልእ ወጻኢታት ሕክምና ዚሸፍን እዩ። ሓያሎ ወሃብቲ መድሕን ጥዕና ኣብ ኣውራጃ Vaud ይርከቡ ስለዝኾኑ፡ ንሓደ ብናጻ ምረጹ። እዘን ድሒረን ዝተጠቐሳ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ዕድሜኹምን ኩነታት ጥዕናኹምን ብዘየገድስ፡ ግዱድ መድሕን ጥዕና ንኽህብኹም ግዴታ ኣለዎም።

**መጠንቀቕታ**

ብወገን ኣስራሒኹም ናይ ሓደጋ መድሕን እተኣትወልኩም ምስዘይትኾኑ፡ ናይ ሓደጋ መድሕን እውን ካብ'ዚ ክወጽእ ይግባእ።

መድሕን ከም ዝኣተወ ሰብ፡ ኣብ ኣታዊኹም መሰረት ዘይገበረ ወርሓዊ ክፍሊት መድሕን ኽትከፍሉ ኢኹም፣ እቲ ዝጐድለኩም ዓቐን ገንዘብ ይፈላለ እዩ። ኣብ ኣታዊታትኩምን ብዝሒ ኣባላት ስድራቤትኩምን ምርኩስ ብምግባር፡ ድጐማ ንኽግበረልኩም ብቑዓት ኽትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም (ኣብ ታሕቲ ርኣዩ)። እቲ ዝጐድለኩም ዓቐን ገንዘብ፡ ኣካል ናይቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ቀንዲ ክፍሊት መድሕን ኽትከፍልዎ ዘለኩም ወጻኢታት ሕክምናኹም እዩ። ኣብቲ ዝመረጽክሙዎ ፎርሙላ ምርኩስ ብምግባር፡ እቲ ዝጐድለኩም ዓቐን ገንዘብ፡ ካብ CHF 300 ክሳዕ 2,500 ኪኸውን ይኽእል እዩ፣ እቲ ንሕክምና ኢልኩም ክትከፍልዎ ዘለኩም እጃም ኮይኑ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ዓመት ድማ ዚኽፈል እዩ። እቲ ዝኽፈል ዓቐን ገንዘብ ኣብ ስምምዕ ምስተበጽሐ፡ እቲ መድሕን ጥዕና፡ ነቲ ዓመታዊ ዝጐድለኩም ዓቐን ገንዘብ ኣብ ዝሓለፎ እዋን፡ 90% ናይቲ ወጻኢታት ይሸፍነልኩም። እቲ ዝተረፈ 10% ድማ ዓመታዊ ክሳዕ CHF 700 ዝኸውን ገንዘብ ንኽትከፍልዎ ሓላፍነትኩም ይኸውን።.

ብመሰረት'ቲ ዝጐድለኩም ገንዘብ፡ ኣብ ዓመት CHF 2,500፡ CHF 2,000፡ CHF 1,500፡ CHF 1,000፡ CHF 500 ወይ CHF 300 ንኽትከፍሉ ምርጫ ኣለኩም። እቲ ዓመታዊ እትኸፍልዎ እጃምኩም (ዝጐድለኩም ገንዘብ) ምስ ዝውሕድ፡ እቲ ወርሓዊ እትኸፍልዎ ናይ መድሕን እጃም (ቀንዲ ክፍሊት መድሕን) ከም ዝልዕል ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። እቲ ክጐድለኩም ዝመረጽክሙዎ ዓቐን ገንዘብ፡ ምስ ዘለኩም ዓቕሚ ፋይናንስን ዘለኩም ኩነታት ጥዕናን ለውጥታት ዝግበረሉ ከምዝኾነ ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ገዚፍ ዓቐን ገንዘብ ንኽትከፍሉ ዝግበረኩም ስሩዕ ሕክምና ንኽትወስዱ ኣብ እትግደድሉ እዋን፡ እቲ በብግዚኡ ዝጐድለኩም ገንዘብ ንዕኡ ክሸፍነልኩም ዝያዳ ዝሓሸ እዩ።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ኣብ ምሉእ ጥዕና እንተሊኹምን ናብ ሓኪም ሳሕቲ ትኸዱ እንተዄንኩምን፡ እቲ ዝግድስኩም ገንዘብ ምስዝልዕል ዚያዳ የገርም። ኣብዚ ዱሕረዋይ ጉዳይ ግን ነቲ ዘይርኤ ወጻኢታት ሕክምና ዚኸውን እኹል ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ክህልወኩም ኣገዳሲ እዩ፣ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ዕዳ ክእትወኩም ዚኽእል ክሳዕ CHF 2500 ክትከፍሉ ኢኹም።

ኩባንያታት መድሕን፡ ንኽፍሊት ወጻኢታት ሕክምና ብዚምልከት ኣብ ክልተ ኣዝዩ ዝተፈላለየ ስርዓታት ምርኩስ ገይረን ዝሰርሓ እየን። እቲ ናይ ፈለማ ስርዓት፡ “ናይ ሳልሳይ-ኣካል ዋሕስ” ተባሂሉ ዚጽዋዕ ኮይኑ፡ እቶም መድሕን ዝኣተዉ ሰባት፡ ነቲ ወጻኢታቶም ይኸፍሉ፣ እቲ እተመደበ ዓቐን ናይቲ ዓመታዊ ዝግድሶም ገንዘብ ምስግዶል ድማ እቲ ዘውጽእዎ ገንዘብ ካብቲ ዝተዋህለለ ማዕከን ይምለሰሎም። እቲ ኻልኣይ ስርዓት፡ “ናይ ሳልሳይ-ኣካል ክፍሊት” ተባሂሉ ዚጽዋዕ ኮይኑ፡ እቲ ማዕከን፡ ብቐጥታ ፋክቱር ምስተዋህበ፡ ነቲ ካብ ወሃብቲ ክንክን ጥዕና ዝተላእከለ ገለ ፋክቱራት ድማ ይኸፍሎ። እቶም መድሕን ዝኣተዉ ሰባት፡ ነቲ ክግድል ዝተመደበ ዓቐን ገንዘብን ነቲ ወጻኢታት ንኸኸፍልዎ ዘለዎም እጃምን ጥራይ ይኸፍሉ። ነቲ እትኣትውዎ መድሕን ኣብ እትመርጽሉ ግዜ፡ ነቲ ክልተ ዝተፈላለየ ኣስርዓታት ሸፈነ ወጻኢታት ሕክምና ኣብ ግምት ከተእትውዎ ኣገዳሲ እዩ፣ ስለዚ ድማ ብመሰረት ዘለኩም ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ይኸውን። እቲ ዝኽፈል ቀንዲ ክፍሊት መድሕን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ክፈላለ ይኽእል እዩ፣ ወርሒ ሕዳር ከይተወድአ ከሎ

> **መቐመሪ ቀንዲ ክፍሊት መድሕን 2021**
> 🌐 priminfo.admin.ch

ንመሰረዚ ደብዳቤ ኣብ ዝተመዝገበ ጶስጣ ኣእቲኹም ብምስዳድ ንመድሕን ጥዕና ክትቕይሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ዝመጽእ ዓመት ንወሃቢ መድሕን ጥዕና ክትቕይሩ መታን ክትክእሉ፡ እቲ ንህሉው ወሃቢ መድሕን ጥዕና ዝኽፈል ፋክቱራት (ቀንዲ ክፍሊት መድሕንን እትኸፍልዎ እጃምኩምን) ክሳዕ 31 ታሕሳስ ክትከፍሉ ኣገዳሲ እዩ።

> **መምርሒታት፣ ቀንዲ ክፍሊት መድሕንን ምቕያር ማዕከን ጥዕናን**
> 🌐 ch.ch/fr/aide-memoire-primes-et-changement-de-caisse-maladie

## ኣብ እዋን ጥንስን ወሊድን ዘገልግል መድሕን ጥዕና

ጥንሲ ኣብ እትከታተላሉ እዋንን ጸገማት ጥዕና ኣብ ዘጋጥመክን እዋንን፡ ካብ መበል 13 ሰሙን ናይ ጥንሲ ጀሚሩ ክሳዕ 8ይ ሰሙን ድሕሪ ምውላድ ህጻንን፡ ነቲ ዝግድስክን ዝነበረ ገንዘብ ክትከፍላ ሓላፍነትክን ኣይኮነን።

> **ጥንሲ – ረብሓታት መድሕ ጥዕና**
> 🌐 ch.ch/fr/grossesse-prestations-assurance-maladie

ኣብ እዋን ጥንስን ድሕሪ ወሊድ ንዘሎ ሰለስተ ወርሒን፡ መድሕን ጥዕና ንዝተወልዱ ዕሸላት ንኽግበረሎም ከተመዝግብዎም ኣገዳሲ እዩ።

> **ንውላድኩም ዝኸውን መድሕን ሕክምና**
> 🌐 ch.ch/fr/assurance-maladie-bebe

## ንሃገር ለቐቕኩም ኣብ እትወጽሉ እዋን ዝህሉ ምቍራጽ መድሕን ጥዕና

ንስዊዘርላንድ ለቐቕኩም ኣብ እትወጽሉ እዋን፡ ንዝኣተኹሙዎ መድሕን ጥዕና ከተቋርጹ ግዴታ ኣለኩም። ነዚ ንምትግባር፡ መልቀቒ ወረቐት ካብ ምምሕዳር ከተማኹም ንኸተምጽኡን ናብ ወሃቢ መድሕን ከተረክቡን ይግባእ፣ ስለዚ ድማ እቲ ዝኣተኹሙዎ ውዕል መድሕን ክቋረጽ ይከኣል።

## ተወሳኺ መድሕን

እቲ ዝኣተኽሙዎ መድሕን ጥዕና፡ በቲ መሰረታዊ መድሕን ሽፈነ ዘይተገብረሉ ጥቕምታት ክሸፈን ትደልዩ እንተኼንኩም፡ ብዙሕ ዝዓይነቱ ተወሳኺ መድሕናት ኣሎ። ንኣብነት፣ ዝያዳ ኣገልግሎታት ሕክምና ንተመላለስቲ ሕሙማት (ምዕራይ ኣስናን ቈልዑ፡ ከም ፍወሳ ኣዕጽምተ-ጭዋዳ ዝኣመሰለ ተወሰኽቲ ሕክምናታት)፣ ዝያዳ ምጽንናዕ ምርካብ፣ ኣብ ሆስፒታል ኣብ እትሕከምሉ እዋን ንዝርአኩም ሓኪም ብናጻ ምምራጽ ዝብል ረብሓታት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ተወሳኺ መድሕን፡ ማሕበራዊ መድሕን ኣይኮነን፣ ግዱድ ድማ ኣይኮነን። ካብ መሰረታዊ መድሕን ዝፈልዮ ቀንዲ ነገር፣ እቲ ምውህላል ገንዘብ፡ ኵሉ ሰብ ክቕበሎ ናይ ግድን ኣይኮነን። ንዕድሜኹም፡ ኩነታት ጥዕናኹም፡ ጾታኹምን ምርኩስ ብምግባር እትኽፍልዎ ክፍሊት መድሕን ክንደይ ምዃኑ ክውስንልኩም እዮም፣ ንዓኹም ቀድሚ ምቕባሎም ድማ ንመሕተት ጥዕና ክትመልሱ ክትግደዱ ኢኹም።

ምስ’ቲ እትደልይዎ መድሕን ዝተኣሳሰር ኩነታት፡ ኣብ’ቲ ንጥዕናኹም ኣመልኪትኩም እትምልስዎ መልስታት ዝምርኮስ እዩ። ንመሕተት ብጥንቃቐ ምልእዎ፣ ምኽንያቱ፡ እቲ ዘእተኽሙዎ ሓበሬታ ምሉእ እንተዘይኮይኑ፡ ኩባንያ መድሕን ጥዕና፡ ንኹነታት መድሕን ወይ ምስ’ዚ መድሕን ንዘለኩም ምትእስሳር ደጊሙ ክርኢ ይኽእል እዩ።

ንውላድኩም ዝኸውን ሓደ ወይ ልዕሊኡ ተወሳኺ ፖሊሲታት መድሕን ክትኣትዉ ትደልዩ እንተኼንኩም፡ እቲ ቈልዓ ቅድሚ ምውላዱ ክትኣትዉ ዝበለጸ እዩ። ቅድሚ ቈልዓ ምውላዱ ሓበሬታ ምስእትህቡ፡ ትካላት መድሕን ጥዕና፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ብዘይ ቅድመ-ኩነትን መሕተት ጥዕና ከየካየዳን ነቲ ቈልዓ ውሕስነት ይህባ እየን። ብሓፈሻ፡ ክሊላታት ምሕደራ ባጀት፡ ሕክምና ስኒ ኣዝዩ ክቡር ክኸውን ስለዝኽእል፡ ቈልዑ ነዚ ዓይነት ሕክምና’ዚ ብቐጻሊ መድሕን ክኣትውሉ ይመኽሩ። ከምዚ ዚኣመሰለ መድሕን ኣብ ግዚኡ ምእታው ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ድሕሪ ገለ ዓመታት፡ እቶም ወሃብቲ መድሕን ጥዕና፡ መርመራ ስኒ ኣቐዲሙ ንኽግበር የገድዳ እየን።



### መጠንቀቕታ

ሓገዝ ድጕማ ንኽትረኽቡ ብኦንላይ ብቐጥታ ከተመልክቱ ትኽእሉ፣ ሓገዝ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ኣብ ኣውራጃኹም ንዝርከብ ወኪል ማሕበራዊ መድሕን ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ቅጥዒታት ኣብ ምምላእ ብሓጐስ ይሕግዝኹም እዮም።

እዚ ደገፍዚ ብናጻ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ዝኽፈል ኣገልግሎታት ክትመርጹ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ነዚ ኣገልግሎታት ዝህባ ኩባንያታት፡ ብክፍለ-ሃገር Vaud ስልጣን ዝተዋህበን ኣይኮናን። ንኸምዚኤን ዝበለ መንጕኛታት ትካላት ምምራጽ፡ ሰለስተ ሓደጋታት ኣለዎ፣ ንሱ ድማ ዘይትፈልጥዎ ሰብ ናብ ገዛኹም ይመጽእ፣ ምስ ዘለኩም ፋይናንሳዊ ትሕዝቶ ኣተኣሳሰር ምስጢራዊ ሓበሬታ ትህቡ፣ ከምኡ’ውን ዘየድሊ ዓይነታት መድሕን ይቕረበልኩም።

ተወሳኺ መድሕን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ፣ ኣብ ሓደ ረብሓ ጥራይ ዚተወሰነ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኣብ ተወሳኺ መድሕን ክትኣትዉ እንተወሲንኩም፡ ንሓደ ዓይነት ረብሓ ክልተ-ግዜ መድሕን ከም ዘይኣተኹም ኣረጋግጹ።

## መድሕን ሓደጋ (LAA)

ዕላማ LAA፥ ብሰንኪ ኣብ ቦታ ስራሕ ወይ ካብ ቦታ ስራሕ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታታት ዘጋጥም ሓደጋታት ንዝስዕብ ቍጠባዊ ጸገማት ሽፈነ ምግባር እዩ። እቶም ኣብ ሰሙን ልዕሊ 8 ሰዓታት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ኣንጻር'ቲ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኣብ ዘሎ ቦታታት ንዘጋጥም ሓደጋታት ብዚምልከት ብኣስራሒ መድሕን ይእቶ እዩ። እንተዘይኮይኑ፡ እዚ ዓይነት መድሕን ሓደጋ፡ መድሕን ጥዕና ምስ ዝህበኩም ወኪል ክትኣትዉ ይግባእ።

## ድጐማታት (ፋይናንሳዊ ሓገዝ)

ንቀንዲ ክፍሊት መድሕን ኣብ ምኽፋል ጸገም እንተልይኩም፡ Office Vaudois De L'assurance Maladie (OVAM)፡ ክሕግዘኩምን ንወሃቢ መድሕን ጥዕና ድማ ብድጐማ ክኸፍልን ይኽእል። እዚ ዓቐን ክፍሊት፡ ኣብ ኣታዊኹም ዝምርኮስ እዩ። ነዚ መመልከቲ፡ ኣብ እትቐመጥሉ ኣውራጃ ንዝርከብ ወኪል ወይ ብኦንላይን ኣረክቡ።

OFFICE VAUDOIS DE L'ASSURANCE-MALADIE
Chemin de Mornex 40
1014 Lausanne
vd.ch > Thèmes > Santé, soins et handicap > Assurance-maladie > Subside à l'assurance-maladie

ዝርዝር ትካላት OVAM ብኣውራጃ
vd.ch > Aides financières et soutien social > Trouver une agence d'assurance sociale (AAS)

ዝርዝር ትካላት OVAM ብኣውራጃ
እዚ ድጐማ፡ መመልከቲ ኣብ ዘቕረብክሙሉ እዋን ይጅምር ስለዝኾነ፡ ፋይናንሳዊ ዓቕምኹም ክጐድል ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ቀልጢፍኩም ከተመልክቱ ይግባእ። ብኣንጻሩ፡ ድጐማ ክውሃበኩም መሰል እንተልይኩምን ዘለኩም ፋይናንሳዊ ኩነታት እንተተመሓዩሹን፡ ንOVAM ብቐጥታ ክትሕብሩ ይግባእ፣ ስለዚ ድማ ንድሕሪት ተመሊስኩም ነቲ ክኽፈል ዘለዎ ዕዳ (ቢል) ክትከፍሉ ኣይትግደዱን።

# 5.3 ሰለስተ-ኣዕኑድ ዘለዎ ስርዓትን መድሕን ሽቑለት-ኣልቦነትን

## AVS፡ AI ከምኡውን ናይ ፈደራል ተወሳኺ ረብሓታት፤ 1ይ ዓንዲ

መድሕን ሽማግለታትን ግዱያትን (AVS)፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝቕመጡ ኲሎም ሰባት፡ ኣብ ግዜ ጥሮታ፡ መሰረታዊ ኣታዊ ከምዝቕበሉ ይገብር።

መድሕን ስንክልና (AI)፡ ኣብቲ ስራሕ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ግዜ ንዝረኸቦ ዝነበረ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ንዚጸሉ ሓደጋ ጥዕና ዝሸፍን እዩ።

ንሰራሕተኛታት ብዝምልከት፤ ክፋል ናይቲ ነዚ መድሕን ዝኽፈል እጃም፡ ካብ ደሞዝ ክቑረጽ ከሎ፤ እቲ ሻልእ ክፋል ድማ ብኣሰራሒ ይኽፈል። እቶም ኣታዊ ዘለዎ ስራሕ ዝተቖጽሩ ሰባት፡ ንዝኽፈል ዓመታዊ እጃሞም ክኸፍሉ ይግደዱ እዮም። እቲ ዝኸፍልዎ ዝተሓተ እጃም፡ CHF 496 እዩ።

ተወሳኺ ረብሓታት (PC)፡ ነቶም መልዕሎ AVS ወይ AI ንዝቕበሉን ነቲ ዘድልዮም መሰረታዊ ነገር ክሸፍን ዘይክእል ኣታዊ ንዘለዎምን ኣብ ስዊዘርላንድ ንዝቕመጡ ሰባት ዝውሃብ እዩ። ወጻእተኛታት፡ ውሑድ ንዝኾነ ተወሳኺ ረቛሒታት ከማልኡ ይግባእ። መመልከቲ PC ምምላእ ብናጻ እዩ፤ ብወኪላት ማሕበራዊ መድሕን ድማ ዝምስራሕ እዩ። እዚ PC፡ ምስ AVSን AIን፡ ንሰለስተ ኣዕኑድ ናይቲ ዘሎና ስርዓተ-መልዕሎ ዘካተተ እዩ።

እቲ ኣብ ቀጥዒ ክረዲት ካርድ ዝቐረበ ወረቐት ምስክር መድሕን AVSን AIን፡ ነቲ ስራሕ ዝሰርሕ ዘሎ ወይ ንእጃሙ ዝኸፍል ሰብ ይውሃብ። እዚ ካርድ'ዚ፡ መድሕን AVS/AI ከም ዝኣተኹም ዘረጋግጽ መርትዖ እዩ። ንነፍሲ-ወከፍ ኣሰራሕ ክለኣኽ ይግባእ፤ ንኻልእ ሕጋዊ መስርሓት ድማ ንኽተቐርብዎ ክትሕተቱ ይከኣል እዩ።

## ናይ ስራሕ መልዕሎ፤ 2ይ ዓንዲ

ውጥናት መልዕሎ ስራሕ፤ እቶም ኣብ ናይ ጥሮታ ዕድመ ዝበጽሑ፡ ግዱያትን ስንኩላንን ዝረኸብዎ ዝነበሩ ኣታዊ ብቐጻሊ ንኽረኽብዎ ዚዓለመ እዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ መልዕሊ AVS ወይ AI (1ይ ዓንዲ) ይሰርሕ እዩ።

እቶም ኣብ ዓመት ልዕሊ CHF 21,330 ንዝረኸቡ ሰራሕተኛታት ግድነታዊ ክኸውን ከሎ፤ ነቶም ናይ ገዛእ-ርእሶም ስራሕ ዘለዎም ሰባት ግን ግድነታዊ ኣይኮነን። ኲሎም ኣስራሕቲ፡ ሰራሕተኛታቶም ኣብ ትካል ጥሮታ ናይ ኩባንያኦም ከም ዝኣትዉ ክገበሩ ይግብኦም፤ እንተወሓደ ንፍርቂ ናይቲ ዝኸፍልዎ እጃም ዝሸፍን ክኸውን ይግባእ።

## መድሕን ህይወት ወይ ውልቃዊ ውህለላ፤ 3ይ ዓንዲ

ኣብ ዘድልየኩም ነገራት ዘለኩም ዓቕምን ምርኩስ ብምግባር፡ መድሕን ህይወት (3ይ ዓንዲ)፡ ምስ ኩባንያ መድሕን ወይ ናይ ውልቂ ባንኪ ንኽትኣትዉ እጃምኩም ክትገብሩ ይከኣል እዩ። እዚ 3ይ ዓንዲ፡ ብመልክዕ ውልቃዊ ውህለላ ክኸውን ይከኣል እዩ። እቲ ኣብ 3ይ ዓንዲ ዝኽፈል እጃም፡ ካብቲ እትኸፍልዎ ግብሪ ዝጐድል ኮይኑ፡ ክሳዕ'ቲ ዝለዓለ ዓመታዊ ክፍሊት ክኸውን ይኽእል፤ እዚ ድማ ካብ ዓመት ንዓመት ክቕየር ይኽእል።

## ምስኣን ኣበል ኣታዊታት (ወተሃደራዊ ኣገልግሎት፡ ዕረፍቲ ኣደነት ወይ ኣቦነት)

ኣብ ስራዊት ስዊዘርላንድ፡ ስቪላዊ ሓለዋ ወይ ቀይሕ መስቀል እተገልግልዎ ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ ከምኡ’ውን ዕረፍቲ ኣደነትን ናይ ክልተ-ሰሙን ዕረፍቲ ኣቦነትን፡ “ኣበል ኣታዊ ዘይምርካብ” (APG) ብዝብል ረብሓ ክትረኽቡ መሰል ኣለኩም።

እዚ ፋይናንሳዊ ደገፍ፡ ሰራሕተኛ እንተዄንኩም ብኣስራሒኹም ይኽፈል ወይ ኣታዊ ዘለዎ ንጥፈታት ዘይተካይዱ እንተዘይኴንኩም ድማ ካብ ማዕከን ካሕሳ Vaud ክኽፈለኩም እዩ።

> ናይ ገዛእ-ርእሱ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት – CAISSE CANTONALE VAUDOISE DE COMPENSATION AVS
> caisseavsvaud.ch > Particuliers > Prestations APG/AMat/APat/APC

## መድሕን ሽቕለት-ኣልቦነት

መድሕን ሽቕለት-ኣልቦነት፡ ካብ መሃያታት ኵሎም ሰራሕተኛታት ከም ዝጐድል ዝግበር እዩ። ካብ እትሰርሕዎ ስራሕ ለቒቕኩም ኣብ ዝወጻእክሙሉ ወይ ኣብ ዝተባረርክሙሉ እዋን ካሕሳ ንኽትቕበሉ የኽእለኩም።

መድሕን ሽቕለት-ኣልቦነት ንኽትቕበሉ መሰል ንኽህልወኩም፡ መመልከቲ ምስ ኣቕረብኩም እንተወሓደ ን12 ኣዋርሕ ናይ 2 ዓመት ክትሰርሑ ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሰራሕተኛ ብፍቓዱ ንስራሕ ለቒቑ ምስ ዝወጽእ፡ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ይግበረሉ’ዩ፣ እቲ ጠቕላላ መጠን ዝኣተዎ መድሕን፡ ኣብ እዋን ምልቃቑ ስራሕ ከም ዝውሕድ ይኽውን፣ እዚ ድማ ንሓያሎ ኣዋርሕ ናይቲ ዘይተኸፍለ ካሕሳ ዘካተተ ክኸውን ይኽእል እዩ።



### መጠንቀቕታ

እቶም ዜጋታት ናይተን ኣባላት መንግስታት ኤውሮጳዊ ሕብረት ወይ EFTA ዝኾኑ ኤውሮጳውያን፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ-ሓደ ኩነታት፡ ንAVS ወይ AI ዚምልከት ተወሳኺ ረብሓታት ምጥቃም፡ ነቲ ኣታዊ ዘውህበኩም ንጥፈት ስለዘይብልኩም ንዝተዋህበኩም ፍቓድ መንበሪ ንኽስረዝ ምኽንያት ክኸውን ይከኣል እዩ።

ንዜጋታት ሳልሳይ-ኣካል ብዝምልከት፡ ካብ ተወሳኺ ረብሓታት AVS ወይ AI ምጥቃም፡ ምጽንባር ስድራቤት ንኽህሉ ንዘቕረብክሙዎ ሕቶ ዕንቅፋት ክኸውን ይኽእል እዩ።

# 5.4 ምስ ኣደነትን ቈልዑን ዝተኣሳሰር መድሕን

## መድሕን ኣደነት

ደቂ-ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት፡ ድሕሪ ሕርሲ፡ እንተወሓደ ናይ 14 ሰምንታት ናይ ኣደነት ዕረፍቲ ንኽረኽባ መሰል ኣለወን።

- ሰራሕተኛ፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ኣደነት፡ 80% ካብ ደሞዛ፡ ብመልክዕ መዓልታዊ ኣበል ንኽትከፈል መሰል ኣለዋ።
- ረብሓታት ዕረፍቲ ኣደነት ንምርካብ፡ ቅድሚ ወሊድ ኣብ ዘሎ 9 ኣዋርሕ መድሕን AVS ክትኣትዉ ይግባእ፣ ኣብቲ ግዜ'ቲ ድማ እንተወሓደ 5 ወርሒ ዝሰርሐት ክትከውን ይግባእ። እቲ ንውሓት-ግዜ መድሕንን ኣብ ሃገር ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት/EFTA ዝሰርሓቶ ስራሕን ኣብ ግምት ከም ዝኣቱ ክኸውን እዩ። ኣብ ሓደ-ሓደ እዋናት፡ ነዚ ኩነታት ዘየማልኣ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብኣውራጃ ዝውሃብ ኣበል ኣደነት ክቕበላ ይኽእላ እየን።

## ኣበል ቈልዑ

ፖሊሲ ስድራቤት ስዊዘርላንድ፡ ነፍሲ-ወከፍ ቈልዓ፡ ኣበል ስድራቤት (ፋይናንሳዊ ደገፍ) ንኽረክብ መሰል ይህብ እዩ። እዚ ኣበል፡ ብኣስራሒ ይኽፈል፣ ነቶም ኣታዊ ዘለዎ ስራሕ ንዘይሰርሑ ሰባት ድማ ኣብ ኣውራጃ Vaud ብዝርከብ Caisse de Compensation ይኽፈሉ። ኣበል ቈልዑ፡ ብጠለብ እምበር ሱቕ ኢሉ ኣይክፈልን እዩ።

ብዛዕባ ኣበል ቈልዓ ዝምልከት ሓበሬታ
vd.ch > Thèmes > Aides financières et soutien social > Aides financières et comment les demander > Allocations familiales

## መድሕን ኣቦነት

ዕረፍቲ ኣቦነት፡ እቲ ቈልዓ ካብ ዝተወልደሉ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ንኣቦታት ዝውሃብ ናይ ክልተ ሰምንታት ዕረፍቲ እዩ። እዚ ዕረፍቲ'ዚ፡ ብሓንሳእ (ቀጻሊ-ሰንበት የጠቓልል) ወይ ኣብ ዝተፈላለየ መዓልታት ኪውሰድ ይከኣል እዩ። ኣቦ፡ ቅድሚ ሕርሲ ኣብ ዘሎ 9 ኣዋርሕ ኣብ ግዱድ መድሕን AVS ብኡንብኡ ክኣቱ ይግባእ፣ እንተወሓደ ድማ ን5 ኣዋርሕ ዝሰርሐ ክኸውን ኣለዎ።

ልክዕ ከም ዕረፍቲ ኣደነት፡ እዚ ኣበል'ዚ፡ 80% ካብ'ቲ ቅድሚ ሕርሲ ካብ ዝነበሮ ስራሕ ምስ ዝረኸቦ ማእከላይ ኣታዊ ዝሰማማዕ እኳ እንተኾነ፡ ካብ CHF 196 ክበዝሕ የብሉን። ኣቦታት፡ ንኽልተ ሰምንታት፡ እቲ ዝለዓለ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ዓቐን ገንዘብ፡ CHF 2744 እዩ።

# 5.5 ማሕበራዊ ሓገዝ



## ብሓጺሩ

ኣብ መላእ ኣውራጃ Vaud ዝርከባ ዘባውያን ማሕበራዊ ማእከላት፡ ነቶም ኣብ ምምሕዳር Vaud ዝቕመጡ ዘለዉ ኩሎም ሰባት፡ ፋይናንሳዊ፡ ማሕበራዊ ወይ ስድራቤታዊ ጸገማት ኣብ ዘጋጥሞም እዋን፡ ሓበሬታ፡ ምኽርን ደገፍን ይህባኦም እየን።

እዚ ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን፡ ኣብ ጥቓ ገዛኹም ናብ ዝርከብ ዘባዊ ማሕበራዊ ማእከል (CSR) ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። ክኢላታት፡ ኣታዊ ማሕበራዊ ውህደት፡ ሞያዊ ውህደት፡ ወዘተ ኣብ ምርካብ ንዘለኩም ኩሉ ሕቶታት፡ ካብ'ቲ ዘሎ ካልእ ነገራት፡ ኣብ እትሓትሉ እዋን ከሰንዩኹም እዮም።

ኣብ ጥቓኹም ንዘሎ CENTRE SOCIAL REGIONAL (CSR) ርኸቡ

vd.ch > Thèmes > Aides financières et soutien social > Trouver un centre social régional (CSR)



### መጠንቀቕታ

ማሕበራዊ ሓገዝ ምቕባል፡ ኣብ ፍቓድ መንበርን ካልእ ምሕዳስ ፍቓድን ጽልዋ ክግበር ኣይክእልን እዩ። እቶም ናይ ስዊዘርላንድ ፍቓድ መንበሪ ዝረኸቡ ሰባት፡ ነቲ ፍቓድ ኣብ ዝሕድስሉ እዋን፡ ገለ ዓቐን ገንዘብ ከውጽኡ ወይ ጸገማት ከጋጥሞም ተኽእሎ ኣሎ።

## ናይ ስድራቤት ተወሳኺ ረብሓታት (PC FAMILLES)

ብኣውራጃ ዚውሃብ ተወሳኺ ሓገዛት ስድራቤታት (PC Familles)፡ ነቶም ስራሕ ዝሰርሑ ዘለዉን ንስድራቤቶም ዘድሊ ኣገዳሲ ነገራት ከማልኡ ዘይከኣሉን፡ እሞ ኸኣ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ንዘለዎም ስድራቤታት ዝዓለመ እዩ። ስለቲ ዝውሃብ ዘሎ ፋይናንሳዊ ደገፍ ነመስግን፣ እቶም ዝተጸገሙ ስድራቤታት ድማ ማሕበራዊ ሓገዝ ክሓቱ ኣየድልዮምን፣ ነቲ ኣታዊ ዝርከቦ ስራሕ ድማ ከም ዘለዎ ከቖጽልዎ ወይ ከም ዝውስኹ ክገብርዎ ይኽእሉ።

ተወሳኺ ሓገዛት ስድራቤታት፡ ንወርሓዊ ፋይናንሳዊ ሓገዝን ንወጻኢታት ክንክን ቈልዓን ሕማምን ንዝወጽእ ገንዘብ ንምሕዋይ ዝውሃብ ገንዘብን የጠቓልል።

ንሓገዛት PC Familles ንምቕባል፡ ነቲ ቅጥዒ መመልከቲ ንኽትመልኡ፡ ኣብቲ እትቕመጥሉ ምምሕዳር ከተማ ናብ ዝርከብ Centre Régional de decisions PC Familles (CRD) ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። እዘን ትካላት’ዚአን፡ ሓበሬታ ክህባኹምን ፋይል ኣብ ምእታው ድማ ክሕግዛኹምን እየን።

ጥቓኹም ንዘላ
CENTRE REGIONAL
DE DÉCISIONS ርኸቡ

vd.ch > Thèmes > Aides financières et soutien social > Aides financières et comment les demander > PC Familles

## ሓገዛት PC FAMILLES ንኽትረኽቡ ክማላእ ዘለዎ ኲነታት

- ኣብ ኣውራጃ Vaud፡ እንተወሓደ ን3 ኣዋርሕ ዝተቐመጥኩምን ብቑዕ ፍቓድ መንበሪ ዘለኩምን
- ትሕቲ 16 ዓመት ምስ ዝዕድሚኦም ቈልዑ ብሓባር እትቕመጥሉ ናይ ሓባር ገዛ ምስህልወኩም
- ብመንጽር ወጻኢታት ስድራቤት፣ ብመሰረት ኣብ ሕጊ’ቲ ብኣውራጃ ዝተዳለወ ተወሳኺ ሓገዛት ስድራቤት (LPCFam) ተገሊጹ ዘሎ መምዘኒታት፡ እኹል ኣታዊ ምስዘይህልወኩም

### ዞባዊ ማሕበራዊ ማእከል

Bex
Avenue de la Gare 14
1880 Bex
024 557 27 27
csr.bex@vd.ch

Échallens
Rue des Champs 5
1040 Échallens
021 622 75 55
csr@araspe.ch

ምብራቕ Lausanne-Oron-Lavaux – ነቑጣ Pully
Avenue de Villardin 2
1009 Pully
021 557 84 00
csr.pully.info@aras.vd.ch

ምብራቕ Lausanne-Oron-Lavaux – ነቑጣ Oron
Le Bourg 11
Case postale 54 | 1610 Oron-la-Ville
021 557 19 55
csr.oron.info@aras.vd.ch

Junova
Rue des Pêcheurs 8A
1400 Yverdon-les-Bains
024 557 76 76
@ csr.junova@aras.vd.ch

Morges-Aubonne-Cossonay
Rue de Couvaloup 10
Case postale 982 | 1110 Morges 1
021 804 98 98
@ csr.morges@aras-vd.ch

Moudon
Place Saint-Etienne 6
1510 Moudon
021 557 86 80
@ csr.broye-vully@vd.ch

Nyon
Rue des Marchandises 17
1260 Nyon
021 338 99 38
@ csr.nyon@vd.ch

ምዕራብ Lausanne
Avenue du 14-Avril 8
1020 Renens
021 316 84 00/01/02
@ csr.ouest-lausannois@vd.ch

Penthalaz
Place Centrale 5
1305 Penthalaz
021 622 75 55
@ csr@araspe.ch

Payerne
Rue des Terreaux 1
Case postale 144 | 1530 Payerne
026 557 30 50
@ csr.broye-vully@vd.ch

Prilly
Rue des Métiers 1
1008 Prilly
021 622 74 00
@ csr@araspe.ch

Riviera – ነጆጣ Montreux
Avenue Claude-Nobs 14
Case postale 1009 | 1820 Montreux 1
021 962 78 60
@ csrriviera@arasriviera.ch

Riviera – ነጆጣ Vevey
Rue du Collège 17
Case postale 1112 | 1800 Vevey
021 925 53 33
@ csrriviera@arasriviera.ch

ማሕበራዊ ኣገልግሎት Lausanne
ማሕበራዊ ሓበሬታ
ማሕበራዊ ኣገልግሎት
Place Chauderon 4
Case postale 5032 | 1002 Lausanne
021 315 75 11
@ ssl@lausanne.ch

# 5.6 ካልእ መድሕናት

## መድሕን ሓውን ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን (ECA)

ንተንቀሳቓስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ተባሂሉ ዝግበር መድሕን ሓውን ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን፡ ኣብ ኣውራጃ Vaud ምስ ECA ዚእቶ ግዱድ መድሕን እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
Établissement cantonal d'assurance
Avenue du Grey 111
Case postale
1002 Lausanne
058 721 21 21

## ኢንሹራንስ ሬስፓንሳቢሊተ ሲቪል (RC)

መድሕብ ሲቪላዊ ዕንወትን ስድራቤትን፡ ኣንጻር'ቲ ብደቅኹም ወይ ባዕልኹም ብዘይፍላጥ ዝስዕብ ዕንወት ዘጠቓልል ኣብ ገዛኹምን ንብረትኩምን ንዘጋጥም ኲሉ ዕንወት መድሕን ንኽትኣትዉ ዘፍቅድ እዩ። ኣብ'ዚ መድሕን ንኽትኣትዉ ትምከሩ እኳ እንተኾነ፡ ግድነታዊ ግን ኣይኮነን። ልክዕ ከምቲ ዝተፈላለዩ መዝታት ዝሓትዎ፡ መንበሪ ገዛ ንኽትረኽቡ፡ ኣብዚ መድሕን ንኽትኣትዉ ግድነታዊ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## መድሕን ማኪና

መድሕን ናይ ሞተር ተሽከርካሪት፡ ግድነታዊ እዩ፣ ኣንጻር'ቲ ባዕልኹም ወይ ብኻልእ ተጠቃሚ ጽርግያ ንዘጋጥም ኲሉ ዕንወት ንማኪናኹም/ናይ ሞተር ብሽክለታ መድሕን ንኽትኣትውሉ የፍቅደልኩም።

## ፍሉይ መድሕን

ኣብ ዘድልየኩም ነገራት ምርኩስ ብምግባር፡ ካልእ ዓይነታት መድሕን ይውሃብ እዩ፣ ንሱ ድማ ናይ እንስሳታት፡ መጓዓዝያ፡ ሕጋዊ ተሓታትነት ወዘተ እዩ። ብዙሓት ናይ ውልቂ ኩባንያታት መድሕን፡ ነዚ ኣገልግሎታት'ዚ ይህባ እየን። ነቲ ዝውሃብ መድሕን ብምውድዳር ሓበሬታ ዝህብ ኣብ ኢንተርነት ይርከብ እዩ።

## በቲ ዘለኩም መድሕን ምስ ዘይትሰማምዑ ኹ፣

ናይ ውልቂ መድሕንን Fondation Ombudsman de l'assurance privée et de la Suvaን መድሕን ምስ ኣተኹሙሉ ኩባንያ ክርክር ምስ ዝህልወኩም ደገፍ ክህበኩም እዩ። እዚ ቤት ጽሕፈት ሸምጋልና፡ ነቲ መድሕን ዘለዎም ሰባት ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት ሓገዝ ይህብ፣ ብመሰረት ሕጊ መድሕን ድማ ነቲ ክርክር ቀልጢፉ ይምርምሮ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
Fondation Ombudsman
076 651 41 65
ombudsman-assurance.ch

# 5.7 ግብርታት

## ግብርታት

ኣብ ምምሕዳር ኣውራጃ Vaud ስለእትቐመጡ ወይ ኩሉ ምሳኹም ምትእስሳር ዘለዎ ባእታታት (መንበሪ በታ፡ ዋንነት ወይ ተጠቃማይ ህንጻ፡ ባዕልኹም እትካይድዎ ንጥፈታት፡ ወዘተ) ኣብኡ ምስ ዝኾውን፡ ግብሪ ኣብ ኣውራጃ Vaud ክትከፍሉ ኣለኩም። ክልተ ኣገባባት ምኽፋል ግብሪ ኣለኩም፦

- ዝኽፈል ግብሪ (ፍቓድ B፡ L፡ F፡ N፡ Ci፡ ወዘተ)። ኣስራሒኹም፡ ግብሪ ካብ ደሞዝኩም ብቐጥታ የጕድሎ።

- ዓመታዊ ጸብጻብ ግብሪ (ፍቓድ Cን ዜጋታት ስዊዘርላንድን)።

**ግብራዊ ሓበሬታ**
ብመትከል፡ እቶም ፍቓድ B ዘለዎም ሰባት፡ ካብቲ ምንጪ ኣታዊ ግብሪ ይኸፍሉ፣ ኣብ ገለ ኩነታት ግን ዓመታዊ ጸብጻብ ግብሪ ክመልኡ ይሕተቱ እዮም።

ንጸብጻብ ግብሪ ዓመታዊ (እንተተኻኢሉ ብኢንተርነት) ክትመልእዎ ይግባእ። ኣብ ዝመጽእ ዓመት ግብሪ ንኽትከፍሉ ኣብ እትሕተትሉ እዋን፡ ንዘለኩም ዝኽፈል ግብሪ ብሓንሳብ ኣብ ክንዲ ትኸፍሉ፡ ግብሪ ናይ'ቲ ዝረኸብክሙዎ ኣታዊ በብወርሒ ክትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም። ምምሕዳር ግብሪ ኣውራጃ (ACI)፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝምልከት ኩሉ ሓበሬታ ንኽህበኩም ድሉው እዩ።

AVIVO PERMANENCES IMPÔTS
avivo-vaud.ch > Permanences

ADMINISTRATION CANTONALE DES IMPÔTS (ACI)
Route de Berne 46
1014 Lausanne
021 316 00 00
info.aci@vd.ch
vd.ch/impots

### ሕጋዊ መስርሓትን ገደብ-ግዜን

ሰራሕተኛታት፡ ስራሕ ወይ ኣታዊ ዘይብሎም ሰባት፡ ካብ ሓገዛት መድሕን ሽቐለት-ኣልቦነት ዝረብሑ ሰባት፡ ተልሚደን ስራሕ፡ ተማሃሮ፡ (ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም) ካልኦት ሰባትን፡ ክሳዕ 15 መጋቢት ኣብ ዘሎ ግዜ ጸብጻብ ግብሪ ከቐርቡ ግዴታ ኣለዎም።

ዝኾነ ከፋሊ ግብሪ፡ ጸብጻብ ግብሪ ንዘቐርበሉ ገደብ-ግዜ ንኽናዋሕ ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት ብኦንላይን ክሓትት ይኽእል እዩ። ኣብቲ ዝተመደበ ግዜ ጸብጻብ ግብሪ ምስዘይተቐርቡ፡ CHF 50 ከምእትኸፍሉ ብምግባር መጸዋዕታ ክውሃበኩም እዩ።.

መጠንቀቕታ ተዋሂብኩም እናሃለው፡ ጸብጻብ ግብሪ ምስዘይተቐርቡ፡ በዓል-መዚ ግብሪ፡ ባዕሉ ግብሪ ከምእትኸፍሉ ኸገበር እዩ፣ ነቲ ዝውሃብ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ድማ ክትከፍሉ ሓላፍነት ክህልወኩም እዩ።

## “PARLONS CASH!” መስመር ሓገዝ

ምስ ፋይናንሳዊ ጸገማት (ካብ Office des Poursuites ዝሰደድ ዘይተኸፍለ ፋክቱራት፡ ደብዳቤ) ዝተኣሳሰር ሕቶ ወይ ሽግር ምስ ዝህልወኩም፡ ኣብ Vaud ንዝርከብ መስመር ሓገዝ “Parlons Cash”፡ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ሓሙስ፡ ካብ ሰዓት 8:30 ቅ.ቐ ክሳዕ 1 ድ.ቐ ብ0840 4321 00 ገይርኩም ክትውክሱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ጉዳያት ገንዘብ ፍሉይ ክእለት ዘለዎ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ንሕቶታትኩም ክምልስ እዩ፣ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት መምርሒ ክህበኩም እዩ።



# 6 ጥዕና


6.1 ሓበሬታ ካበይ ቦታን ካብ መንን ይርከብ፧ 64

6.2 ወላዲ ምዃንን ወሊድን 68

6.3 ዘቤታዊ ዓመጽ 71

# 6.1 ሓበሬታ ካበይ ቦታን ካብ መንን ይርከብ፧

## ስርዓተ-ጥዕና ናይ ሃገረ-ስዊዝ

ብቑዓት ናይቲ ኣብ ስዊዘርላንድን ኣውራጃ Vaudን ዝውሃብ ክንክን፡ ኣብ ሰፊሕ ቦታታት ፍሉጥ እዩ። ብዙሓት ሆስፒታላትን ዶክተራትን፡ ጸገም ጥዕና ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ሓገዝ ንኽህቡ ድሉዋት እዮም።

ኣብዚ ኣውራጃ ኣብ ዝበጻሕክሙሉ 3 ኣዋርሕ፡ መድሕን ጥዕና ክትኣትዉ ይግባእ። ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ኣብ ስዊዘርላንድ ክቡር ስለዝኾነ፡ ግዱድ መድሕን ምእታው ኣገዳሲ እዩ። በቲ ዘለኩም ካርድ መድሕን፡ ኣብ ዶክተር ወይ ሆስፒታል ንኽትርኣዩ ኽትከዱ ትኽእሉ ኢኹም፡ ወጻኢታት ሕክምና ድማ ብመድሕን ጥዕና ብኸፊል ይሽፈን። ንተወሳኺ ወጻኢታት ሽፈነ ዚገብር፡ "Complémentaire" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘይ-ግዱድ መድሕን ጥዕና ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም።

ገለ ካብቲ ፍሉይ ፍወሳዊ ምኽርታት (ፊዝዮቴራፒ፡ ሞያዊ ፍወሳ፡ ተፈጥሮኣዊ መድሃኒት)፡ እቲ ዘውጻእክሙዎ ገንዘብ

ተወሳኺ ሓበሬታ
5.2 መድሕን ጥዕና

ብግዱድ መድሕን ጥዕና ክምለሰልኩም እንተኾይኑ፡ ካብ ሓፈሻዊ ሓኪም (GP) ዝተኣዘዘልኩም ክትኮኑ ይግባእ። ኣብ ሆስፒታል ክትሕከሙ እንተኣቲኹም ወይ ብዛዕባ'ቲ ሽፈነ እተገብረልኩም ኣገልግሎታት ጥርጣረታት እንተሊኩም፡ ፈለማ ምስ ወሃቢ መድሕን ጥዕና ክትዘራረቡ ዚበለጸ እዩ።

**መጠንቀቕታ**

ወጻኢታት ሕክምና ዓይንን ስንን፡ ብመድሕን ጥዕና ዝሽፈን ኣይኮነን!

## ዶክተር ምንዳይ

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ዜጋታት ብሓፈሻ “ናይ ስድራቤት ዶክተር” ኣለዎም። ኣብቲ ዘድልየኩም ነገር ምርኩስ ብምግባር ናብ ፍሉይ ክኢላ ከመሓላልፈኩም ዝኽእል ሓፈሻዊ ሓኪም እዩ። ንውላድኩም ዝኸውን ዶክተር ወይ ሓኪም ቈልዑ ንኽትረኽቡ፡ ንSociété vaudoise de médecine (SVM) ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ንመርበብ-ሓበሬታ Fédération Suisse des Médecins FMH ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> Société vaudoise de médecine (SVM)
> Chemin de Mornex 38
> Case postale 7443 | 1002 Lausanne
> 021 651 05 05
> info@svmed.ch
> svmed.ch

ዶክተራት ንዝዛረብዎ ቋንቋ ንዝሕብር ስዒቡ ዝርከብ መርበብ-ሓበሬታ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> Société vaudoise de médecine (SVM)
> doctorfmh.ch

ምኽሪ

ናይ ስድራቤትኩም ዶክተር፡ ብመሰረት ዝኣተኹሙዎ ውዕል መድሕን ክሕክመኩም ይኽእል ወይ ድማ ብወሃቢ መድሕን ካብ ዝተመደቡ ዝርዝር ዶክተራት ዝተመርጸ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝተመርጸ ናይ ስድራቤት ዶክተር፡ ነቶም ክሕክሞም ዝመረጽዎ ሰብ መድሕን፡ ሕክምናዊ ምክትታል ንኽገብረሎም ሓላፍነት ይህልዎ። ኣብ'ቲ ዘድልየኩም ነገር ምርኩስ ብምግባር ናብ ፍሉይ ክኢላ ከመሓላልፈኩም ይኽእል። ዘውጻእክሙዎ ገንዘብ ብወሃቢ መድሕን ክምለሰልኩም ተደልዩ እንተኼንኩም፡ ብሓፈሻዊ ሓኪም ተራኢኹም ክትሓፍሉ ኣለኩም።

## ጸገም ጥዕና ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን እንታይ ትገብሩ፧

### 1. ንዶክተርኩም ተወከሱ

ናይ ስድራቤት ዶክተር ምስረኸብኩም፡ ንስኹም ኣብ እትሓሙሉ፡ ማእከላይ ክብደት ዘለዎ ሓደጋ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን እትውከስዎ ሰብ ንሱ እዩ። ንክኢላ መድሃኒት ድማ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ንዓኹም ብዝበለጸ ምስ ዝፈልጠኩምን ንኩነታት ጥዕናኹም ክምርምርን ክውሃበኩም ዘለዎ ክንክን ክሰርዓልኩምን ምስ ዝኽእል ሰብ ክትዘራረቡ ኢኹም።

### 2. ንማእከል ጻውዒት ተሌፎን ተወከሱ

ዶክተር ዘይብልኩም እንተኼንኩም ወይ ኣብ ዝደወለልክሙሉ ግዜ ምስ ዘይምልሰልኩም፡ ኣብ ቍጽሪ ተሌፎን **0848 133 133** (ናይ ውሽጢ ዓዲ መጠን ክፍሊት) ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓታት ኣብ መስመር ተሌፎን ኮይኖም ዝምልሰልኩም ማእከል ተሌፎን ኣለኩም። እዚ ቍጽሪ ተሌፎን፡ ኣብ መላእ ኣውራጃ Vaud ዝሰርሕ እዩ። እዚ ማእከል ተሌፎን፡ ንጻውዒታት ተሌፎን ንኽምልሱ ብፍሉይ ብዝሰልጠኑ ክኢላታት ጥዕና (ነርሳት) ዝቖመ እዩ። ሓደ ካብዞም ክኢላታት፡ ንኹነታትኩም ይምርምር፣ ምኽሪ ይህበኩም፣ ከምኡ'ውን ናብ'ቲ ብዝበለጸ ዘገልግለኩም ወሃቢ ጥዕና ድማ የመሓላልፈኩም። ብተወሳኺ፡ እዞም ክኢላት'ዚኦም፡ ብሓያሎ ቋንቋታት ክምልስልኩም ይኽእሉ እዮም።

### 3. ንCentre médico-social ተወከሱ

ካብ ገዛኹም ክትወጹ ዘይትኽእሉ እንተኼንኩም፡ Centre médico-social (CMS)፡ ክንክን ሕክምና፡ ምብጽጻሕ ምግቢ ናብ ገዛ፡ ኣብ ክንክን ዝውሃብ ሓገዝ፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት ኣውራጃ ይህብ እዩ።.

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> Association vaudoise d'aide et de soins à domicile (AVASAD)
> Avenue de Chavannes 37
> 1014 Lausanne
> 021 623 36 36
> info@avasad.ch
> avasad.ch

ምኽሪ

ብዶክተር፡ ሓኪም ስኒ፡ ሆስፒታል ወይ ማእከል ክትስነዩ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ናብ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ቀይሕ መስቀል Vaud ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ወለንተኛታት፡ ንውልቃዊት ተሽከርካሪት ድልውቲ ይገብሩ፣ ኣብ ዝኽዕነ ናይ ስራሕ መዓልቲ ድማ ክትድውልሎም ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ክፍሊት፡ ካብ ቦታኹም ንኽወስድኹም ንዘኽፍልዎ ገንዘብ ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ብመሰረት ዝተጓዓዝክሙዎ ርሕቐት ድማ ሕሳብኩም ይቕመር።

croixrougevaudoise.ch > J'ai besoin d'aide > Transports de personnes à mobilité réduite

4. ንኣገልግሎታት ህጹጽ ረድኤት ተወከሱ

ንህይወት ኣስጋኢ ዝኾነ ህጹጽ ኩነታት ኣብ ዘጋጥመኩም እዋን እትድውሉላ ቍጽሪ ተሌፎን፡ 144 (ኣምቡላንስ) እያ። 144፡ ንህይወት ኣስጋኢ ዝኽዕነ ህጹጽ ኩነታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን እተገልግል እያ። ህይወትኩም ወይ ህይወት ካልኦት ሰባት ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑን ህጹጽ ሕክምናውን ጥዕናውን ሓገዝ ዘድልዮ እንተኾይኑን ጥራይ ናብ'ዚ ክትድውሉ ይግባእ። ህጹጽ ረድኤት ዘድሊ እንተኾይኑ፡ እሞ ኸኣ ባዕልኹም ክትጎዓዙ ትኽእሉ እንተኺንኩም፡ ኣብ ጥቓ ገዛኹም ናብ ዝርከብ ሆስፒታል ኽትከዱ ኣለኩም።

ኣገልግሎታት ህጹጽ ረድኤት፡ ዘለዎም ኣታዊ ወይ ምትእስሳር መድሕን ጥዕና ብዘየገድስ፡ ነቶም ንህይወት ኣስጋኢ ኣብ ዝኽዕነ ህጹጽ ኩነታት ንዝርከቡ ሰባት ንኽሕክም ግዴታ ኣለዎ።

## መሰላት ሕሙማት

ምስ ጥዕና ዝተኣሳሰር ሕጋዊ ኣካይዳታት ወይ ምስ ክኢላ ፍወሳ ወይ ወሃቢ ኣገልግሎት መድሕን ክርክር ኣብ ዝህልወኩም ግዜ ምኽሪ ንምሃብ'ዩ።

## ብብዙሓት ቋንቋታት እተዳለወ ንጥዕና ዝምልከት ሓበሬታ

ነቔጣ መርበብ ሓበሬታ ናይ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ስዊዝ ኣብ መዳይ ጥዕና ብዙሕ ሓበሬታን ካብ መርበብ ሓበሬታ ከተውርድኦም እትኽእሉ 18 በረርቲ ጽሑፋትን ኣዳልዩ ኣሎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ነዚ ዝስዕብ ነቔጣ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፦

migesplus.ch/fr

**ተወሳኺ ሓበሬታ**

Organisation suisse des patients (OSP)

CHUV | Chemin de Mont-Paisible 18
1011 Lausanne

021 314 73 88

spo.ch

እቲ "ኣገዳስቲ መሰላት ሕሙማት" ኢሉ ዝቐረበ መንሹር፡ ጽማቚ ናይ ዝተፈላለያ ቋንቋታት ሒዙ ይርከብ፣ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ገጽ ርኣዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ፦**

vd.ch > Santé, soins et handicap > Patients et résidants: droits et qualité de soins > Les droits des patients

## ወልፍታት

### ኣብ ዓውዲ ወልፊ ኣተኵሩ ዚዓዩ ሃገራዊ ማእከል ብቑዓት

ናይ ምውላፍ ጸገማት ዝፈጥሩ ነገራት (ትምባኾ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ መድሃኒት ወይ ዕጸ-ፋርስ) ወይ መወለፊ ግኡዝ ነገራት ዘይብሉ (ልዑል ተነቃፊ ምዃን፡ ምቍማር ወይ ዘይስሩዕ ኣመጋግባ)፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ንዝርከብ ኲሉ ህዝቢ ክጸሉ ይኽእል እዩ። ፖርታል ወልፊ ስዊዘርላንድ፡ ምስ ወልፊ ብዚተኣሳሰር ጸገማት ንዝሳቐዩ ዘለዉ ሰባትን ስድራቤታትን ሓገዝ ዚህብ እዩ።

addictionsuisse.ch

## ምጥንኻር ጥዕና

### Unisanté

ሓፈሻዊ ሕክምናን ህዝባዊ ጥዕናን ኣብ ሎውዛን ዝህብ Unisanté፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝህቦ ካልእ ነገራት፡ ብዛዕባ ጥዕና ተቐማጦ ኣውራጃ Vaud ኣብ ዝምልከት ምጥንኻር ጥዕናን ምክልኻል ሕማምን ዘተኮረ ምኽሪ ይህብ። እዚ ሓበሬታ'ዚ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ'ቲ ትካል'ቲ ይርከብ፣ ብፍላይ ድማ ምስ ስነ-ኣመጋግባ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ምትካኽ ሽጋራን ጾታዊ ጥዕናን ዝተኣሳሰር እዩ። ንሕማማት ልብን መትንታትን፡ መንሽሮታት ጡብን ረጕድ መዓንጣን ዝግበር መርመራ ድማ የካይድ እዩ።

unisante.ch/fr > Promotion prévention

## ቊጽርታት ህጹጽ ረድኤት

**ፖሊስ**
117

**መጥፋእቲ ሓዊ**
118

**ኣምቡላንስ**
144

**ምምራዝ**
Tox Info Suisse – ሓበሬታ ምምራዝ ዚህብ ማእከል ስዊዘርላንድ
145 ወይ 044 251 51 51

**መንእሰያት**
Pro Juventute – ንቈልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ዜገልግል መስመር ሓገዝ
147

**ብጻውዒት ተሌፎን ዘገልግሉ ዶክተራት**
0848 133 133 (ናይ ውሽጢ ዓዲ ዋጋ)

**መስመር ሓገዝ**
La Main Tendue – ነቶም ሓገዝን ደገፍን ዘድልዮም ሰባት ዜገልግል ናይ 24-ሰዓት መስመር ተሌፎን
143 (0.20 CHF ንሓንቲ ኣሃዱ ጻውዒት ተሌፎን)

**ዓመጽ**
Centre d'accueil MalleyPrairie – ኣብ ዘቤታዊ ዓመጽ ዘተኮረ ናይ 24-ሰዓት ፍሉይ ምኽርታት
021 620 76 76

**ብነፋሪት ዚግበር ምድሓን**
Rega
1414

# 6.2 ወለዲ ምዃንን ወሊድን

## ቅድሚ ሕርሲ

ኣብ መላእ ናይ ጥንሲ ግዜ፡ ክኢላ ማህጸን ከምኡ'ውን/ወይ መሕረሲት፡ ምክትታል ጥንስን ኣገልግሎት ምኽሪ ጥንስን ይህቡ። ምስዚ ዚተኣሳሰር ወጽኢታት፡ ብመድሕን ጥዕና ይሽፈን። መድሕን ጥዕና ንኽትረኽቡ፡ ንማሕበር ሕክምና Vaud ወይ ንጉጅለ ናይ ውልቂ መሕረስቲ Vaud ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

### መስመራት ሓገዝ

ናይ ውልቂ መሕረስቲ Vaud ዝርከባሉ መስመር
ተሌፎን (10 ቀ. ቐ.-6 ድ.ቐ – 24/7)
021 213 79 05
votresagefemme.ch

### ናይ ውልቂ መሕረስቲ

hebamme.ch > Parents >
Votre sage-femme >
Sages-femmes indépendantes

ካልኦት ክኢላታት፡ ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፡ ሓበሬታን ምኽርን ንኽህብኹም ቅሩባት እዮም።

### Fondation PROFA

ኣብ ሆስፒታላት ቪድ ዝርከብ መሕረሲ ዋርድታትን PROFA foundationን፡ ኣብ ዝተፈላለያ ዘባውያን ማእከላት PROFA foundation ካብ ዝርከቡ ኣማኸርቲ ጾታዊ ጥዕና፡ መሕረስቲ ወይ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ምስጢራውን ናጻን ኣገልግሎት ምኽሪ ይህቡ። ናብ ገዛኹም ቀረባ ዝኾነ ማእከል ንምርካብ፡ ብተሌፎን ክትረኽብዎም ወይ ብመርበብ-ሓበሬታ ክትውከስዎም ትኽእሉ ኢኹም፧
021 631 01 50
profa.ch/cp

### Association PanMilar

PanMilar association፡ ኮርሳት ምድላው ሕርሲ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ይህብ፣ ነቶም ዘለዉና ኮማውያን ኣስተርጎምቲ ድማ ነመስግን። እቲ መርበብ-ሓበሬታኦም፡ ናብ ልዕሊ 30 ቋንቋታት ተተርጒሙ እዩ።
077 410 20 24
@ secretariat@panmilar.ch
pan-milar.ch

### Association Appartenances

Appartenances association፡ ኣብ ጥንሲ፡ ሕርስን ዕሽልን ዘተኮረ ብቋንቋ ፈረንሳ ዝተዳለወ ኮርስ ይህብ።

### Espace Femmes Vevey

Rue des Communaux 2A
1800 Vevey
021 922 45 23
ef.vevey@appartenances.ch

### Espace Femmes Lausanne

Rue des Terreaux 10, 4ይ ደርቢ
1003 Lausanne
021 351 28 80
@ ef.lausanne@appartenances.ch

## ድሕሪ ሕርሲ

ንክንክን ኣደን ቈልዓን ዝምልከት፡ ኣብ Vaud ዝርከባ ናይ ውልቂ መሕረስቲ፡ ኣብ ምሉእ ናይ ጥንሲ ግዜኽን ክኣልያኽን ደገፍ ክህባኽንን እየን፣ ካብ መሕረሲ ዋርድ ናብ ገዛ ኣብ ዝወጻእክናሉ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ድማ ምኽሪ ክህባኽን እየን።

ኣብ AVASAD ዝሰርሓ ናይ ቅድመ-ቈልዓ ነርሳትን Prevention Spaceን፡ ነቲ ስራሕ ተረኪቦም ይሰርሕዎን፣ ኣብ ገዛ ብዛዕባ ዝውሃብ ኣገልግሎታት ምኽርታት፣ ናይ ድሕረ-ሕርሲ ኣኼባታት ወይ ዝተፈላለየ ዓውዲ-መጽናዕቲ/ ናይ ጕጅለ ኮርሳት ዚምልከት ምኽርን ሓበሬታን ይህቡ።

ኣብ እዋን ጥንስኽን፡ ውላድክን ድሕሪ ምውላዱ ከይተረፈ፡ ንዓኽን ዝሰማማዕ ደገፍ ካብ መሕረሲት ክትረኽባ እንተደሊኽን፡ ኣብ ጥቓኽን ንእትርከብ መሕረሲት ብምርካብ ተወከሱ።

> **ተወሳኺ ሓበሬታ**
> votresagefemme.ch > Changer la zone > Pour le public > Rechercher une sage-femme

## ነርሳት ቅድመ-ቈልዕነት

ቈልዓ ምስወለድክን፡ ኣብ AVASAD እትሰርሕ ነርስ ቅድመ-ቈልዑነት ናብ ገዛ መጺኣ ክትርእየክን ትደልያ እንተኾንክን፡ ኣብቲ እትነብራሉ ዘለኽን ዞባ ንዘላ ነርስ ጥራይ ተወከሳ።

ምብራቕ Vaud
021 925 09 80

La Côte
021 804 66 40

Lausanne ከምኡ’ውን ዞባ
021 641 08 10

ሰሜን Vaud-Broye
024 420 31 15
avasad.ch

## መጠንቀቕታ

ካብ ግዜ ጥንሲ ጀሚሩ፡ ድሕሪ ሕርሲ ድማ ክሳዕ ሳልሳይ ወርሒ፡ ንውላድኩም መድሕን ጥዕና ክትኣትውሎም ኣይትረስዑ።

5.2 መድሕን ጥዕና
5.4 ምስ ኣደነትን ቈልዑን ዝተኣሳሰር መድሕን

## Espace prévention

ብፍላይ ኣብ ዓውዲ ቅድመ-ቈልዕነት ዘተኮረ ኣብ ምጥንኻርን ምክልኻልን ዓውድታት ጥዕና ዝሰርሕ ብደረጃ ዞባ ዚሰርሕ ማእከል ክእለታት’ዩ።

espace-prevention-lacote.ch

## PanMilar

PanMilar፡ መሕረሲትን ኣስተርጓምን ብምቕራብ፡ ድሕሪ ሕርሲ፡ ንስደተኛታት ስድራቤታት ኣብ ገዛ ደገፍ ዝህብ እዩ። እተን ኣብ ኮርስ ምድላው ሕርሲ ድሮ ዝተሳተፉ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሓሪሰን ናብ ገዛ ምስ ተመልሳ፡ ኣብቲ ወሳኒ ዝኾነ ናይ መሰጋገሪ ግዜ ደገፍ ንኽረኽባ ንዐአን ዝሰማማዕ ምክትታል ብቛንቋአን ክግበረለን ይከኣል።

077 410 20 24
panmilar.ch > Post partum

### ንኣቦታትን ናይ መጻኢ ኣቦታትን ዝግበር ኣኼባታት

ማሕበር maenner.ch ምስ MenCare Suisse romande programme ብምኺን፡ ንናይ መጻኢ ኣቦታትን ሓደስቲ ኣቦታትን – ንእሽተይ/ንኣሽቱ ቈልዓ/ው ንዘለዎም – ኣኼባታት ይገብሩ፣ እዚ ድማ ምስ ምምጻእ ሓድሽ ቈልዓ፡ ተራ ኣቦን ናይ ሓባር ወለድን (ሚዛን ስራሕ-መነባብሮ፡ ወዘተ) ምትእስሳር ንዘለዎ ሓበሬታን ተሞኩሮን ከም ዝለዋወጡ ይገብር።

Route de Pierrefleur 63
1958 Uvrier
078 874 46 08
crettenand@maenner.ch
maenner.ch/fr/rencontres-pour-les-peres-et-futurs-peres

## ቅርበት

### Fondation PROFA

ኣብ ጾታውነት፡ መከላኸሊ ጥንሲ፡ ምንጻል ጥንሲ፡ መርመራታት ኤችኣይቪ/ኤይድስ ከምኡ'ውን STI (ብጾታ ዚመሓላለፍ ሕማማት) ከምኡ'ውን ሰዶምነት ዘተኮረ ኣገልግሎት ምኽርን ማዕዳን ብዝምልከት፡ ናይ PROFA Foundation ኣገልግሎት ምኽሪ ጾታዊ ጥዕና ንኽህበኩም ድሉው እዩ። ኣብ ሸሞንተ ዘባውያን ማእከላት ኣውራጃ ዝርከቡ ኣማኸርትን ዶክተራትን፡ ብቐጻሊ ይረኽብኹም። እዚ ኣገልግሎት'ዚ፡ ከም ልምዲ ብውጥን ስድራቤት ይጽዋዕ።

021 631 01 42
planning-vd.ch

## ስነ-ኣእምሮኣዊ ደገፍ

### Association Appartenances – CPM

Appartenances association፡ ነቶም ምስ ስደት ከምኡ'ውን/ወይ ታሪኽ ውግእ፡ ስቓይ ወይ ካልእ ዓይነት ሓበራዊ ዓመጽ ምትእስሳር ብዘለዎ ስነ-ኣእምሮኣዊ መከራ ንዝሓለፉ ሰባት ብፍሉይ ንዘሰማምዖም ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓገዝን ይህብ። እዚ ንስደተኛታት ዝውሃብ ኣገልግሎት ምኽሪ ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳ፡ ብሓያሎ ቋንቋታት ይውሃብ።

እዚ ማሕበር፡ ኣብ Lausanne፡ Veveyን Yverdon-les-Bainsን፡ ሰለስተ ማእከላት ኣገልግሎት ምኽሪ ኣለዎ።

Rue des Terreaux 10
1003 Lausanne
021 341 12 50
cpm.lausanne@appartenances.ch
appartenances.ch

## ዓመጽ

### ናይ CHUV ኣሃዱ ሕክምና ዓመጽ

ቀጥታዊ ዝኾነ ኣካላዊ፡ ጾታዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ መጥቃዕቲ ንዝበጽሖ ዝኾነ ሰብ ብዝምልከት፡ ኣሃዱ ሕክምና ዓመጽ (UMV ናይ CHUV)፡ ኣገልግሎት ሕክምናውን ሕጋውን ምኽሪ ይህብ፣ ፍሉይ ኣገልግሎታት ናብ ዝህብ ትካል ድማ የመሓላልፍን።

ተወሳኺ ሓበሬታ
6.3 ዘቤታዊ ዓመጽ

ግብራዊ ሓበሬታ
ንጸገማት መጻምድቲ ዝምልከት ድማ ሓበሬታ ይውሃብን ንዕኡ ተባሂሉ ዝተዳለወ መስመር ሓገዝ ድማ ኣሎን።

ተወሳኺ ሓበሬታ፤
ንመጻምድቲ ዚውሃብ ሓገዝን ምኽርን
0840 860 860
info@problemedecouple.ch
problemedecouple.ch

# 6.3 ዘቤታዊ ዓመጽ

## ቁጽርታት ህጹጽ ረድኤት

**ፖሊስ**
117

**ሕክምናዊ ህጹጽ ረድኤት**
144

## ብሓጺሩ

ዘቤታዊ ዓመጽ፡ ኣብ መንጐ መጻምድቲ ወይ ኣብ ገዛ ዘጋጥም ኩሉ ዓይነት ተግባራት ኣካላዊ፡ ጾታዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ወይ ቍጠባዊ ዓመጽ ዘመልክት እዩ። ብሕጊ ክልኩል እዩ። እቲ ፈጻሚ ዓመጽ፡ ካብ'ቲ ዝቐመጠሉ ናይ ሓባር ገዛ ብፖሊስ ከም ዝወጽእ ክግበርን ማሕበረ-ትምህርታዊ ቃለ-መጠይቕ ንኽግበረሉ ድማ ክግደድን እዩ። ኣገልግሎታት ደገፍ፡ ንግዳያት፡ ምኽሪ፡ መቐበሊ ቦታን ውሑስ መንበሪ ገዛን ይህባ፣ ነቶም ፈደምቲ ድማ ሓገዝ ክረኽቡ ዝደልዩ ምስ ዝኾኑ፡ ምኽርን ንዕኦም ዝኸውን ፕሮግራማትን ይህብ።

## ንግዳያት ዓመጽ ዝውሃብ ኣገልግሎት ምኽሪ

### ኣሃዱታት ሕክምና ዓመጽ

Lausanne
CHUV ይ ህጹጽ ሓገዝ መቐበሊ ኣጋይሽ
Rue du Bugnon 44
1011 Lausanne
021 314 00 60
chuv.ch > UMV

UMV-Nyon
3ይ ደርቢ፡ 200 ሜትሮ ካብ መደበር ባቡር
Avenue Reverdil 8
1260 Nyon
021 314 08 51

UMV-Rennaz
Centre hospitalier de Rennaz
HRC Vaud-Valais, ቀንዲ ህንጻ መቐበሊ ኣጋይሽ
Route du Vieux-Séquoia 20
1847 Rennaz
058 773 64 77

UMV-Yverdon-les-Bains
Hôpital d'Yverdon-les-Bains
ናይ ቀንዲ ህንጻ መቐበሊ ኣጋይሽ
Rue d'Entremonts 11
1400 Yverdon-les-Bains
024 424 42 20

### Fondation PROFA / Centres LAVI

profa.ch > Consultations > Centre LAVI

Lausanne
Rue du Grand-Pont 2 bis
1003 Lausanne
021 631 03 00

### Aigle

Rue du Molage 36
1860 Aigle
021 631 03 04

### Yverdon-les-Bains

Rue de la Plaine 2
1400 Yverdon-les-Bains
021 631 03 08

### Violencequefaire.ch

ናብ ዓሰርተው ክልተ ቋንቋታት ዝተተርጐመ ሓበሬታ ዝሓዘ መርበብ-ሓበሬታ፣ ንግዳያት ግዱድ መርዓ ዘጠቓልል ዘቤታዊ ዓመጽ ዝውሃብ ናይ ኢመይል ኣገልግሎት መልሲ'ዩ .

violencequefaire.ch

### Centre d'accueil MalleyPrairie

ንግዳያት ግዱድ መርዓ ዘጠቓልል ዘቤታዊ ዓመጽ ኣገልግሎት ዝህብ ናይ 24/7 መስመር ሓገዝ፣ መንበሪ ፍቓድካ ብዘየገድስ፡ ህጹጽ መንበሪ ገዛ፣ ተመላሊሶም ንዝሕከሙ ዝውሃብ ምኽሪ።

Chemin de la Prairie 34
1007 Lausanne
021 620 76 76
malleyprairie.ch
info@malleyprairie.ch

### Centre Prévention de l'Ale

ሓገዝ ንዝሓቱ ፈጸምቲ ዓመጽ።

Rue de l'Ale 30
1003 Lausanne
021 321 24 00
info@prevention-ale.ch
prevention-ale.ch

### Bureau de l'égalité (BEFH)

ምኽርን መምርሒታትን

021 316 61 24
info.befh@vd.ch
vd.ch/violence-domestique

### ዘቤታዊ ዓመጽን መንበሪ ፍቓድን

እቶም ግዳያት ዘቤታዊ ዓመጽ ዝኾኑ ሰባት ነዞም ዓመጻት እዚኦም እንተሓቢሮም ወይ ካብቲ እቲ ዓመጽ ዘብጽሓሎም ሰብ እንተተፈልዮም ኣብ ስዊዘርላንድ ዘለዎም መንበሪ ፍቓድ ከይስእኑ ክፈርሑ ይኽእሉ። ብዛዕባ ናይ ፍልሰት ኩነትኩም ሓገዝን ምኽርን ንምርካብ ምስ ናይ ማእከል ፕሮቴስታንት ማሕበራዊ (CSP) ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ ዋላ እውን ግቡእ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዘይብልኩም እንተኾንኩም።

CSP Vaud, La Fraternité, ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንስደተኛታት
021 560 60 98
frat@csp-vd.ch

## ብግዱድ መርዓ ትጽገሙ ኣለኹም ዶ

ነቶም ኣብ ግዱድ መርዓ ዝርከቡ ወይ ዝምድና ንኽጅምሩ ወይ ንኽቋርጹ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ሰባት ጸቕጢ ይግበረሎም ንዘለዉ ሰባት ዝውሃብ ናጻ ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ንኽምዚኦም ሰባት ንዝከናኸኑ ክኢላታት ዝውሃብ ምኽሪ።

BUREAU CANTONAL POUR L'INTÉGRATION DES ÉTRANGERS ET LA PRÉVENTION DU RACISME (BCI)
Avenue de Sévelin 46
1014 Lausanne
021 316 49 59
info.integration@vd.ch
vd.ch/integration



# 7 ትምህርትን ስልጠናን

7.1 ቅድመ-ትምህርቲ 74

7.2 ካብ 4 ዓመት ክሳዕ 15 ዓመት፧ CO ንቈልዑ ዝውሃብ ግድነታዊ ትምህርትን መዓልታዊ ክንክንን 76

7.3 ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም 80

7.4 ኣብ’ዚ ኣውራጃ ኣብ ዝኣተኸሙሉ ግዜ ስልጠና ምርካብ 81

# 7.1 ቅድመ-ትምህርቲ

## ክንክን ቈልዑ

ንኣሸቱ ቈልዑ ምስ ዝህልውኹም፡ ንጥፈታት (ስራሕ፡ ምንዳይ ስራሕ፡ ስልጠና፡ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ) ኣብ ምክያድ ኣብ እተጸመድኩምሉ እዋን ናብ ዝኣልይልኩም ማእከል ክንክን ቈልዑ/መእለዩ ቈልዑ ወይ ብስድራቤታዊ ሃዋሁ ዝኣሊ ሰብ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ዋጋ'ዚ ኣገልግሎታት'ዚ፡ ኣብ ደሞዝ ወለዲ ምርኩስ ብምግባር ይፈላለ እዩ።

እቲ ዘሎ ቦታታት ውሑን ከምዝኾነን መብዛሕቱ ግዜ ድማ ዝርዝር ኣስማት'ቶም ዝጽበዩ ሰባት ከምዘለዉን ብኽብረትኩም ተገንዘቡ። ኣብ እዋን ጥንሲ ሓበሬታ ክትረኽባ ይምከር እዩ።

ኣብ ገዛ ንዝግበር ክንክን ዝምልከት መፍትሒታት ኣሎ፤ እዚ ድማ ዕድመ ናይ ደቅኽን ብዘየገድስ፡ ኣብ መዓልቲ እትኣሊ ኣደ ወይ au pair (ንገዛእ-ርእስኽን ባዕልኽን ትኽፍላኣ) ክትረኽባ ትኽእላ ኢኽን።

ኣብ ኣውራጃ Vaud ዝውሃብ ክንክን ቈልዑ፡ ብመልክዐ መርበባት ዝውደብ እዩ። ንእትቐመጡላ ምምሕዳር ኣውራጃ ወይ ነተን ብዝርዝር ቀሪበን ዘለዋ መርበባት ክንክን ቈልዑ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ተወሳኺ ሓበሬታ
faje-vd.ch/dispositifs/les-reseaux
vaudfamille.ch > VD > Garde d'enfants

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክንክን ቈልዑ
vd.ch Thèmes > Population > Enfance, jeunesse et famille > Accueil de jour des enfants ou Accueil familial de jour des enfants

### ምእላይ ቈልዑን ህጹጽ ክንክንን

ኣብ እዋን ምሸት ወይ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ንውሑድ ሰዓታት ንደቅኹም እትኣሊ ኣላዪት ቈልዑ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክትድውሉ ድማ ትኽእሉ ኢኹም። ቀይሕ መስቀል፡ ንቈልዑ ንዝኣሉ ንኣሸቱ መንእሰያት ተሰልጥን እያ፤ ከም'ቲ ተሓቢሩ ዘሎ፡ ብመሰረት ስዒቡ ዘሎ መጠናት ኣብ ጽሩይ ኣታዊ ስድራቤት ምርኩስ ብምግባር ንስድራቤት ሓገዛት ትህብ። ኣታዊኹም ክሳዕ CHF 3,500 እንተኾይኑ፡ CHF 4 ንሓደ ሰዓት ከምኡ'ውን ኣብ ምሸታት ቀዳመ-ሰንበት፡ CHF 6 ንሰዓት።

ተወሳኺ ሓበሬታ
croixrougevaudoise.ch > Prestations > Baby-sitting

### ቀይሕ መስቀል Vaud

ህጹጽ ኩነታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ወይ ውላድኩም ኣብ ዝሓመሉ እዋን ወይ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥሞ እዋን፡ ንዝህቦ ኣገልግሎታት ገንዘብ እናኸፈልኩም ንደቅኹም ንኽኣልየልኩም ንቐይሕ መስቀል ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ተወሳኺ ሓበሬታ
Service de garde d'enfants malades
Rue Beau-Séjour 9-13
1002 Lausanne
021 340 00 80
021 340 00 81
famille@croixrougevaudoise.ch
croixrougevaudoise.ch > Prestations > Garde d'enfants malades

6.2 ወላዲ ምዃንን ሕርስን

## ንጥፈታት ወለድን ቈልዑን

### ኣብ ትምህርቲ ዓለም ንዝውሃብ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ፡ ንወለዲ ይውሃብ እዩ።

Français en jeu
“ኣብ ቤት ትምህርቲ ዚውሃብ” ኮርስ ቋንቋ ፈረንሳ

Lausanne
Place Pépinet 2
1003 Lausanne
021 329 04 49
@ lausanne@francaisenjeu.ch

ምዕራብ Vaud
Rue de l’Avenir 6
1020 Renens
021 552 44 04
@ ouest@francaisenjeu.ch

ምብራቕ Vaud
Rue des Remparts 7
Case postale 47
1814 La Tour-de-Peilz
021 552 44 05
@ riviera@francaisenjeu.ch

Broyes ከምኡ’ውን Gros-de-Vaud
Rue Mauborget
1510 Moudon
021 552 44 03
@ moudon@francaisenjeu.ch

### መደባት ቅድመ-ትምህርቲ፡ ንቈልዑ ይውሃብ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
10 መዘናግዕን ማሕበራዊ ህይወትን

# 7.2 ካብ 4 ዓመት ክሳዕ 15 ዓመት ዝዕድሚኦም፥ ንቈልዑ ዝውሃብ ግድነታዊ ትምህርትን መዓልታዊ ክንክንን

## ብሓጺሩ

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ትምህርቲ ነቶም ካብ 4 ዓመት ክሳዕ 11 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ግድነታዊ እዩ። ኩሎም ቈልዑ፡ ዘለዎም ኩነታት መንበሪ ብዘየገድስ፡ ኣብ ኣውራጃ Vaud ዝርከባ ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት ኣብ ዝመህሩ መንግስታውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ይኣትዉ። ኣብ'ዚ ኩነታት'ዚ፡ እቶም ቋንቋ ፈረንሳ ዘይዛረቡ ተማሃሮ፡ ካብ'ቲ ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት ዝውሃብ ጽዑቕ ትምህርታት ክጥቀሙ እዮም።

ኣብዚ ሃገር ምስ ኣተኹም፡ ዕድሚኦም ኣብ ትምህርቲ ዝበጽሑ ቈልዑ እንተለውኹም፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ፡ ኣብ ጥቓ መንበሪ ገዛኹም ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ክተመዝግቡ ይግባእ።

ንዝርዝር ኣብያተ-ትምህርቲ ተወከሱ
vd.ch > Autorités > Département de la formation, de la jeunesse et de la culture (DFJC) > Direction générale de l'enseignement obligatoire (DGEO) > Liste et contacts des établissements scolaires

ኣብ ከተማ ሎውዛን ብዛዕባ ዝግበር ምዝገባታት፡ ንService des Ecoles et du Parascolaire ብቐጥታ ክትውከሱ ይግባእ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
Service des écoles et du parascolaire Direction de l'enfance, de la jeunesse et des quartiers.
Place Chauderon | 5ይ ደርቢ
Case postale 5032 | 1002 Lausanne
021 315 64 11
lausanne.ch/service-ecoles-parascolaire

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ 16 ቋንቋታት ንዝተተርጐመ ምሉእ መብርሂ ንዚህብ ሰነዳት ስርዓት-ትምህርቲ Vaud ተወከሱ።


ንወለዲ ተባሂሉ ዝተተርጐመ ሰነዳት
vd.ch > Thèmes > Formation > Scolarité obligatoire > Parent information and translated documents/Documents traduits d'information aux parents

ስርዓት ቪድ ምስ ካልእ ስርዓት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ዘወዳድር፡ ብሃገር ደረጃ ንዝቐረበ ዲያግራማዊ ስእሊ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ምስ ግዱድ ትምህርቲ ንዝተኣሳሰር ኩሉ ሕቶታት ዝምልከት
vd.ch > Thèmes > Formation > Scolarité obligatoire

## ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳን መቐበሊ ትምህርታትን

ኣብ እትቕመጥሉ መንበሪ ኣውራጃ ምርኩስ ብምግባር፡ እቶም ቋንቋ ፈረንሳ ዘይዛረቡ ቈልዑ፡ ጽዑቕ ትምህርታት ቋንቋ ፈረንሳ ወይ ናይ ምሉእ ግዜ መቐበሊ ትምህርታት ምስ ዝህቡ ስሩዕ ትምህርታት ዝተወሃሃደ እዩ። እቶም ኣብ መቐበሊ ትምህርታት ዝርከቡ ተማሃሮ፡ ድሕሪ ሓደ ወይ ክልተ ዓመታት፡ ኣብ ስሩዕ ግዱድ ትምህርቲ ወይ ድሕረ-ግዱድ ትምህርቲ ንዝውሃብ ትምህርቲ ይቕጽልዎ።




* ተማሃራይ፡ ኣብ እዋን ስራሕ ተልሜደን፡ ንዝተወሃሃደ ትምህርታት Maturité ንኽከታተል ተኽእሎ ይህልዎ።

** CFC (ፈደራላዊ ምስክር ወረቐት ምልከት ትምህርቲ)፡ ኣብ ምዝዛም ስራሕ ተልሜደን ዝውሃብ መዓርግ እዩ።

ነቶም ካልእ ቋንቋ ዝዛረቡ
ተማሃሮ (ALLOPHONES)
ዝውሃብ ሓበሬታ

vd.ch > Thèmes > Formation > Scolarité obligatoire > Les élèves qui parlent une autre langue (allophones)

### Office du soutien pédagogique et de l'enseignement spécialisé

እዚ ኣገልግሎት'ዚ፡ ነቶም ስንክልናን ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም ካብ 0 ዓመት ክሳዕ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ትምህርቲ ከምዝውሃብ ዝገብርን ደገፍ ዝህብን እዩ፣ ብመገዲ ሞያዊ ስልጠና ንዝካየድ መስርሕ ማሕበራዊ ውህደት ድማ ይድግፍ።

Rue Cité-Devant 11
1014 Lausanne

021 316 54 01

info.sesaf@vd.ch

## ናይ ውልቂ ኣብያተ-ትምህርቲ

እቲ ናይ ውልቂ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝህባኦ ኣገልግሎት፡ ብፍሉይ ዝተዳለወ ካሪክሉም፡ ንዝተፈላለየ ደረጃታትን ዕድመን ብቛንቋ ወጻኢ ትምህርቶም ክቕጽሉ ንዝደልዩ ብዝተዳለወ ፍሉይ ካሪክሉም ከምሃሩ ዝደልዮም ቈልዑ ንዘለዎም ወለዲ ዚዓለመ እዩ። ኣብ መርበብ-ሓበሬታ Association vaudoise des écoles privées (AVDEP) ዘሎ መናደዩ ሓበሬታ፡ ንድሌታትኩም ናብ ዘእንግዳ ኣባያተ-ትምህርቲ ክመርሓኩም እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ

avdep.ch

## ንቖልዑ ዚውሃብ መዓልታዊ ክንክን

ውላድኩም ንኽምሃር ናብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝመጽኣሉ ግዜ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ፡ ቅድሚ፡ ኣብ እዋንን ድሕርን ትምህርቲ ክኣልዮም ይኽእል እዩ። ብሓፈሻ፡ APEMS (Accueil pour enfants en milieu scolaire) ወይ UAPE (Unité d'accueil pour écoliers) ተባሂሎም ይጽውዑ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ እትቕመጥሉ መንበሪ ኣውራጃ ንዝርከብ መርበብ መዓልታዊ ክንክን ብቐጥታ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ተወሳኺ ሓበሬታ
10 መዘናግዕን ማሕበራዊ ህይወትን

### ክትትል ዝግበረሉ ወይ ደገፍ ዝውሃቦ ዕዮ ገዛ

ተማሃሮ፡ ድሕሪ ትምህርቲ፡ ዓቢ ሰብ ኣብ እተረኽበሉ ክትትል ዝግበረሉ ወይ ደገፍ ዝውሃቦ ዕዮ ገዛ ንኽሳተፉ ዕድል ኣለዎም። እዚ ንጥፈታት'ዚ፡ ትምህርቲ ንምምሃር ጠቓሚ እዩ። መጠነኛ ፋይናንሳዊ ኣበርክቶ ካብ ወለዲ ንኽውሃብ ክሕተት ይከኣል እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ውላድኩም ንዝምሃረላ ቤት ትምህርቲ ተወከሱ።

## ንወለዲ ዝውሃብ ደገፍ

### ማሕበር ወለዲ-መምሃራን (APE)

ኣብዚ ኣውራጃ፡ ከባቢ ኣርብዓ ማሕበራት ወለዲ-መምሃራን ኣለዋ። ስርዓት ትምህርቲ Vaud ጥራይ ዘይኮነስ ንደቅኹም ንዝግበር መዓልታዊ ክንክን፡ ክትትል ዝግበረሉ ዕዮ ገዛን መጓዓዝያን ከመይ ከም ዝሰርሕ ብዝበለጸ ንኽትርድኡ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። ነዚ መርበብ-ሓበሬታ፡ ape- vaud.ch/ape-locales ክፊኩም ብምውካስ፡ ኣብ ጥቓኹም ንዘላ APE ርኸቡ።

Avenue de Rumine 2
1005 Lausanne

021 341 90 77 | 078 689 63 63

info@ape-vaud.ch

ape-vaud.ch

ተወሳኺ ሓበሬታ

histoires-de-parents.ch/soutien-orientation-parents

ንወለዲ፡ ቈልዑን መንእሰያትን ብዛዕባ ዝውሃብ ደገፍ ዝምልከት ሓበሬታ

vd.ch > Autorités > Départements > Département de la formation de la jeunesse et de la culture DFJC > Direction générale de l'enfance et de la jeunesse DGEJ > Soutien aux enfants et aux jeunes

### ኮርሳት መበቆላውያን ቋንቋታትን ባህልን (LCO)

ውላድኩም፡ ቋንቋ ፈረንሳ እናተመሃረ እንከሎ ንመበቆላዊ ቋንቋኡ ከማዕብል ይኽእል እዩ፤ ኮርሳት መበቆላውያን ቋንቋን ባህልን (LCO)፡ ኣብ'ዚ ኣውራጃ'ዚ ብዝተፈላለየ ማሕበራት ስደተኛታትን ገለ ኤምባሲታትን ዝተወደበ እዩ። ደቅኹም፡ ብመሰረት'ቲ ዝተረኽበ ቦታ፡ ኮርሳት ቋንቋታት ጥልያን፡ ፖርቱጋል፡ ስጳኛ፡ ዓረብ፡ ወዘተ ንኽወስዱ ከተመዝግብዎም ትኽእሉ ኢኹም። ኣብያተ-ትምህርቲ ወይ ምምሕዳር ኣውራጃ፡ ኣብ ጥቓ ገዛኹም ብዛዕባ ዝውሃብ ኮርሳት LCO ዝምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ ክህብኹም ይኽእሉ እዮም።

ተወሳኺ ሓበሬታ
10 መዘናግዕን ማሕበራዊ ህይወትን

# 7.3 ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ቈልዑ

## ድሕሪ ግዱድ ትምህርቲ

ተማሃሮ፡ ነቲ ዝተዋህቦም ኮርስ ኣብ ዝወድእሉ ግዜ፡ ንዕኦም ብዝበለጸ ንዝስማምዖም ጕዱና ብምምራጽ ስልጣናኦም ንኽቕጽሉ ዕድል ክህልዎም እዩ። ናብ Hautes Ecolesን ዩኒቨርሲትን ንኽበጽሑ ዕድል ዝህቦም ብደረጃ ካልኣይ ደረጃ ንዝውሃብ ትምህርቲ (maturité gymnasiale) ብምምራጽ ትምህርቶም ክቕጽሉ ይኽእሉ ወይ ድማ ብመንገዲ ተልሚደን ስራሕ ሞያዊ ስልጠና ክወስዱ ይኽእሉ።

### ትምህርቲ AFPን CFCን

ተልመዴን ስራሕ (ወይ መባእታዊ ሞያዊ ስልጠና)፡ ንክልሰ-ሓሳብን ግብርን ብዘካተተ መንገዲ፡ ኣብ ውሽጢ 3 ወይ 4 ዓመታት ፈደራላዊ ምስክር ወረቀት ብቕዓት ስራሕ (CFC) ወይ ፈደራላዊ ምስክር ወረቀት ሞያዊ ስልጠና (AFP) ዘውህብ እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ እትመርጽዎ ሞያ ምርኩስ ዝገበረ፡ ናብ ዕዳጋ ዕዮ ክምኡ፡ ውን/ወይ ናብ ተወሳኺ ስልጠና ዝመርሕ እዩ። ተልመዴን ስራሕ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ልዑል ክብሪ ዝውሃቦ እዩ።

### ዘባውያን ማእከላት ትምህርታውን ሞያውን ማዕዳ

5 ዘባውያን ማእከላት ትምህርታውን ሞያውን ማዕዳ፡ ብዛዕባ ዘሎ ዕድላት ዝምልከት ሓበሬታ ክህባኹም እየን።

ስልጠና ንኽትመርጹ ዕድል ምስ ዝውሃበኩም፡ Office cantonal d’orientation scolaire et professionnelle (OCOSP)፡ መርበብ ክኢላታት ሞያዊ ማዕዳን ብዛዕባ ደገፍ ስልጠና ዝምልከት ብዙሕ ሓበሬታን ብምሃብ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ንኽትረኽቡ ዕድል ይህበኩም።

OCOSP፡ ምስ ዘባውያን ማእከላቱ፡ ንስኹም ንኽትምዕብሉ ክሕግዘኩም ይኽእል ንረቛሒታት ሽቕለት ክምኡ’ውን ናይ ስልጠና ዕዳጋ፡ ዘለኩም ክእለት፡ ብልሕነትን ተገዳስነትን ፍሉይ ባህርያትን ኣብ ግምት ዘእተወ ንዓኹም ዝኸውን ፕሮጀክታት የካይድ።

ኣብ ትምህርትን ሞያታትን ዘተኮረ ናይ ሓበሬታ ኣገልግሎታትን ናይ ሓባር ደኹን ናይ ውልቂ ኣገልግሎታት ምኽርን፡ ንተማሃሮን ስድራቤታቶምን፡ ኣብ መሰጋገሪ ወይ ስልጠና ዘለዉ መንእሰያትን ንመላእ ህይወት ዓበይትን ዝዓለመ እዩ።

ንስኹም ክትውከስዎ ዘለኩም ማእከል ትምህርታውን ሞያውን ማዕዳ

vd.ch > Thèmes > Formation > Orientation > Contact et adresses de l’OCOSP et des centres d’orientation

# 7.4 ኣብ'ዚ ሃገር ምስ በጻሕኩም ስልጠና ምርካብ

## ካብ 15 ዓመት ክሳዕ 25 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ

ዕድሜኹም፡ ካብ 15 ክሳዕ 25 ዓመት ኮይኑ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ንትሕቲ ክልተ ዓመታት ዝገበርኩም እንተኼንኩም፡ ውሑድ ወይ ዝኾነ ቋንቋ ፈረንሳ ዘይትዛረቡ ኴንኩም፡ ስልጠና ክውሃበኩም ትደልዩ ዘለኹም ዲኹም፡ ፖርታል ስደተኛታት፡ ንዓኹም ንኸቕበል ኢሉ ቃል-መሕተት ክገብረልኩም እዩ፡፡

**ፖርታል ስደተኛታት**
Rue de la Borde 3d
1018 Lausanne
021 316 11 40
vd.ch > Thèmes > Formation > Orientation > Pour les personnes arrivées récemment dans le canton de Vaud

## ማህደረ-ትምህርቲ

ክፍለ-ሃገር፡ ንተልመዴን ስራሕን ድሕሪ ምዝዛም ግዱድ ትምህርቲ ድማ ምቕጻል ትምህርቲ ንኽህሉን ብገንዘብ የተባብዕ እዩ፣ እዚ ግን ብሃገር ደረጃን ብእትቕመጥሉ ቦታን ንዝሕተት ኩነታት ምስ ዝማላእ እዩ፡፡ እዚ ደገፍ፡ ነቲ ብስድራቤት ዝውሃብ ሓገዝ ደገፍ ንምሃብ ተባሂሉ እዩ፣ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ደገፍ ክውሃብ እዩ፡፡ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንOffice Cantonal des Bourses d'Etudes (OCBE) ተወከሱ፡፡

**OFFICE CANTONAL DES BOURSES D'ÉTUDES (OCBE)**
Rue Cité-Devant 14
1014 Lausanne
021 316 33 70
vd.ch > Thèmes > Formation > Aides financières aux études et à la formation professionnelle bourses ou prêts

**ማህደረ-ትምህርቲ ንኽውሃበኩም መሰልኩም እንተኾይኑ ንኽትፈልጡ**
Rue Cité-Devant 14
1014 Lausanne
021 316 33 70
vd.ch > Thèmes > Formation > Aides financières aux études et à la formation professionnelle (bourses ou prêts > Questions fréquentes sur les bourses/prêts d'études et d'apprentissage > Quels sont les critères pour demander une bourse/un prêt d'études ou d'apprentissage?

ዕድሚኦም ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ንኣሽቱ መንእሽያትን ኣብ ስልጠና ዝርከብ ኩሉ ሰብን ብዝምልከት፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መንእሰያት CSP Vaud፡ ነቲ ምስ ማህደረ-ትምህርቲ፡ ጽገናን ዕርያን፡ ባጀት፡ ፋይናንሳዊ ጸገማት፡ ዕዳ፡ ምልቃቕ መንበሪ ገዛ፡ ጸገማት ስድራ። ሕጊ ዕዮ፡ ኣብ ሕጊ ዘጋጥም ጸገማት፡ ተበጻሕነት ሓገዛት ከምኡ'ውን ከም ማሕበራዊ ድሕነት መድሕን፡ ኣባይቲ፡ ውዕላት ወዘተ ዝኣመሰለ ካልእ ሕጋዊ ጉዳያት ኣመልኪቱ ንዝመጽእ ሕቶታትኩም ንምምላስ፡ ናጻን ምስጢራውን ማሕበራውን ሕጋውን ምኽርታት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣውራጃ ይህብ።

## Jet Service – CSP Vaud

@ jet.service@csp-vd.ch
csp.ch/jetservice

Lausanne
Avenue de Rumine 2
1005 Lausanne
021 560 60 30

Yverdon-les-Bains
Maison des Associations
CSP Vaud – Pôle social
Quai de la Thièle 3
1400 Yverdon-les-Bains

Payerne
CSP Vaud
Pôle social de la Broye
Rue des Terreaux 10
1530 Payerne

Vevey
ኣብ ቀጽሪ Ginkgo
Rue de l'Union 15b
1800 Vevey




# 8 ሲቪላዊ ኩነታት


8.1 ወሊድ 84

8.2 ንኣቦነት ኣፍልጦ ምሃብ 85

8.3 መርዓ 86

8.4 ሕጋዊ መስርሕ ናይ ሞት ጒዳይ 89

# 8.1 ወሊድ ምምዝጋብ



## ዝውሰድ ስጕምታት

ቈልዓ ካብ ዝተወልደሉ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልታት፡ ንቦታ ወሊድ ኣብ ዝምዝግብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ክምዝገብ ይግባእ። እቲ ሕርሲ ኣብ ሆስፒታል ዝተኻየደ እንተኾይኑ፡ እቲ ሆስፒታል ባዕሊ ነቲ ወሊድ ከምዝግብ እዩ። እቲ ሕርሲ ኣብ ገዛ ዝተኻየደ እንተኾይኑ ድማ እቲ ኣብ እዋን ሕርሲ ዝነበረ ኣቦ፡ ኣደ፡ መሕረሲት፡ ዶክተር ወይ ዝኾነ ሰብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሲቪኣላዊ ምዝገባ ከመዝግቦ ይግባእ። ወለዲ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ መዝገብ ዘይተመዝገቡ እንተኾይኖም፡ እቲ ዝምልከቶ ወሃቢ ኣገልግሎት፡ ንመንነት ወለዲ ንምርግጋጽ ተወሳኺ ሰነዳት ክሓትት እዩ። ወለዲ፡ ነዚ ቅጥዒታት ምስኣማልኡ፡ ምስክር ወረቐት ወሊድ ካብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ክሓቱ ይክእሉ።

ብዛዕባ ወሊድ ዝምልከት ሓበሬታ ምስ ተዋህበን፡ ናብ'ቲ ዝምዝግቦ ቤት ጽሕፈት ስቪላዊ ምዝገባ ምስ ቀረበን፡ ክፍሊት CHF 30 (መስደዲ ተወሲኹዎ) ብምኽፋል፡ ምስክር ወረቐት ወሊድ ንኸውሃብ ክእዘዝ ይከኣል።

እቲ ሕርሲ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝተፈጸመ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ክምዝገብ ይግባእ፣ ኣብ'ቲ ወሊድ ዝተኻየደሉ ቦታ ዝርከብ ወኪል ስዊዘርላንድ ድማ ነቲ ቅጥዕታት ኣብ ምምላእ ክሕግዘኩም ይኽእል።

ዜግነት ስዊዘርላንድ ዘይብሎም ወለዲ ቈልዑ ምስ ዝወልዱ፡ ኣብ መበቆል ሃገር ኣብ ዝርከብ ኤምባሲ ወይ ቆንስል ክምዝገቡ ይኽእሉ እዮም። Département Fédéral des Affaires Etrangères (FDFA)፡ ዝርዝር ናይቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ወኪላት ወጻእን ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝርከቡ ወኪላት ስዊዘርላንድን የዳሉ እዩ።

ሕርሲ፡ ኣብመንጐ ቈልዓን ኣደን በዓል-ቤታን ሕጋዊ ዝምድና ይፈጥር።

እቶም ወለዲ ዘይተመርዓዉ እንተኾይኖም፡ ኣቦ፡ ብወግዕን ሕጋውን መገዲ ከም ኣቦ'ቲ ቈልዓ ክቈጽር እንተደልዩ፡ ኣፍልጦ ናይቲ ቈልዓ ክህብ ኣለዎ።

> ብዛዕባ
> ወሊድ ቈልዓ ዝምልከት
> ሓበሬታ
> vd.ch > Thèmes >
> Population >
> État civil > Naissance

> ንዝርዝር ናይቶም ኣብ ስዊዘርላንድ
> ዝርከብ ወኪላት ወጻኢ ተወከሱ
> eda.admin.ch > Conseils aux
> voyageurs & représentations >
> Représentations étrangères en Suisse

# 8.2 ንኣቦነት ኣፍልጦ ምሃብ

## ሕጋዊ መትከላት

ንኣቦነት ኣፍልጦ ምሃብ ማለት ሓደ ሰብ ኣቦ ናይቲ ቈልዓ ምዃኑ ኣፍልጦ ዝህበሉ ሕጋዊ ተግባር እዩ። ወለዲ’ቲ ቈልዓ ብሓባር ዘይተመርዓዉ እንተኾይኖም፡ ኣብ መንጐ ኣቦን ቆቈዓን ዘሎ ናይ ውልድነት ዝምድና (ሕጋዊ ዝምድና)፡ ብሕጋዊ መገዲ ከምዝጸንዕ ክግበር ይግባእ።

ንኣቦነት ኣፍልጦ ምሃብ፡ ኣብ ቅድሚ ሲቫላዊ በዓል-መዝገብ ኴንካ ቃል ብምሃብ ዝፍጸም እዩ። ኣፍልጦ ኣቦነት ምስ ተመዝገበ፡ እቲ ናይ ውልድነት ዝምድና፡ ኣብ መንጐ ኣቦን ውላድን ንዘሎ ዝምድና ይቆጻጸር፣ እዚ ድማ እቲ ቈልዓ ዓቕሚ-ኣዳም ክሳዕ ዝበጽሕ፡ ዋላ’ውን ትምህርቱ ክሳዕ ዝውድእ ዝህሉ ሓላፍነት ናብዮት፡ ኣብ ጕዳይ ምቁራጽ ርክብ ሓድሕዳዊ መሰላትን ኣብ ጕዳይ ሓገዝ ዘለዎ ሓበራዊ ሓላፍነትን ዝምልከት እዩ።

ኣፍልጦ ናይቲ ውላድ ተቐባልነት ንኽህልዎ፡ እዚ ዝስዕብ ኲነታት ክማላእ ይግባእ፧

- እቲ ባይሎጅያዊ ኣቦ ጥራይ፡ ኣፍልጦ’ዚ ቈልዓ’ዚ ክህብ ይኽእል። እቲ ኣፍልጦ ዝህብ ሰብ፡ ሕማቕን ጽቡቕን ፈላልዩ ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ክህልዎ ይግባእ።
- እቲ ኣፍልጦ ዝህብ ሰብ፡ ትሕቲ ዕድመ ምስ ዝኸውን ወይ ክልከላ ምስ ዝግበረሉ፡ ወለዱ ወይ መጕዚት ክቕበልዎ ኣገዳሲ እዩ።

ኣቦ’ቲ ቈልዓ ምስ ካልእ ሰበይቲ ምስ ዝምርዓው፡ እዚ ኣፍልጦ’ዚ ተግባርነት ክህልዎ ይኽእል። እዚ መስርሕ ኣፍልጦ፡ ቅድሚ ወይ ድሕሪ ሕርሲ ክፍጸም ይኽእል እዩ።

እታ ኣደ፡ ንውላዳ ኣብ ዝሓረሰትሉ ግዜ እንተተመርዕያ፡ ኣብ ክንዲ በዓል-ቤታ ብምኳን ንኣቦነት ንኽትቕበል ሕጊ የፍቅድ እዩ። እቲ በዓል-ቤታ፡ ኣቦ ናይቲ ቈልዓ እንተዘይኮይኑ፡ እዚ ናይ ውልድነት ዝምድና፡ ኣፍልጦ ከም ዝርከብ ቅድሚ ምግባሩ ክፈርስ ይግባእ። ኣብ መወዳእታ፡ መስርሕ ክሕደት፡ ኣብ ቅድሚ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ክካየድ ይግባእ።

ኣቦ፡ ኣፍልጦ ናይቲ ቈልዓ ምስ ዝነጽግ፡ ኣደ ወይ ውላድ፡ ንሕቶ ኣቦነት ከቕርቡ ኣለዎም፣ እቲ ኣቦነት ድማ ብፍርዳዊ መስርሕ ክፍጸም ይከኣል እዩ።

እቲ ንኣፍልጦ ኣመልኪቱ ዝተዋህበ ውሳኔ፡ ዘይቅየር ውሳኔ እዩ። እዚ ኣፍልጦ’ዚ፡ ኣብ መንጐ ተፈጥሮኣዊ ኣቦን ውላድን ዝፍጸም እዩ። እቲ ኣፍልጦ ዝረኸበ ውላድ፡ ካብ ኣቦኡ ውርሻ ንኽረክብ ብፍሉይ መሰል ኣለዎ፣ ቀለብ ቈልዓ ንኽረክብ ድማ መሰል ኣለዎ።

> መስርሕ ኣፍልጦ ኣቦነት ጀምሩ
> vd.ch > Thèmes > Population > État civil > Reconnaissance

# 8.3 መርዓ



## ብሓጺሩ

መሰል ምምርዓው፡ ኣብ ፈደራላዊ ቅዋም ዝሰፈረ እዩ። ነዚ ንኸተግብር ሓላፍነት ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ እዩ። ስዊዘርላንድ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንዝተኻየደ መርዓታት ኣፍልጦ ትህብ እያ።

## ኩነታት

እቶም ዝተጻመዱ ሰባት፡ ስዊዘርላንዳውያን ይኹኑ ኣይኹኑ፡ ነቲ መርዓ ንኽፍጽሙ ነዚ ዝስዕብ ኩነታት ከማልኡ ይግባእ፧

- እንተወሓደ 18 ዓመት ዝገበረ።
- ሕማቕን ጽቡቕን ፈላልዩ ክርኢ ዝኽእል።
- ተምርዕዩ ዘይፈልጥ።
- ሓደ ካብ'ዞም ክልተ መጻምድቲ፡ ኣብ ትሕቲ መጕዚነት እንተልዩ፡ ሕጋዊ ወኪል ንኽረክብ ፍቓድ ዘለዎ።
- ዝኾነ ሓው (ብኣቦ ወይ ብኣደ ሓብቲ ወይ ሓው ዘጠቓልል) ዘይብሉ፡ ኣደ ወይ ኣቦ (ንምርዓም-ቈልዓ ዘጠቓልል) ዘይብሉ ወይ ዝምድና ኣቦነት ዘይብሉ።
- ሓደ ካብ ናይ መጻኢ መጻምድቲ፡ ዜግነት ስዊዘርላንድ ዘይብሉ ምስ ዝኸውን፡ መርዓ ክሳዕ ዝፍጸም ኣብ ስዊዘርላንድ ንኽቕመጥ ከም ዝፍቀደሉ ዘረጋግጽ መርትዖ ከቕርብ ይግባእ።

ከምዚ ዝስዕብ እንተኾይኑ፡ ክትምርዓዉ ኣይትኽእሉን ኢኹም፧

- ድሮ ዝተመርዓኹም ወይ ብምዝጉብ ዝምድና ዝተቖረንኩም እንተኼንኩም።
- ሕማቕን ጽቡቕን ፈሊኹም ናይ ምርኣይ ክእለት ምስ ዘይህልወኩም።
- ምስ መጻምድትኹም ጥቡቕ ዝምድና ምስ ዝህልወኩም።
- ነቲ ከም ወጻእተኛታት ተቐባልነት ዝረኸበ ኩነታት መርዓኹም ሓቢእኩም ውዕል መርዓ ምስ ትፍጽሙ።
- መርዓ፡ ዘይወለንታዊ ኮይኑ፡ ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ ዝተመርዓኹም ምስ ትኾኑ።

## ሕጋዊ መስርሕ መርዓ

ክትምርዓዉ መታን ክትክእሉ፡ ሕቶ መርዓ ናብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ከተቕርቡ ይግባእ።

CENTRE ADMINISTRATIF
DE L'ÉTAT CIVIL
021 557 07 07
vd.ch > Thèmes >
Population >
État civil > Mariage

እቶም መጻምድቲ ሕቶ ምስ ኣቕረቡ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ኩነታት ንዝቐርብ “መዳለዊ ስርዓት መርዓ ክፈቱ” ንዝብል ቅጥዒ ክትመልኡ ክድልየኩም እዩ። ነቲ ኩነታት ምርኩስ ብምግባር፡ ዝተፈላለየ ሰነዳት ከተቕርቡ ኣለኩም (ካብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ንዝውሃብ ሓበሬታ ብተገዳስነት ርኣይዎ)። ነዚ ሰነዳት ምስ ኣቕረብኩሙዎ፡ ንኹሉ ኩነታት ከም እተማልኡ ንምሕባር ንቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ብኣካል ብምኻድ ኣረጋግጹ። ናጻ ዝኾነ ፍቓድኩም ንኽትህቡ ዕንቅፋት ምስ ዘጋጥመኩም፡ ኣገልግሎታት ሓገዝ ድሉው እዩ። ሓደ ሰብ ንኽምርዖ ምግዳድ፡ ገበናዊ በደል እዩ፣ እቲ መርዓ ድማ ስሩዝ ይኸውን።

ተወሳኺ ሓበሬታ
6.3 ዘቤታዊ ዓመጽ

### ብግዱድ መርዓ ትጭነቑ ኣለኹም ዶ፧

ነቶም ኣብ ግዱድ መርዓ ዝርከቡ ወይ ዝምድና ንኽጅምሩ ወይ ንኽቋርጹ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ሰባት ጸቕጢ ይግበረሎም ንዘለዉ ሰባት ዝውሃብ ናጻ ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ንኽምዚኦም ሰባት ንዝከናኸኑ ክኢላታት ዝውሃብ ምኽሪ።

BUREAU CANTONAL POUR L’INTÉGRATION DES ÉTRANGERS ET LA PRÉVENTION DU RACISME (BCI)
Avenue de Sévelin 46
1014 Lausanne
021 316 49 59
info.integration@vd.ch
vd.ch/integration

ነቶም ኣብ ግዱድ መርዓ ዝርከቡ ወይ ዝምድና ንኽጅምሩ ወይ ንኽቋርጹ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ሰባት ጸቕጢ ይግበረሎም ንዘለዉ ሰባት ዝውሃብ ናጻ ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ንኽምዚኦም ሰባት ንዝከናኸኑ ክኢላታት ዝውሃብ ምኽሪ።

ኣብ’ቲ ብግቡእ ተዘርዚሩ ዝርከብ “ፍሉይ ቦታታት” ክትሓዝ ድማ ይከኣል እዩ (ንመርበብ-ሓበሬታ ሲቪላዊ ምዝገባ ተወከሱ)። እቶም ሕማቕን ጽቡቕን ኣለልዮም ክርእዩ ዝኽእል ክልተ ቀንዲ መሰኻኽር ብኣካል ክህልዉ ኣለዎም። እቶም ዝተሓጽዩ መጻምድቲ፡ ኣብ’ቲ መርዓ ዝፍጸመሉ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ንዝዝረብ ቋንቋ ምስ ዘይርድኡ፡ ኣስተርጓሚ ክጥቀሙን ምስኡ ንዝተኣሳሰር ወጻኢታት ድማ ክኸፍሉን ይግባእ።

ኣብዚ በዓል’ዚ፡ እቶም ክልተ መጻምድትን ክልተ መሰኻኽርን፡ ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተዳለወ መርትዖ መርዓ ይፍርሙ። እቲ መርዓ ኣብ ዝተወደኣሉ ግዜ፡ እቶም መጻምድቲ፡ ምስክር ወረቐት ስድራቤት ይቕበሉ።

እቲ ንሲቪላዊ መርዓ ዝኽፈል ክፍሊት፡ ብሓፈሻ ካብ CHF 300 ክሳዕ 500 ይፈላለ። ነቲ በዓል ኣብ ቀደም ምክያድ ወይ ካብቲ ኣብ ሎውዛን ዝርከብ ወግዓዊ ኣዳራሽ መርዓ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታ ምግባር ዝኣመሰለ ፍሉይ ድሌታት፡ ተወሳኺ ወጻኢታት ይሓትት እዩ። ብፍላይ ምምስካር ናይ ወጻኢ ሰነዳት ሲቪላዊ ኩነታት ዝኣመሰለ ስራሕ እንተልዩ፡ እቲ ክፍሊታት ልዑል ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ብሃይማኖታዊ ስርዓት ድማ ክትምርዓዉ ትኽእሉ እኳ እንተኾነ፡ ሲቪላዊ በዓል ምስ ተኻየደ ጥራይ እዩ።

## እቲ መርዓ ምስ ተሓበረ ክካየድ ዘለዎ ሕጋዊ መስርሓት

እቲ ኣብ ኩነታት መርዓኹም ዝተገብረ ለውጢ ንዝምልከተን መዝታት፡ ኣስራሒኹም፡ መዝታት ግብሪ፡ ባንክኹም፡ ኩባንያታት መድሕን ወዘተ ክትሕብሩ ይግባእ። ሓድሽ ውዕላት ክትፍጽሙ ከለኹም ድማ ብዛዕባ'ዚ ሓድሽ ኩነታት መርዓት ክትሕብሩ ይግባእ።

በቲ መርዓ ስምኩም ምስ ዝቕየር፡ ኣብ ወግዓዊ ሰነዳትኩም ድማ ለውጢ ክትገብሩ ይግባእ። ብፍላይ፡ ነዚ ዝስዕብ ሰነዳት ከተሐድስዎ ይግባእ፥

- ፓስፖርትን ወረቐት መንነትን።
- ምስክር ወረቐት AVS።
- ወረቐት ፍቓድ ምምራሕ ተሽከርከርትን መዘዋወሪ ፍቓድን
- ካርድታት ባንክን ክረዲት ካርድን።
- ሰነድ መበቆል ሃገር።

## ድሕሪ መርዓ፡ ንስም ኣቦ ምዕቃብ ወይ ምቕያር

ነፍሲ-ወከፍ መጻምድቲ፡ ስሙን መበቆል ሃገሩን ይዕቅብ እዩ። እንተኾነ ግን መጻምድቲ፡ ስም ኣቦ ናይ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ከም ናይ ሓባር ስም ኣቦ ክጥቀሙ ከም ዝደልዩ ክገልጹ ይኽእሉ እዮም። ውሉድ ናይ'ቶም ዝተመርዓዉ ወለዲ፡ ብሓበራዊ ስም ኣቦ ይጽዋዕ ወይ – ወለዲ ዝተፈልየ ስም ኣቦ ምስ ዝህልዎም ድማ – እቲ ኣብ ግዜ መርዓ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ዘይተመርዓዉ እንተኾይኖም ድማ ነቲ ኣብ ዝተወልድሉ እዋን ወለዲ ዝመረጽዎ ንጽል ከለዉ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ስም ኣቦ ይጽውዑ፧ ነዚ ምርጫኦም ድማ ኣብ እዋን መርዓ ክሕብሩ ናይ ግድን ኣይኮነን። ሓደ ካብ ወለዲ፡ ነቲ ናይ ወለዲ ስልጣን ንበይኑ ምስ ዝጥቀም፡ እቲ ቈልዓ፡ ስም ኣቦ ናይ'ቲ ወላዲ ይወስድ። እቶም ወለዲ ዝተመርዓዉ እንተኾይኖም ድማ ናይ ወለዲ ስልጣን ከም ዝጥቀሙ ተገንዘቡ።

ብሓባር ዝፍጸም እዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ቈልዓ ናይ መጀመርታ ቈልዓ እንተዘይኮይኑ፡ እቶም ዝስዕቡ ቆልዑ፡ ብመሰረት መትከል ሕብረት ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ናይቲ መጀመርታ ቈልዓ ዝተመርጸ ስም ስድራ ክጥቀሙ ከድልዮም እዩ።

ከም ወረቓቕቲ መንነት ዝኣመሰለ ቀድሚ ሕጂ ዝነበረ ሰነዳት፡ ድሕሪ ጋድም ሕንጣት ንስም ኣቦ ናይ መጻምድቲ ብምግባር ድሕሪኡ ናይ ስድራ ስም ክትጥቀም ከም ዝከኣል ክትግንዘቡ ይግባእ።

ብተወሳኺ፡ ምፍራስ ሓዳር ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ እቲ ሕጋዊ መስርሕ ፍትሕ ክዛዘም ከሎ ወይ ድሕሪ ሞት ሓደ መጻምድቲ፡ እቲ ኣብ መርዓ ንስሙ ዝቐየረ መጻምድቲ፡ ናብ'ቲ ንጽል ከሎ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ስም ንኽቕይሮ ንቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክሕብር ይኽእል እዩ።

ካብ ንጽል
ኣስማት መጻምድቲ
ምረጹ

vd.ch > Thèmes > Population > État civil > Mariage > Choix du nom de famille et lieu d’origine (droit de cité)

# 8.4 ኣብ እዋን ሞት ዝውሰድ ቅጥዕታት

## ብሓጺሩ

ሞት ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ፡ ብዛዕባ ቦታ ሞት ብምሕባር ኣብ ውሽጢ 2 መዓልታት ኣብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ክምዝገብ ይግባእ። እቲ ዝሞተ ሰብ ናይ ወጻኢ ዜጋ ምስ ዝኸውን፡ እቶም ብዛዕባ ሞቱ ንሰበ-ስልጣናት መበቆል ሃገሩ ዝሕብሩ ሰባት ኣዝማዱ እዮም። እቲ ሞት ኣብ ወጻኢ ሃገር ምስ ዘጋጥም፡ ብዛዕባ'ቲ ሞት ዝምልከት ሓበሬታ፡ ብመንገዲ ኣብ'ቲ ሞት ዘጋጠመሉ ቦታ ዝርከብ ወኪል ስዊዘርላንድ ንመዝገብ ሲቪላዊ ኩነታት ስዊዘርላንድ ክሕበር ይግባእ።

ሞት ሓደ መጻምድቲ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ እቲ ኣብ ግዜ መርዓ ስሙ ዘቐየረ መጻምድቲ፡ ናብ'ቲ ንጽል ከሎ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ስም ንኸቐይሮ ንቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክሕብር ይኽእል እዩ።

እቲ ዝሞተ ሰብ ዝቐመጠሉ ኣብ ዝነበረ ቦታ ምርኩስ ብምግባር፡ ንመዝገብ ምምሕዳር ኣውራጃ ክሕበር ድማ ኣገዳሲ እዩ። ብዙሓት ምምሕዳራት ከተማ ስዊዘርላንድ፡ ንቐብሪ (መቓብር፡ ምንዳድ ሬሳ፡ ስርዓት ቀብሪ፡ ወዘተ) ናጻ ኣገልግሎታት ይህባ ስለዝኾና፡ ነዚ ኣገልግሎታት'ዚ ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት ክትጥቀሙሉ መታን ክትክእሉ ኣቐዲምኩም ብምሕባር ለባማት ክትኮኑ ኣለኩም።

ምስ ቀብሪ ዝተኣሳሰር ወጻኢታት ገንዘብ ክኽፍል መታን ክከኣል፡ ነቲ ብስም ዝሞተ ሰብ ኣብ ሕሳብ ባንኪ ዘሎ ገንዘብ ንኸውሃብ ንባንኪ ምሕታት ይከኣል ምኺኑ ተገንዘቡ። መብዛሕትን ትካላት፡ እቲ ሰብ ኣብ ዝሞተሉ ግዜ ነቲ ዘለዎ ሕሳባት (ንግብሪ ውርሻ ኢለን) ከም ዘይንቀሳቐስ ይገብራኦ እኳ እንተኾና፡ ገለ ባንክታት ግን እቲ ገንዘብ ንኽወጽእ የፍቅዳ እየን።

> **ምልክታን ምዝገባን ሞት**
> vd.ch > Thèmes > Population > État civil > Décès

## ስርዓት ቀብሪ

እቲ ዝሞተ ሰብ፡ ናብ መዐቀቢ ቦታ ከም ዝጉዓዝ ክግበር ይግባእ። ብሓፈሻ፡ "መረጋገጺ ሞት" ካብ ቤት ጽሕፈት ሲቪላዊ ምዝገባ ምስ ተዋህበ፡ እቲ በዓል-መዚ ምምሕዳር ኣውራጃ፡ ንምግዕዓዝን ምቕባርን እቲ ሬሳ ፍቓድ ይህብ። እቲ ምግዕዓዝ፡ ብDépartement de la Santé et l'action sociale (DSAS) ፍቓድ ብዝተዋህበ ዳይረክተር ቀብሪ ይካየድ። ብዛዕባ'ቲ ምግዕዓዝ ድማ ኣቐዲምካ ንዝምልከቶም መዝታት ክትሕብር ይከኣል እዩ። ቀብሪ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ፡ እቲ ሰብ ምስ ሞተ ካብ 48 ሰዓታት ክሳዕ 98 ሰዓታት ክካየድ ኣለዎ። ኣብ ኣውራጃ ምርኩስ ብምግባር ድማ ቀብሪ፡ እቲ ሰብ ምስ ሞተ ክሳዕ 5 መዓልታት ኣብ ዘሎ ግዜ ክካየድ ይከኣል እዩ፣ እዚ ግን እቲ ሬሳ ኣብ ክፍሊ በረድ ከም ዝዕቀብ ምስ ዝግበር እዩ።

ስዊዘርላንድ፡ ብዙሕ ዝዓይነቱ ስርዓታት ቀብሪ ተእንግድ። እቲ ውዱቤ ቀብሪ፡ ኣብ ዓይነት'ቲ ዝተመርጸ ኣገባብ በዓል ብዓቢ ደረጃ ይምርኮስ እኳ እንተኾነ፡ ዓይነቱ ብዘየገድስ፡ እቲ ዝተመርጸ በዓል ቀብሪ፡ ገለ መሰረታዊ ሎጂስቲክስ የድልዮ እዩ፣

- ምግዕዓዝ ሬሳ።
- ምርጫ ቦታ፡ ዕለትን ሰዓትን በዓል።
- ዝርዝር ኣስማት ዕዱማት።
- ምልክታ ቀብሪ (ንኣብነት፣ ምስ ምልክታ ቤት ጽሕፈት እንዳ-ሬሳ)።

## ርክብን ትእዛዝን ናይ'ቶም ንሲቪላዊ ኩነት ዝምልከቱ ሰነዳት

ንሲቪላዊ ኩነት ዝምልከቱ ሰነዳት (ምስክር ወረቐት ልደት፡ ምስክር ወረቐት ሞት ወዘተ) ንኽወሃቡኹም ትእዛዝ/ጠለብ ከተቐርቡ ምስእትደልዩ፡ ናብ ነቒጣ መርበብ ሓበሬታ ናይ ዝምልከቶ ምምሕዳር ከተማ ብምእታው ወይ ድማ ከም ካልኣይ ኣማራጺ ናብ ምምሕዳራዊ ማእከል ብምድዋል ከተተግብርዎ ትኽእሉ ኢኹም። ድሕርዚ እቶም ሰነዳት ብፖስታ ክለኣኹልኩም እዮም።

CENTRE ADMINISTRATIF
DE L'ÉTAT CIVIL
021 557 07 07
vd.ch/etat-civil
vd.ch > Thèmes >
Population > État civil >
Commander un acte d'état civil

ምኽሪ
ብዛዕባ'ዚ ለውጥታት ድማ ንቐንስል ወይ ኤምባሲ መበቆል ሃገርኩም ምሕባር ኣይትረስዑ።


ኣብ'ዚ ዝውሰድ ስጕምታት ንኽጽንበር፡ ንዳይረክተር ቀብሪ ምድዋል ዝተለምደ ነገር እዩ።

እቶም ዳይረክተራት ቀብሪ፡ ናይ ውልቂ ይኹኑ ናይ መንግስቲ (ወግዓዊ)፡ ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ ኣቐዲሞም ክድግፍኹምን ኣብ ምምሕዳራዊ ቀጥዕታት ከምኡ'ውን ውደባ ቀብሪ ክሕግዝኹምን ይኽእሉ እዮም። ኣብ መንጐ ስድራ'ቲ ዝሞተን ዝተፈላለዩ ትካላት ሓገዝን ናይ ምውህሃድ ተራ ኣለዎም፡ ከም ምሕጻብን ክንክንን ሬሳ ዝኣመሰለ ኣገልግሎታት ድማ ክህቡ ይኽእሉ። ሰራሕተኛታት ናይ'ተን ክንክን ሬሳ ዝገብራ ናይ ቀብሪ ኩባንያታት፡ እቲ ክንክን፡ ንክብረት'ቲ ዝሞተ ሰብ ብዘኽብር ከምኡ'ውን ንባህልን ሃይማኖታውን ልምድታት ብዝዕቅብ ኣገባብ ከም ዝተኻየደ የረጋግጹ። ዳይረክተራት ቀብሪ፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ እቲ ንዓኹም ትርጕም ዘለዎ ናይ ዝኸሪ ግዜ ንኽውድቡ ፍቓደኛታት እዮም። ብዛዕባ ቀብርን ዘለኩም እምነትን ዝምልከት ንስኹም እትደልይዎ ወይ እትብህግዎ ነገር እንተልዩ፡ ንዘለኩም ትጽቢታት ብዝግባእ ዝፍጽመሉ ኣገልግሎታት ዘለዎን ዝኾነ ፍርዲ ከይሃበ ልዑል ኣኽብሮትን ክንክንን ክገብር ዝኽእልን ዳይረክተር ቀብሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ዝርዝር ኣስማት ዳይረክተራት ቀብሪ ከምኡ'ውን ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ Direction Générale de la Santé ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

DIRECTION GÉNÉRALE
DE LA SANTÉ
OFFICE DU MÉDECIN
CANTONAL
Avenue des Casernes 2
1014 Lausanne
021 316 18 00
vd.ch > Thème > Santé, soins et handicap > Pour les professionnels > Autorisations de diriger et d'exploiter > Inhumations et pompes funèbres





# 9 ግብራዊ ህይወት

9.1 ናብ ኣውራጃ VAUD ምምዓዝ 92
9.2 ፋይናንስ 94
9.3 ተሌኮሙኒኬሽንን ዕድግን 96

# 9.1 ናብ ኣውራጃ VAUD ምጒዓዝ

## ብኣውቶቡስን ሜትሮን

Mobilis፡ ኣብ መላእ ኣውራጃን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከባ 309 ምምሕዳራትን ዘገልግል ብቑዕ ንጽል ቲኬት እዩ። ከም ድሌትኩም ኣብ ንሓድሕዱ ብምውህሃድ ንኹሉ ኣገባባት ህዝባዊ መጓዕዝያ ንኽትጥቀሙ ይገብረኩም።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
mobilis-vaud.ch

ንሓደ እግሪ ጕዕዞ፡ ቲኬታት ኣውቶቡስ፡ ኣብ ፌርማታ ኣውቶቡስ ወይ ብመንገዲ ስማርት ተሌፎናት ብቐጥታ ክዕደግ ይከኣል። ኣብ ገለ ምምሕዳራት ከተማ ድማ ቲኬታት፡ ካብ መራሒ ኣውቶቡስ ክዕደግ ይከኣል።

## ብባቡር

መርበብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ስዊዘርላንድ፡ ሰፊሕ ኮይኑ፡ ኣዝዩ ዝመዓበለ ድማ እዩ። ፈደራላዊ መንገዲ ባቡር ስዊዘርላንድ (CFF)፡ ኣብ መላእ ስዊዘርላንድ ብህዝባዊ መጓዓዝያ (ባቡር፡ ኣውቶቡስ፡ ጃልባ፡ ሜትሮ፡ ወዘተ) ከጕዓዕዘኩም ዝኽእል ሓፈሻዊ ናይ ወቓተ ቲኬት (AG) ወይ ድማ ብፍርቂ ዋጋ ከጕዓዕዘኩም ዝኽእል ናይ ፍርቂ-ዋጋ ናይ ወቓተ ቲኬት ዝኣመሰለ ናይ ወቓተ ቲኬታት ኣለዎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ጥቓኹም መደበር ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት ተወከሱ ወይ ንመርበብ-ሓበሬታ CFF ተወከሱ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
cff.ch

### Mobilis – Vaud

ኣብ ኣውራጃ Vaud፡ ማዕረ AG ዘገልግል ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ መላእ ግዝኣት Vaud ንኽትጕዓዓዙ ወይ ፍሉይ ጕዕዞ (ንኣብነት፡ ካብ Lausanne – Yverdon-les-Bains) ብህዝባዊ መጓዓዝያ ንኽትፍጽሙ ዝገብረኩም ናይ Mobilis ምዝገባ እዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
mobilis-vaud.ch

እቲ ኣዝዩ ዘርብሓኩም ምዝገባ ንኽትመርጹን ነቲ መዓልታዊ እትገብርዎ ጕዕዞ ብዝበለጸ ዝሰማማዕ እንታይ ምዃኑ ንኽትፈልጡን፡ ካብ መደበራት ካብ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት እኹል ሓበሬታ ክትረኽቡ ኣገዳሲ እዩ።

### ናይ መዓልቲ መሕለፊ ወረቐት

ገለ ምምሕዳራት ከተማ፡ ናይ መዓልቲ መሕለፊ ወረቐት ብዝተመርጸ ዋጋታት ንተቐማጦኦን ይህባ እየን፤ እዚ ድማ ብተሌፎን፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወይ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ምምሕዳር ከተማ ክትሓዝ ይከኣል እዩ።

### ልዑል ቀጣብነት ዘለዎ ቲኬታት

CFF፡ ኣብ ሰሌዳ ግዜ ምርኩስ ብምግባር፡ ንልዑል ቀጣብነት ዘለዎ ቲኬታት (= ጕደሎ ዋጋ) ይህቡ እዮም። ነዚ ሓበሬታ'ዚ ንምርካብ፡ ናብ መርበብ-ሓበሬታ CFF ከፊትኩም ርኣዩ ወይ ናይ ሞባይል ኣፕሊኬሽን CFF ኣውርዱ (ዳውንሎድ ግበሩ)።

### ምስ ቈልዑ ምጒዓዝ

ትሕቲ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ፡ ብቑዕ ቲኬት ምስ ዝሓዘን ከምኡ ኸኣ 12 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ምስ ዝዕድሚኡን ዝጕዓዝ እንተኾይኑ፡ ብናጻ እዩ። ካርድ ንኣሽቱ፡ ኣብ ዓመት CHF 30 ይኽፈል፡ ነቶም ካብ 6 ዓመት ጀሚሩ ንዝኾነ ዕድሚኦም ድማ ይውሃብ።

**መጠንቀቕታ**

ኣብ ገፊሕ ጽርግያ ስዊዘርላንድ ንምዝዋር፡ ነቲ ኣብ ቀዳማይ ቬትሮ እትጥቀዕዎ ዓመታዊ ክፍሊት (CHF 40) ክትዕድጉ ግድነታዊ እዩ። ኣብ መደበራት ኣገልግሎት፡ ክዮስ ወይ ቤት ጽሕፈት ፖስታ ክረክብ ይከኣል እዩ። እቲ ዓመታዊ ክፍሊት፡ ክሳዕ 31 ጥሪ ዝጸንሕ እዩ። ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ፡ ነቲ ሓድሽ ስቲኬር ብምርካብ ኣብ ቀዳማይ ቬትሮኹም ክትጥቀዕዎ ከድልየኩም እዩ።

ብቑዕ ቲኬት መጓዓዝያ ምስ ዘለዎ ሓደ ካብ ወለዲ ተሰንዩ ዝመጽእ ካብ ዓመት ክሳዕ 16 ዓመት ዝዕድሚኡ ቈልዓ፡ ህዝባዊ መጓዓዝያ ንምሉእ ዓመት ብዘይ-ክፍሊት ክጥቀም ይኽእል። ናይ ንኣሽቱ ካርድ፡ ካብ 3ይ ክፍሊ ጀሚሩ ብናጻ እዩ።

## ብማኪና

እቶም ናይ ወጻኢ ፍቓድ ምምራሕ ማኪና ዘለዎም ሰባት፡ ነቲ ናይ ወጻኢ ወረቐት ፍቓድ ናብ ሰነድ ስዊዘርላንድ ንምልዋጥ፡ ኣብዛ ሃገር ካብ ዝኣተውሉ እዋን ናይ 12 ኣዋርሕ ግዜ ኣለዎም። ኣብ መበቆል ሃገር ምርኩስ ብምግባር፡ ናይ ግብሪ ከምኡ'ውን/ወይ ናይ ቃል ፈተና ንኽወስዱ ክሕተቱ ይከኣል እዩ።

SERVICE DES AUTOMOBILES ET DE LA NAVIGATION
Avenue du Grey 110
1014 Lausanne
021 316 82 10
isan.navigation@vd.ch
vd.ch/san

## ብብሽክለታ

ብሽክለታ፡ ሓጺር ጕዕዞታት ንምፍጻም፡ ግብራዊትን ንኣከባቢ ዘይተብክልን ኣገባብ መጓዓዝያ እያ። መከላኸሊ ቆብዕ ምውዳይ፡ ግድነታዊ እኳ እንተዘይኮነ፡ ብጥብቂ ግን ይምከር እዩ።

ኣውራጃ Vaud፡ ኣብ ጕድንታት ጽርግያን መወዳደሪ ምረሻን መዐሸጊ ብሽክለታትን ንዝርከብ መገድታትን መስመራትን ብሽክለታት (ብጫ ዝሕብሩ መሐበሪ መገዲ) ንኽምዕብል ንሓያሎ ዓመታት ምትብባዕ ትገብር ኣላ።

ገለ ከተማታት፡ ክራይ ብሽክለታታት ይህባ እየን።

ተወሳኺ ሓበሬታ
publibike.ch/fr/publibike

ገለ ምምሕዳራት ከተማ፡ ንኽፉል ዋጋ መዐደጊ ናይ ኤለክትሪክ ብሽክለታ ብምድጓም እተን ብሽክለታት ንኽዕደጋ የሳልጣ እየን።

# 9.2 ፋይናንስ

## ኣብ ኣውራጃ ዘሎ ክብሪ መነባብሮ

ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ህይወት፡ ኣብ ዓለም ኤውሮጳን ምስ ዘለዋ ካልኦት ሃገራት ክነጻጸር ከሎ፡ ብመጠኑ ክብር ዝበለ እዩ። እቲ ማእከላይ ደሞዝ፡ ኣብ ወጻኢ ይቑመጡ ንዝነበሩ ሰባት ኣዝዩ ልዑል እኳ እንተመሰሎም፡ እቶም ኣብዛ ሃገር ዝተጣየሱ ሰባት ግን እቲ ክብሪ መነባብሮ ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ይዕዘቡ እዮም።.

ተወሳኺ ሓበሬታ፡-
bit.ly/3d9e8DE

## ሕሳብ ባንኪ ወይ ፖስታ ምኽፋት

ሕሳብ ባንኪ ወይ ፖስታ ብምኽፋት፡ ደሞዝኩም ወይ ካልእ ምንጪ ኣታዊ ክትክፈልሉ፣ ቢላት ክትከፍሉን ልቓሕ ድማ ክትሓቱን ትኽእሉ። ብመትከል፡ ዝኾነ ዓቢ ሰብ፡ ወግዓዊ ወረቐት መንነት ብምቕራብ፡ ሕሳብ ባንኪ ንኽኸፍት ናጻ እዩ። ፍቓድ መንበሪ ወይ መርትዖ መንበሪ ድማ ክሕተት ይከኣል እዩ።

## ክፍሊታት ምፍጻም

ንክፍሊታትኩም፡ ኣብ ባንኮ ባንኪ ወይ ቤት ጽሕፈት ብምኻድ ብወረቐት ወይ ብኢንተርነት ወይ ብስማርት ተሌፎን ክትፍጽሙ ትኽእሉ ኢኹም።

## ጠንቀቕታ

ክፍሊታት ኣብ ምፍጻም ምስትድንጐዩ፣ ተወሳኺ ወጻኢታት ክትከፍሉ ክትግደዱን ብፋይናንሳዊ ጕዳይ ድማ ክሲ ክቐርበልኩምን ይከኣል እዩ።

እዚ መስርሕ ክሲ፡ ኣለቃሒ (እቲ ገንዘብ ዘለቀሔ ኣካል)፡ ክሳዕ እቲ ዝኽእሎ ብምግባር፡ ተለቃሒ (እቲ ገንዘብ ዝተለቅሔ ኣካል) ነቲ ዝተለቅሖ ገንዘብ ንኽመልስ መንግስቲ ንኽገድድ ዝገብር እዩ። እዚ ፋይናንሳዊ ክሲ፡ ኣብ ሓደ ስምምዕ ምስ ዘይበጽሕ፡ ነቲ ገንዘብ ዘምልስ ወኪል ምእካብ ዕዳ ክድኢ ይኽእል እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
4.1 መፍትሒ ምርካብ

## ገንዘብ ናብ ወጻኢ ሃገር ምስዳድ

ናብ ወጻኢ ሃገር ገንዘብ ንኽትሰዱ ኣገልግሎት ባንክ፡ ኣገልግሎት ፖስታ ወይ
ኣገልግሎት ናይ ትካል ሓዋላ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።

### ብባንኪ ዝግበር ምትሕልላፍ ገንዘብ

እዚ ኣገባብ ክፍሊት፡ ኣዝዩ ውሑስ እኳ እንተኾነ፡ ክልቲኦም ሰባት ግን ሕሳብ ባንኪ ክህልዎም ኣለዎ። ስለዚ፡ ካብ ባንኮ ባንኪ፡ ብተሌፎን ወይ ብኦንላይን፡ ነቲ ትእዛዝ ምትሕልላፍ ገንዘብ ክትሰድዎ ትኽእሉ። እቲ መስደዲ ወጻኢታት፡ ኢንተርነት ብምጥቃም ክጐድል ይኽእል እዩ።

### ብጶስጣ

La Poste፡ ልክዕ ከምቲ ባንኪ ዝህቦ ኣገልግሎት ይህብ፣ ሓደ ተወሳኺ ኣማራጺ ግን ኣለዎ፣ ንሱ ድማ እቲ ተቐባላይ ሕሳብ ክህልዎ ኣየድልዮን እዩ፣ ኣብ ባንኮ ብምኻድ ነቲ ገንዘብ ከውጽኦ ይኽእል እዩ።

### ብኩባንያ ምትሕልላፍ ገንዘብ

ኩባንያ ምትሕልላፍ ገንዘብ፡ (ክብር ዝበለ እኳ እንተኾነ) ኣዝዩ ስሉጥ ብምዃኑ ረብሓ ኣለዎ። ጥረ-ገንዘብ ኣብ ሓደ ባንኮ ብምኻድ ክኣቱ ይከኣል፣ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ዘሎ ባንኮታት ብምኻድ እነቲ ገንዘብ ክወጽእ ይከኣል።

## ብዛዕባ ምሕደራ ባጀት ዝምልከት ሕቶታት

### Parlons Cash!

ብዛዕባ ምሕደራ ህሉው ባጀትኩምን ዕዳኹምን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ መስመር ሓገዝ ኣሎ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
0840 43 21 00

ብዛዕባ ዕዳን
ልዕሊ ግቡእ በዓል-ዕዳ
ምዃንን ዝምልከት
ሓበሬታ
vd.ch > Thèmes > Aides financières et soutien social > Dettes et surendettement > Parlons Cash!

### ናይ ፓጅለ ትምህርቲ

ናይ ፓጅለ ትምህርትን ናይ ውልቂ ምክትታልን፡ ምስ CARITAS Vaud፡ CORREF ከምኡውን Fédération Romande des Consommateurs (FRC) ብምትሕብባር ቀይመን ኣለዋ።

# 9.3 ተሌኮሙኒኬሽንን ዕድግን

## ኢንተርነትን ተለቪዥንን

### SERAFE: ክፍሊታት ፍቓድ ራድዮን ተለቪዥንን

ሬድዮ ንምስማዕ፡ ተለቪዥን ንምዕዛብ ወይ ናይ ኢንተርነት ርክብ ንምህላውን እትጥቀሙሉ መሳርሒት ምስ ትህልወኩም፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ዘለዋ ኩለን ናይ ውልቅን ናይ ሓባርን ስድራቤታት ክምዝገቡን ክፍሊት SERAFE ድማ ኣብ ዓመት CHF 335 ክኸፈሉን ይግደዱ። እዚ ክፍሊት፡ ብውልቂ ዘይኮነስ ብስድራቤት ይኽፈል። እቲ ነፍሲ-ወከፍ ስድራቤት ንህዝባዊ ኣገልግሎት ኢላ ኣብ ዓውዲ ኤለትሮኒካዊ ሚድያ እትኸፍሎ እጃም።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
serafe.ch/fr/redevance/ensemble-de-la-redevance

ስድራቤትኩም፡ ናይ ኢንተርነት ርክብ እንተልዩዋ፡ ንሬድዮን ተለቪዥንን ዝምልከት ክፍሊት ፍቓድ ክትከፍሉ ትግደዱ። ዘይትኸፍሉ እንተኼንኩም፡ እሞ ኸኣ ክፍሊት ፍቓድ ተለቪዥን ክትከፍሉ ምስ ዘይትደልዩ፡ ነቲ ኣብ ገዛኹም ዝስኳዕ ሶኬት መርበብ ተለቪዥን ክህልወኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
serafe.ch/fr
058 201 31 67

## ዓበይቲ ድኳናት CARITAS

ዓበይቲ ድኳናት Caritas፡ ኣብ Lausanne፡ Veveyን Yverdon-les-Bainsን ካብ ዘሎ ዋጋታት ዕዳጋ ብ30 ክሳዕ 50% ዝሓሰረ ልዕሊ 150 መሰረታዊ ፍርያት ዝሸየጠሉ እዩ። እቶም ካርድታት ባህሊ ዘውንኑ ጽጉማት ሰባት ጥራይ፡ ኣብ'ዚ ዓበይቲ ድኳናት ንኽገዝኡ ይፍቀደሎም። እዚ ካርድ ባህሊ፡ ኣብ ዓበይቲ ድኳናት Caritas ንኽዕድጉ የኽእሎም፣ ኣብ ድኳናት ክዳውንቲ Caritas Vaud ድማ ብጎደሎ ዋጋ ንኽዕድጉ ዕድል ይህቦም። ካርድ ባህሊ ንምርካብ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ሊንክ ንዘሎ ቅጥዒ ክትመልኡ ትኽእሉ ኢኹም፡

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
carteculture.ch/vaud/demander-une-carteculture/comment-puis-je-obtenir-la-carteculture

**Épicerie Caritas Lausanne**
Avenue du Rond-Point 8
1006 Lausanne
021 317 59 80

**Épicerie Caritas Vevey**
Avenue Reller 4
1800 Vevey
021 319 59 81

**Épicerie Caritas Yverdon**
Rue des Philosophes 13
1400 Yverdon-les-Bains
021 317 59 80




# 10 ምዝንጋዕን ማሕበራዊ ህይወትን

10.1 ቈልዑን መንእሰያትን 98

10.2 ዓበይቲ 100

# 10.1 ቈልዑን መንእሰያትን



## ንጥፈታት ወለዲ-ቈልዑ

ዋልደንሳዊ ክኸውን ምኽን፡ መሰላትን ግቡኣትን ምህላው ጥራይ ኣይኮነን፣ ኣብ ህይወት ከባቢ ምስታፍን ንእትፈትውዎ ንጥፈታት መዘናግዒ (ሆቢ) ድማ ምትግባርን እዩ። ነዚ ንምትግባር፡ ገለ ሓበሬታን ኣጠቓላሊ ዘይኮነ ዝርዝር ንጥፈታትን ኣብ ታሕቲ ክትረኽቡ ኢኹም። ገለ ኣድራሻታት ንጥፈታት ቈልዑ ወይ ስድራቤት ኣብ ዝስዕብ ክፍሊ ክትረኽቡ ኢኹም።

### Maisons vertes

Maisons vertes (ሓምላይ ገዛውቲ)፡ ነቶም ብዓበይቲ (ወለዲ ወይ ነቲ ቆልዓ ብሓላፍነት ዝኣሊ ካልእ ዓቢ ሰብ) ዝተሰነዩ ክሳዕ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ኲሎም ቆልዑ ክፉት ዝኾነ መቐበሊ፡ ሓሳብ መወሃሃብን መቀባበልን ቦታታት እዩ።

ከም MAISON VERTE
ዝኣመሰላ ማሕበራት
ቈልዑ-ወለዲ
vd.ch > Autorités >
Département de la
formation, de la jeunesse et de la culture
(DFJC) >
Direction générale de l’enfance et de
la jeunesse (DGEJ) > Dépliant Lieux
d’accueil enfants-parents (tout public)

### Arc-Échange

ንማሕበራዊ ውህደትን ማሕበራዊ ምትእስሳርን ንምሕያል፣ ንዝምድና ወለዲ-ቈልዑ ደገፍ ንምሃብን ነቲ ውላድኩም ምስ ሰባት ንዝገብሮ ምምሕባር ንምትብባዕን፡ ንወለድን ካብ 0 ክሳዕ 5 ዓመት ንዝዕድሚኦም ቈልዑን ዝኸውን ናይ ኣኼባን ዘርርብን ቦታ እዩ። ARC-Échange፡ ስድራቤታት ንዘለወን ክብርታት ከብሪ ብምሃብ ይቕበለን።

ኣብ ሓያሎ ቦታታት ኣውራጃ Vaud ዝማላእ ድሌታትን ምትእስሳራትን ነፍሲ-ወከፍ ሰብ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
arc-echange.ch/home

### ፖርታል Vaudfamille

ናይ ኦንላይ ፖርታል Vaudfamille፡ ንቈልዑ ከምኡ’ውን/ወይ ንስድራቤት ዝኸውን ንጥፈታት ኣለዎ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
vaudfamille.ch > loisirs

### ማሕበራት

ብዙሓት ማሕበራት፡ ንንቕሓት ቋንቋ ንምሕያልን ምስ ካልኦት ቈልዑ ንምርኻብን ናጻ ንጥፈታት የዳልዋ እየን፣ ገሊኡ ድማ ኣብ ታሕቲ ከም ኣብነት ተዘርዚሩ ኣሎ።

ኣብ ንጥፈታት ብምስታፍ (ገለ ንጥፈታት፡ ወለዲ ክህልዉ ናይ ግድን’ዩ)፡ ካብቶም ብተንቀሳቓሲ ምስሊ ዘዳለውዎ ንጥፈታት (ኣኒሜተርስ) ንመዓልታዊ ህይወት ዝምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ክትክእሉ ኢኹም።

ኣብ ፖርታል “BIENVENUE
DANS LE CANTON DE VAUD”
ተዘርዚሩ ዘሎ ንጥፈታት
vaud-bienvenue.ch >
Infos pratiques >
Informations > Enfants

### 1001 histoires

1001 histoires፡ ኣብ ዛንታታት፡ ስኒት ቈልዑን ዛታታቶምን ዘተኮረ ብመበቆል ቋንቋታትን ብቛንቋ ፈረንሳን ዝተዳለወ ተንቀሳቓሲ ምስሊ (ኣኒሜሽን) የዳሉ። 1001 histoires፡ ብፍሉይ ንምትእስሳር ወለዲ-ቈልዑ ንኸሕይል፣ ወለዲ ኣብቲ ዘለዎም ተራ ደገፍ ንኽውሃቦምን ኣብ መንጎ ስድራቤታት ንዘሎ ምሕዝነት ንኸሕይልን ዝገብር እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
🌐 isjm.ch/promotion-de-lecture/1001-histoires

## ንቖልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ተባሂሉ ዝተዳለወ ካብ ካሪክሉም ወጻኢ ዚኾነ ንጥፈታት

ኣብ ኵሉ ቦታታት ኣውራጃ፡ ካብ ካሪክሉም ወጻኢ ዝኾነ ብዙሕ ንጥፈታት (ምትእኽኻብ በዓላት፡ ማእከላት ማሕበረ-ባህላዊ ንጥፈታት፡ ናይ መዓልቲ ንጥፈታት፡ ኣብያተ-ምኽሪ መንእሰያት፡ ወዘተ)፡ ብመንግዲ ማሕበራት፡ ምምሕዳራት ከተማ ንቈልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ይውሃብ ወይ ብጕጅለታት ንኣሽቱ መንእሰያት ብቐጥታ ከም ዝብገስ ይኽውንን ይካየድን።

ነዚ መደባት'ዚ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ከባቢኹም ንዘሎ ምምሕዳር ከተማ ተወከሱ ወይ ንመርበብ-ሓበሬታ Groupe de Liaison des Activités de Jeunesse ከፊትኩም ርኣዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
🌐 glaj-vd.ch

### ንመንእሰያት ዝኸውን ናይ መዘናግዒ ንጥፈታት

እዚ መርበብ-ነቑጣ፡ ዝርዝር ናይቲ ኣብ እዋን በዓላት ትምህርቲ Vaud ብቈልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ዝካየድ ናይ መዘናግዒ ንጥፈታት ንስድራቤታት ኣዳልዩ የቕርብ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
🌐 loisirsjeunes.ch/vaud

### Délégué cantonal à l'enfance et à la jeunesse

እቶም ንማሕበራዊ፡ ስፖርታዊ ወይ ባህላዊ ፕሮጀክት ዝውድቡ ጕጅለታት መንእሰያት፡ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንኽረኽቡ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም።

ብመንእሰያት ንዝምርሓ ፕሮጀክትታት ዝውሃብ ደገፍ
🌐 vd.ch > Thèmes > Population > Enfance, jeunesse et famille > Demander une aide financière pour un projet porté par des jeunes

### ciao.ch

መርበብ-ነቑጣ ciao.ch፡ ነቶም ቋንቋ ፈረንሳ ኣብ ዝዝረበሉ ክፋል ስዊዘርላንድ ንዝቕመጡ ካብ 11-20 ዓመት ንዝዕድሚኦም ንኣሽቱ መንእሰያት ዘድሊ ሓበሬታን መምርሕን ዘማልእ ዓቕምታት ሞያተኛታት ይቕርብ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
🌐 ciao.ch

# 10.2 ዓበይቲ



## ንማሕበራዊ ውህደት ዘሐይል ቅርጽታት

ወለንታውነትን ኮማዊ ህይወትን፡ ኣብ ሕብረተሰብ Vaud ኣገዳሲ ተራ ይጻወት። ገለ ካብተን ዘለዋ ማሕበረት፡ ብስደተኛታት ዝቖማ እየን። እዚ ቅርጽታት'ዚ፡ ንባህሊ መበቖል ሃገር ብምሕያል፡ ንወጻእተኛታት ኣብ ዝቕበሎም ዘሎ ሕብረተሰብ ንዝገብርዎ ውህደት ንምሕያል ዝዓለመ እዩ።

ነዚ ንምትግባር ድማ ብዙሕ ንጥፈታት፡ ሕብረ-ባህላዊ ፌስቲቫላት ወይ ንኣኼባታትን ምልውዋጥ ሓሳባትን ዝኸውን ክፉት ደገን የዳልዉ።

ንጥፈታት ብኦንላይን ርኸቡ
vaud-bienvenue.ch >
Infos pratiques >
Loisirs et citoyenneté

## ወለንታውነት

ወለንታውነት፡ ነቲ ዘለኩም ዓውዲ ክእለትን መርበብ ውከሳታትን ንምስፋሕ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ስራሕ ንኽትረኽቡ ከም መንጠሪ ባይታ ክኸውን ይኽእል።.

ተወሳኺ ሓበሬታ
3.2 ስራሕ ቅድሚ ምጅማር

## Bénévolat-Vaud: ንኮማዊ ህይወት ዘገልግል ማእከላት ክእለት

ነቲ ንዓኹም ክቡር ዝኾነ ተልእኾ ንምትግባር ወይ ማሕበር ንምቛም፡ ኣብ ሰሙን ውሑድ ሰዓታት ክትህቡ እንተደሊኹም፡ Bénévolat-Vaud፡ ኩሉ ጠቓሚ ሓበሬታ ክህበኩም ይኽእል እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
Avenue Ruchonnet 1
1003 Lausanne
021 313 24 00
benevolat-vaud.ch

## ናይ ከባቢ ኩባንያታት

ናይ ከባቢ ኩባንያታት፡ ተቐማጦ፡ ንሓድሕዶም ንኽፋለጡን ንኽዘናግዑን ዝግበሮም ስፖርት፡ ባህላውን ናይ መዘናግዕን ንጥፈታት ኣለወን። ብዛዕባኡ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንእትቐመጥሉ ምምሕዳር ከተማ ተወከሱ።

## ባህላውን ማሕበራውን ማእከላት

ኣብ መንጎ ወለዶታትን ባህልታትን ንዘሎ ማሕበራዊ ምትእስሳርን ርክባትን ዘሐይላ ባህላውን ማሕበራውን ማእከላት ኣብ ኣውራጃ Vaud ኣለዋ። ዝተፈላለየ ንጥፈታት ይካየድን ሰባት ንኽራኸቡ ድማ ይገብሮምን።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብን ኣብ ከባቢኹም ዘሎ እንታይ ምዃኑን ንምፍላጥ፡ ንእትቐመጥሉ ምምሕዳር ከባቢ ተወከሱ።

## ንኣህጉራውያን ሰራሕተኛታት ምቕባል

መቐበሊ መዓልታትን Reloc’coffeesን፡ ነቶም ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ኣውራጃ Vaud ዝመጹ ኣህጉራውያን ሰራሕተኛታትን መጻምድቶምን ተባሂሉ ብፍሉይ ዝተወፈየ መደባት እዩ። እዚ መደባት’ዚ፡ ኣብ ቤት ምክሪ ንግድን ኢንዱስትርን Vaud ብዝርከብ ኣገልግሎት “ኣህጉራዊ ምትእስሳር” ዝውደብ እዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
- cvci.ch/fr/ > Services > International Link > Accueil et intégration

## ስፖርትን ጥበባዊ ንጥፈታትን

ብዛዕባ ስፖርት ወይ ጥበባዊ ንጥፈታት (ኩዑሶ ሰኪዔት፡ ኩዑሶ እግሪ፡ ሳዕስዒት፡ ሙዚቃ፡ ትያትር፡ ወዘተ) ሓበሬታ ተናድዩ እንተሊኹም፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ኣብ ኢንተርነት እተካየድዎ ምድላይ ሓበሬታ፡ ንእትቕመጥሉ ምምሕዳር ከተማ ድማ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ዝርዝር ናይተን እዚ ዓይነት ኣገልግሎት’ዚ ዝህባ ናይ ከባቢ ኩባንያታት፡ መብዛሕቱ ግዜ ኣብ Contrôle des Habitants ይርከብ እዩ።

## ቱሪዝም

ኣውራጃ Vaud፡ ኣብ ገጠራት ይኹን ኣብ ጐቦታት፡ ዘገርም መልክዓ ምድሪ ኣለዋ፣ ክብጻሕ ዘለዎ ብዙሕ ቦታታትን ሓወልትታትን ድማ ዝሓዘት እያ። ንዘለኹሙዎ ቦታ ንምድህሳስ፡ ንቤት ጽሕፈት በጻሕቲ ኣውርጃ Vaud (VP) ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

**VAUD PROMOTION (VP)**
- Avenue d’Ouchy 60
  Case postale 1125
  1001 Lausanne
- 021 613 26 26
- info@region-de-leman.ch
- region-du-leman.ch

## ባህላዊ ኣጀንዳ

ኣብ ኣውራጃ Vaud፡ እቲ ዘሎ ባህላዊ ቀረባት ዝተፈላለየ እዩ፣ ንሱ ድማ ፈስቲቫላት፡ ያታዊ ጽምብላት፡ ምርኢታት፡ ኤግዚብሽናት፡ ሲኔማታት፡ ሙዚቃዊ መዘናግዒ፡ ወዘተ ዝርከቦ እዩ። ኣብ ቦታኹምን ብዛዕባ ዝካየድ መደባት እዋናዊ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ፡ ንመርበብ-ሓበሬታ Vaud Promotion (VP) ከፊትኩም ርኣዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
- region-du-leman.ch
- temps-libre.ch

ንባህላዊ ኣጀንዳ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢኹም ንዝወጻ ጋዜጣታት ክትከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

### ቤት-መዘክር

ኣብ ኣውራጃ Vaud ንዝርከባ ኣብያተ-መዘክር ከምኡ’ውን ቀዋምን ተንቀሳቓስን ኤግዚቢሽናትን ርኣዩ። ኣብ መጀመርታ ቀዳም ወይ ሰንበት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ መብዛሕቱ ግዜ ብናጻ ዝርኤ እዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
- musees.vd.ch/musees-cantonaux
- museums.ch/fr

### ካርድ ባህሊ፡ Caritas Vaud

ብመርበብ Caritas ዚውሃብ ካርድ ባህሊ፡ እቶም ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ሰባት፡ ነቲ ኣብ ዓውዲ ባህሊ፡ ስፖርትን ስልጠናን ዝግበር ምጕዳል ዋጋ ብምጥቃም ኣብ ባህላውን ማሕበራውን ህይወት ንኽሳተፉ ዝገበር እዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
Caritas Vaud
- Chemin de la Colline 11
  1007 Lausanne
- 021 317 59 80
- carteculture.ch

## ኣብያተ-ንባብ

ኣብ'ዚ ኣውራጃ ዘለዋ ሓያሎ ኣብያተ-ንባብ መርሓበ ኢለን ይቐበላኹም እየን። ኣባልነት ድማ ብናጻ እዩ።.

**Bibliothèque cantonale et universitaire – Lausanne (BCUL)**
BCUL፡ ኣዝዩ ብዙሕ መጽሓፍቲ/ሲዲ/ ፊልምታት፣ ድርብ-ቋንቋኣዊ ጽሑፋትን ብቛንቋታት ወጻኢ ዝተጻሕፈ ጽሑፋትን ከምኡ'ውን ሓያሎ ኣገባባት ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ኣለዎ።

BCUL፡ ኣብ Place de la Riponne ከምኡ'ውን ኣብ ካምፓስ ዩኒቬርሲቲ Dorigny፡ ሓያሎ ቦታታት ኣለዎ።.

> **ተወሳኺ ሓበሬታ**
> Place de la Riponne 6
> 1014 Lausanne
> 021 316 78 63
> info.riponne@bcu.unil.ch
> bcu-lausanne.ch

**Bibliothèque interculturelle Globlivres**
እዚ ቤት ንባብ፡ ልዕሊ 27,000 ኣርእስታት ብ272 ቋንቋታት ዝሓዘ እዩ። ንኹሉ ሰብ ክፉት ኮይኑ፡ ቋንቋ ፈረንሳ ክትምሃርሎም እትኽእሉ ብዙሕ ትምህርቲ-ሓዘል መጻሕፍቲ ድማ ኣለዎ።

> **ተወሳኺ ሓበሬታ**
> Rue Neuve 2 bis
> 1020 Renens
> 021 635 02 36
> info@globlivres.ch
> globlivres.ch

**ናይ ምምሕዳር ከተማ ኣብያተ-ንባብ**
ብዙሓት ምምሕዳራት ከተማ፡ ኣብያተ-ንባብ ኣለወን። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንእትቕመጥሉ ምምሕዳር ከተማ ተወከሱ።

## ኣብ እዋን ምሽት ዝካየድ ባህላዊ ንጥፈታትን ክንክን ቈልዑን

ነቶም መዘናግዒ ሙዚቃ ወይ ትያትር ባህ ዝብሎም ወለዲ ብዝምልከት፡ ቀይሕ መስቀል Vaud፡ ናይ ኣርባዕተ ሰዓት ክንክን ቈልዑ ዘጠቓልል ኣገልግሎት ምእላይ ቈልዑ ኣብ ገዛ ይህብ እዩ፣ ነዚ ዝስዕብ ባህላዊ ምርኢታት ዘድሊ ቲኬታት ድማ ይሕዝልኩም፣

- ኣብ ሎውዚን ዝርከብ La Romandie።.
- ኣብ ሌውዚን ዝርከብ Le Théâtre de Vidy።
- ኣብ ሌውዚን ዝርከብ Le Centre pluriculturel et social d'Ouchy።
- ኣብ ሎውዚን ዝርከብ Le Café-théâtre "Le Bourg"።
- ኣብ ቨቨይ ዝርከብ "Le Reflet", Vevey.

> **ተወሳኺ ሓበሬታ**
> croixrougevaudoise.ch > J'ai besoin d'aide > Baby-sitting

## ሃይማኖት

ስዊዘርላንድ፡ ናጽነት ሃይማኖት እተውሕስ እያ። ኣብ ኣውራጃ Vaud ዝርከብ ኩሉ ሰብ፡ እምነቱ ክኽተል ናጻ እዩ።

**L'Arzillier Maison du dialogue**
Arzillier Maison du dialogue፡ ኣብ መንጐ ዝተፈላለየ ሃይማኖታውን መንፈሳውን ልምድታት ዘለዎም ሰባት ምልውዋጥ ሓሳባት ንኸህሉ ዝዓለመ ሓድሕድ-ሃይማኖታዊ ቀርጺ እዩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ካልእ፡ ንክርስትና፡ እስልምና፡ እምነት ኣይሁድ፡ ሂንዱ፡ እምነት ቡድሃ፡ ማሕበረሰባት ባሃይ ውክልና ዝህብ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
Avenue de Rumine 62
1005 Lausanne
arzillier.ch

## ገጻይም

ንገጻይም ዝኸውን ዝተፈላለየ ንጥፈታት፡ ብማሕበርን ብምምሕዳራት ከተማ Vaudን ይካየድ እዩ። ጥሮታ ዝወጻእኩም እንተኾንኩም፡ እሞ ኸኣ ምስ ሰባት ክትራኸቡ ወይ መዘናግዒ ንጥፈታት ከተካይዱ እንተደሊኹም፡ ንሓንቲ ካብተን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ማሕበራት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

### EPER – ዕድመን ማሕበራዊ ውህደትን

ካብ 55 ዓመት ንላዕሊ ንዝኾኑ ስደተኛታት ዝውሃብ ሓበሬታን ዝትግበር ናይ ምምሕባር ንጥፈታትን።
Chemin de Bérée 4A
Case postale 536 | 1001 Lausanne
021 613 40 70
eper.ch/project-explorer/age-et-migration-1

### Avivo

avivo-vaud.ch

### Pro Senectute

vd.prosenectute.ch

### Mouvement des aînés Vaud

mda-vaud.ch

### Connaissance 3

Connaissance 3፡ ንሽማግለታት ኣውራጃ Vaud ዘገልግል ዩኒቨርሲቲ እዩ። ንጥፈታቱ፡ ብቐንዱ ኣብ ሽማግለታት ዝዓለመ እኳ እንተኾነ፡ ገደብ ናይ ዕድመ ወይ መምዘኒታት ዘይብሉ ንኹሉ ሰብ ክፉት እዩ።
wp.unil.ch/connaissance3/portrait

# መዘኻኸሪታት




# 11 ፖለቲካዊ መሰላትን ዜግነት ምርካብን

11.1 ብደረጃ ምምሕዳር ከተማ ዘሎ ፖለቲካዊ መሰላት 106

11.2 ፖለቲካ ስዊዘርላንድ 107

11.3 ስዊዘርላንዳዊ ምዃን፣ ዜግነት ምርካብ 108

# 11.1 ብደረጃ ምምሕዳር ከተማ ዘሎ ፖለቲካዊ መሰላት

## ብሓጺሩ

እቶም ገለ ኩነታት ዘማልኡ ዘለዉ ናይ ወጻኢ ዜግነት ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ምርጫታት ክሳተፉን ኣብ ምምሕዳር ከተማ ድማ ክመርጹ፡ ኣብ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ወይ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ክምረጹ ወይ ወንበር ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ተበግሶ ወይ ረፈረንዱ ምምሕዳር ከተማ ክጅምሩ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዝስዕብ ኩሉ ኩነታት ኣብ ዘማልእሉ ግዜ፡ ፖለቲካዊ መሰላት ይረኽቡ።

- ዕድመ 18 ዓመት።
- ፍቓድ B ወይ C ብምርካብ ኣብ ምምሕዳር ከተማ Vaud ዝቐመጡ።
- ንዝሓለፉ 3 ዓመታት (ፍቓድ B፡ C፡ Ci፡ N ወይ F ብምሓዝ) ኣብ ኣውራጃ Vaud ብቐጻሊ ዝተቐመጡ።
- ንዝሓለፉ 10 ዓመታት (ናይ B፡ B ተማሃራይ፡ ፍቓድ C፡ Ci፡ N፡ F ወይ ሃልይዎም) ኣብ ስዊዘርላንድ ብቐጻሊ ዝተቐመጡ።

እቲ ናይ ወጻኢ ሰብ ኣብ ምምሕዳር ከተማ Vaud ምስ ተመዝገበን ኣብ ኣንጻር ገጽ ንዘሎ ኩነታት ምስ ዘማልእን፡ ኣብ እዋን ሓፈሻዊ ምርጫ ወይ ምርጫ ምምሕዳር ከተማ ወግዓዊ ወረቐት ብኡንብኡ ይውሃቦ።

> መሰል ምምራጽን ጠቓሚ ትሕዝቶታትን
> vd.ch > Thèmes >
> État, Droit, Finances >
> Votations et élections >
> Voter

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ነቲ ኩነታት ኣብ ዘማላእክሙሉ ግዜ፡ ኣብ መዝገብ እትቐመጥሉ ምምሕዳር ከተማ ብኡንብኡ ከም እትምዝገቡ ትኾኑ። ናይ ምርጫ ሰነዳት ናባኹም ይለኣኽ። ምስ ወዳእኩም፡ ብፖስታ ገይርኩም ናባን ክትሰድዎ ወይ ነዚ ዕላማ'ዚ ተባሂሉ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣብ ዘሎ ሳጹን ፖስታ ከተእትውዎ ትኽእሉ። ኣብ መዓልቲ ምርጫ፡ ነቲ ሰነዳት ሒዝኩም ኣብ ምምሕዳር ከተማ ናብ ዝርከብ መድመጺ ቦታ ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም። ነፍሲ-ወከፍ መራጻይ፡ ዝደለዮ ንኽመርጽ ናጻ እዩ። እዚ ምርጫ'ዚ ውልቃዊ ስለዝኾነ፡ ኣብ ክንዳኹም ኮይኑ ክመርጽ ዚኽእል ሰብ የለን።

---

### ንቓላት ዝምልከት ሓበሬታ

**ዝርዝር ቃላት**
ካብ ዜጋታት ምምሕዳር ከተማ ዝተበገሰ እማመ ፕሮጀክት ኮይኑ፡ ናብ መራጺ ድማ ዝልኣኽ እዩ።

**ረፈረንዱም**
ብመረጽቲ ተዋሂቡ፡ ብቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ድማ ውሳኔ ንኽውሃብ ዝቐርብ ሕቶ ዜጋታት እዩ።

**ምርጫ**
ድምጺ ወይ ምርጫ ዘካተተ ንጥፈታት

# 11.2 ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ፖለቲካ

## ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ሰለስተ ፖለቲካዊ ደረጃታት

ስዊዘርላንድ፡ ፌደራላዊ መንግስቲ እያ፣ ስልጣን መንግስቲ፡ ኣብ መንጎ ኮንፈደረሽን፡ ኣውራጃታትን ምምሕዳር ከተማታትን ዝተመቓቐለ’ዩ ማለት እዩ። ስለዚ፡ 3 ፖለቲካዊ ደረጃታት ዘለወን ኮይኑ፡ ነፍሲ-ወከፈን ድማ ናይ ውሳኔ ስልጣን ኣለወን። ሕጋዊ ስልጣን ኮንፈደረሽንን ኣውራጃታትን፡ ፌደራላዊ ቅዋም ተባሂሉ ዝጽዋዕ ወግዓዊ ሰነድ ሰፊሩ ኣሎ። ሕጋዊ ስልጣን ምምሕዳራት ከተማ፡ ብኮንፈደረሽንን ኣውራጃታትን ዝቐየድ እዩ። ፈደራላዊ ቤት ምኽሪ ተባሂሉ ዝጽዋዕ መንግስቲ ስዊዘርላንድ፡ ብፓርላማ ብዝተመርጹ 7 ኣባላት ዝቐመ እዩ። ፈደራላዊ ባይቶ ተባሂሉ ዝውጽዋዕ ፓርላማ ስዊዘርላንድ፡ ብህዝቢ ብዝተመርጹ 246 ኣባላት ዝቑመ ኮይኑ፡ ክልተ ክፍልታት፣ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ (200 ኣባላት) ከምኡ’ውን ቤት ምኽሪ ክፍለ-ሃገራት (46 ኣባላት) ኣለዉዎ።

## ከምኡ’ውን ኣብ ኣውራጃ VAUD፣

ኣብ ኣውራጃ Vaud፡ መንግስቲ፡ ብቤት ምኽሪ ክፍለ-ሃገር ዝተወከለ እዩ። እዚ፡ ሕግታት ኣብ ምትግባር ሓላፍነት ዘለዎ ፈጻሚ ሓይሊ እዩ። ኣዚ ቤት ምኽሪ ክፍለ-ሃገር፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 5 ዓመታት ብህዝቢ Vaud ዝምረጽ እዩ። ብሸውዓተ ኣባላት ቤት ምኽሪ ክፍለ-ሃገር ዝቑመ ኮይኑ፡ ነፍሲ-ወከፎም ድማ ነቲ ክፍሊ ይመርሑ። ፕረሲደንት፡ ነቲ ብሕጊ ዝተዋህበ ግዜ (5 ዓመታት) ዘገልግል ብመዘናታቱ ይሸየም።

ስልጣን ሓጋጊ ኣካል ኣውራጃ Vaud፡ በቲ ዓቢ ቤት ምኽሪ ዝውከል እዩ። ሕግታት ኣብ ምጽዳቕ ብፍላይ ሓላፍነት ተሰኪሙ ዝዓዩ ኮይኑ፡ 150 ኣባላት ድማ ኣለዉዎ። ከም ቤት ምኽሪ ክፍለ-ሃገር ዝኣመሰሉ ምክትላት ዓቢ ቤት ምኽሪ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 5 ዓመታት ብህዝቢ ይምረጹ።

## ምምሕዳር ከተማኹም ከመይ ይሰርሕ፣

ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ፡ ንምሕደራ ምምሕዳር ከተማ ንኽኸታተል ሓላፍነት ኣለዎ። ባጀትን ሕግታትን ምምሕዳር ከተማ ከምኡ’ውን ግብርታት ከባቢ የጽድቕ። እዚ፡ ፓርላማ ምምሕዳር ከተማ እዩ። ብ25 ክሳዕ 100 ሰባት ድማ ዝቐመ እዩ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 5 ዓመታት፡ ንእትደልይዎም ወይ ነቲ ቤት ጽሕፈት ዘመሓድሩ ሕጹያት ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ትሕቲ 1,000 ተቐማጦ ዘለዉወን ምምሕዳራት ከተማ ብዝምልከት፣ ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ፡ ሕቶ ብምቕራብ ጥራይ ክትጽንበሩ ትኽእሉ ኢኹም። ተልእኾ ምምሕዳር ከተማ፣ ነቲ ብቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ዝተዋህበ ውሳኔታት ምትግባር፣ መዓልታዊ ንጥፈታት ዋኒን ምክያድን ነቲ ሓፈሻዊ ምሕደራ ድማ ምምራሕን እዩ። እዚ፡ መንግስቲ ምምሕዳር ከተማ እዩ። ብሰለስተ፡ ሓሙሽተ ወይ ትሸዓተ ሰባት ዝቐመ ኮይኑ፡ ብላዕለዋይ በዓል ስልጣን ድማ ይምራሕ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 5 ዓመታት፡ ንእትደልይዎም ወይ ነቲ ቤት ጽሕፈት ዘመሓድሩ ሕጹያት ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> vd.ch/vote-etrangers

# 11.3 ስዊዘርላንዳዊ ምኂን፤ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት



## መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ንምንታይ ይካየድ፧

ናይ ወጻኢ ዜግነት ዘለዎም ገለ ተቐማጦ፡ ዜግነት፡ ኣብ ኣውራጃ Vaud ድሕሪ ሓያሎ ዓመታት ምቕማጥ፡ ዜግነት ናይዛ መነባብሮኦም ዝዝተኸሉላ ሃገር ብምርካብ፡ ምስ ስዊዘርላንድ ንዘለዎም ፍሉይ ምትእስሳር ከርእዩ ይደልዩ እዮም። ነዚ ንምትግባር፡ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ተባሂሉ ንዝድዋዕ ይጅምርዎ።

መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ድሕሪ ምክያዱ ዜግነት ስዊዘርላንድ ምርካብ፡ ምሉእ ፖለቲካዊ መሰላት የውህበኩም። ሕጂ፡ ብደረጃ ኣውራጃን ፌደራላንድ ድምጺ ክትህቡ፡ ክትመርጽ ወይ ክትምረጹ ትኽእሉ። ብተመሳሳሊ፡ ብዛዕባ ኣውራጃ ወይ ኮንፈደረሽን ኣብ ዝምልከት ተበግሶታት ረፈረንዱምን ሕጂ ክትፍርሙ ትኽእሉ።

## ኣብ ኣውራጃ VAUD ንዝግበር መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ክማላእ ዘለዎ ኩነታት

ኣብ ኣውራጃ Vaud ንዝግበር መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ንኽተመልከቱ፡ ዝተፈላለየ ኩነታት ክማላእ ይግባእ፧

- ፍቓድ መጣየሲ C ክህልወኩም።
- ኣብ ስዊዘርላንድ ን10 ዓመታት ዝተቐመጥኩም።
- መመልከቲ ቅድሚ ምቕራብኩም ንዘላ ዓመት ዘጠቓልል ኣብ ኣውራጃ Vaud ን2 ዓመታት ዝተቐመጥኩም።
- ቅድሚ'ዚ መመልከቲ ምቕራብኩም ኣብ ዘሎ 3 ዓመታት፡ ዝኾነ ማሕበራዊ ሓገዝ ዘይተቐበልኩም ክትኮኑ።
- ዝግብኣኩም ግብሪ ክትከፍሉ።
- ኣብ ቀረባ እዋን ዝኾነ ክስታት ዘየቀረበልኩም ወይ ዕንወት ንብረት ዘይፈጸምኩም።
- ጸጥታን መንግስታዊ ትእዛዝን ዘይምኽባር።
- ፍልጠት ጅኦግራፊ፡ ታሪኽ፡ ማሕበራውን ፖለቲካውን ኩነታት ስዊዘርላንድ፡ ኣውራጃ ከምኡ'ውን ከባቢ ምህላው።
- ኣብ ፈረንሳይኛ ዘለኩም ደረጃ ምልከት ቋንቋ (A2 ናይ ጽሕፈት ከምኡ'ውን B1 ናይ ቃል ምስክር ወረቐት) ምህላው።

> ተወሳኺ ሓበሬታ
> 2.1 ቋንቋ ፈረንሳ ተማሃሩ

### ዝተሳለ መመልከቲ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት

ገለ ወጻእተኛታት መስርሑ እተቓላጠፈ ኣወሃህባ ዜግነት ንኽፍጸመሎም ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም። እዞም ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰለሉ ሰባት፡ እቶም ዜግነት ንኽወስዱ ዘለዎም ዕድላት፡ ካብ ናይ'ዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዝርከቡ ዓይነት ሰባት ብተዛማዲ ትሑት መጠን ኣህላኺነት ዘለዎም እዮም።

- ዜግነት ስዊዘርላንድ ዘለዎ/ዋ በዓል/ቲ ቤት።
- በዓል/ቲ ቤት ኣብ ወጻኢ ሃገር ናይ ዝቕመጥ/እትቕመጥ ዜጋ ስዊዘርላንድ።
- ሳልሳይ ወለዲ ወጻእተኛ መንእሰይ።
- ሃገር ኣልቦ ዝኾነ ቈልዓ።
- ውላድ ናይ ዜግነት ዝተዋህቦ ሰብ። ውላድ ናይ ስዊዘርላንዳዊ/ት ኣቦ ወይ ኣደ።

ብዛዕባ ሕጋዊ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ዝምልከት ሓበሬታ ርኸቡ
vd.ch > Thèmes > Population > Population étrangère > Naturalisation

### ሕጋዊ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት

ነቲ ከማላእ ዘለዎ ኩሉ ኩነታት እንተ ኣማሊእኩም፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ክፍለ-ሃገር Vaud ንዝርከብ መመልከቲ ምውሃብ ዜግነት ብኦንላይ ክትመልኡ ትኽእሉ ኢኹም።

ሕጋዊ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ጀምሩ
vd.ch > Thèmes > Population > Population étrangère > Naturalisation > Commencer la procédure de naturalisation > En ligne

## ሕጋዊ መስርሕ ምቕንጣጥ መሰል

በዓል-መዚ ኣውራጃ፡ ንፍሉይ ኩነታት ነፍሲ-ወከፍ ሕጹይ ኣመልኪቱ ግቡእ መዝገብ ይሕዝ እዩ።
እቶም ኣካላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ወይ ስነ-ልቦናዊ ስንክልና፡ ከቢድ ወይ ናይ ነዊሕ-ግዜ ሕማም፡ ንፍሉይ ኩነታት ደረጃ ንኽበጽሑ ዘጸግም ናይ ምምሃር፡ ምንባብን ምጽሓፍን ከቢድ ጸገማት ዘለዎም ሰባት፡ ብዛዕባ'ዚ ውልቃዊ ኩነታት ብዝምልከት፡ ንመመልከቲ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ከቕርቡ ከለዉ ክሕብሩ ይኽእሉ እዮም።

ናይ ምምሃር፡ ምንባብን ምጽሓፍን ዓቢ ጸገም ንዘለዎም ሰባት ዝምልከት፡ ኣብ ስልጠና 3 ኣዋርሕ ምስገበሩ፡ ካብ ትምህርቲ ናጻ ንኽኾኑ ዘፍቅድ ምስክር ወረቐት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ተወሳኺ ሓበሬታ
12.1 ማሕበረ-ሰብ ምስትርጓም
lire-et-ecrire.ch/vaud

ዝምልከቶ በዓል-መዚ ኣውራጃ፡ ንመመልከቲኹም ሕጋውነት ከልብስ መታን ከኽእል፡ ንዘለኩም ደረጃ ማሕበራዊ ውህደትን ኣብ ስዊዘርላንድ ምስ ዘሎ ኩነታት ናብራ ክሳዕ ክንደይ ከም እተለማመድኩምን ክምርምር ናይ ግድን ይኸውን።

ፈተና FIDE (Français, Italiano, Deutsch en Suisse) ተፈቲንኩም ብምሕላፍ ድማ ናይ ቃል ደረጃ A2 ከምኡ'ውን ናይ ጽሑፍ ደረጃ A1 ምስክርነት ክትረኽቡ ድማ ኣለኩም። እዚ ፈተና፡ መመልከቲ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ቅድሚ ምጅማርኩም ክካየድ ኣለዎ።

### ኣብ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ዝግበር ደገፍ

ብFIDE ንዝውሃብ ፈተና ቋንቋ ፈረንሳ ንኽትዳለዉ፡ ማሕበራት፡ ውሑድ ገንዘብ እናኽፈላ ኮርሳት ቋንቋ ይምህራ እየን።

ተወሳኺ ሓበሬታ
2.1 ፈረንሳይኛ ምምሃር

መመልከቲ መስርሕ ምውሃብ ዜግነት ቅድሚ ምቕራብኩም፡ ብፍላይ ኣብ ጂኦግራፍ፡ ታሪኽ፡ ፖለቲካን ማሕበራዊ ህይወትን ዘተኮረ ናይ ፍልጠት ፈተና ክትሓልፉ ኣለኩም። ነዚ ናይ ፍልጠት ፈተና፡ ብሓገዝ ኣብ መርበብ-ሓበሬታኦም ዝወጽኡ ናይ ኣውራጃን ፈደራልን መርኣዪ ሕቶታት ከምኡ'ውን ንፈተና ፍልጠት ተባሂሉ ብዝውሃብ ናይ ኦንላይን ስልጠና ክትዳለዉ ትኽእሉ ኢኹም።

ወግዓዊ ዝርዝር ናይቲ ኣብ ፈደራላውን ኣውራጃውን ቴማት ዘተኮረ ሕቶታት
vd.ch > Thèmes > Population > Population étrangère > Naturalisation > Questionnaire disponible

ንምምሕዳር ከተማ ዝምልከት ሕቶታት ንምቕራብ፡ ንእተቐመጥሉ ምምሕዳር ከተማ ተወከሱ።

ብዛዕባ መስርሕ ምውሃብ ዜግነትን ኩነታቱን ዝምልከት ተወሳኺ ሓቀኛ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንእተቐመጥሉ ዘለኹም ምምሕዳር ከተማ ወይ Service de la Population ተኣከሱ።

SERVICE DE LA POPULATION
Secteur naturalisations
Avenue de Beaulieu 19
1014 Lausanne
021 316 45 91
info.naturalisation@vd.ch
vd.ch > Thèmes > Population > Population étrangère > Naturalisation




# 12 ምስትርጓምን ትርጕምን

12.1 ማሕበረ-ሰብ ምስትርጓም 112

12.2 ናይ ጽሑፍ ትርጕማት 113

# 12.1 ማሕበረ-ሰብ ምስትርጓም

## ማሕበረ-ሰብ ምስትርጓም

ከም ኣካል ሕክምናዊ፡ ማሕበራዊ ወይ ትምህርታዊ ቃለ-መጠይቑ፡ እቶም ዝቐበልኹም ሞያተኛታት፡ ንዝሰልጠኑ ኣስተርጎምቲ ክድውልልኩም ይኽእሉ እዮም። ቃለ-መጠይቓት፡ ገጽ-ን-ገጽ ክካየድ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ብተሌፎን ወይ ቪድዮ ድማ ክካየድ ይኽእል እዩ። ብሓፈሻ፡ እቶም ኣስተርጓማይ ንኽመጽእ ዝሓቱ ሰባት፡ እቶም ሞያተኛታት (ዶክተራት፡ ሰራሕተኛታት ማሕበራዊ ጉዳይ፡ መምሃራን፡ ወዘተ) እዮም፣ ከምኡ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ እቲ ወጻኢታት ብትካሎም ይሽፈን። ኣብ ኣውራጃ Vaud፡ ሓያሎ ኣገልግሎታት ምስትርጓምን ትርጉምን ኣሎ፣ እዚ፡ ኣብ ኣውራጃ Vaud ን25 ዓመታት መሻርኽቲ ማሕበር ኮይኑ ዝዓየየ ናይ Appartenances ጵላት ኮማዊ ምስትርጓም ዘጠቓልል እዩ። ከባቢ 60 ቋንቋታት ኣለዉ።

### Appartenances

ጵላት ኮማዊ ምስትርጓምን ሓድሕድ-ባህላዊ ሽምግልናን

021 341 12 51

@ interpretariat@appartenances.ch

appartenances.ch/activites/interpretariat-communautaire

### Interpret

ማሕበር ኮማዊ ምስትርጓምን ሓድሕድ-ባህላዊ ሽምግልናን ስዊዘርላንድ ኣብ ኣውራጃ Vaud ንዝውሃብ ካልእ ዞባዊ ኣገልግሎታት ብዝርዝር የቐርብ።

Office de qualification

Monbijoustrasse 61
3007 Berne

031 351 38 29

@ qualification@inter-pret.ch

inter-pret.ch > Les services d'interprétariat régionaux

# 12.2 ናይ ጽሑፍ ትርጓማት

## ናይ ጽሑፍ ትርጓማት

ወግዓዊ ሰነዳት (ዲፕሎማታት፡ ምስክር ወረቐት ወሊድ/መርዓ፡ ምስክር ወረቓቕቲ ስራሕ፡ ወዘተ) ክትርጎምን “እተመስከረሉ ሓቀኛ” ትርጉማት ክትረኽቡ ምስ እትደልዩ፡ እቲ ጽሑፍኩም ብተርጓሚ ከምዝትርጎም ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ መስርሕ፡ ኣብ ዓይነት’ቲ ዝድለ ዘሎ ትርጉም ዝምርኮስ ስለዝኾነ ከም ዝፈላለ ብኽብረትኩም ተገንዘቡ።

## ሕጋውነት (ትርጉም ኣብ ስዊዘርላንድ)

- እቲ ጽሑፍ ብተርጓሚ ከም ዝትርጎም ምግባርን እቲ ትርጉም ሓቀኛ ከም ዝኾነ ንምርግጋጽ ድማ ካብ ኖታዮ Vaud ክታም ዘለዎ ንኽኽውን ምሕታትን። ንክታማት ውልቀ-ሰባት ሕጋውነት ክልብስ ስልጣን ዘለዎ ኖታዮ ጥራይ እዩ። መርበብ-ሓበሬታ Association des Notaires Vaudois፡ ንዝርዝር ኖታዮታት የቕርብ’ዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ
notaires.ch/associations/vaud

## መረጋገጺ (ኣብ ዋዕላ ሄግ ብዝፈረማ መንግስታት ዝግበር ትርጉም)

- እቲ ጽሑፍ ብተርጓሚ ከም ዝትርጎም ምግባርን እቲ ትርጉም ሓቀኛ ከም ዝኾነ ንምርግጋጽ ድማ ካብ ኖታዮ Vaud ክታም ዘለዎ ንኽኽውን ምሕታትን። ንክታማት ውልቀ-ሰባት ሕጋውነት ክልብስ ስልጣን ዘለዎ ኖታዮ ጥራይ እዩ።.
- Bureau des légalisations de la Préfecture de Lausanne ዝተረጋገጸ ብኖታዮ ዝተዋህበ መረጋገጺ ምህላው።

## ተራ ዝኾነ ሕጋውነት (ኣብ ዋዕላ ሄግ ብዘይፈረማ መንግስታት ዝግበር ትርጉም)

- እቲ ጽሑፍ ብተርጓሚ ከም ዝትርጎም ምግባርን እቲ ትርጉም ሓቀኛ ከም ዝኾነ ንምርግጋጽ ድማ ካብ ኖታዮ Vaud ክታም ዘለዎ ንኽኽውን ምሕታትን። ንክታማት ውልቀ-ሰባት ሕጋውነት ክልብስ ስልጣን ዘለዎ ኖታዮ ጥራይ እዩ።
- ቪዛ ንምርካብ፡ ንኤምባሲ ወይ ቆንስል ናይቲ ዝምልከቶ መንግስቲ ተወከሱ።
- ተራ ንዝኾነ ሕግጋት ዝምልከት ኩሉ ነገር ናብ Bureau des légalisations de la Préfecture de Lausanne ኣቕርብዎ።

ንሰነድ ሕጋውነት ምልባስ
Préfecture de Lausanne,
Bureau des légalisations
Place du Château 1
1014 Lausanne
vd.ch > Thèmes > État, Droit, Finances > Districts / préfectures > Légalisations pour l’étranger

ኣብ ከባቢኹም ንዘሎ ተርጓሚ ወይ ኣስተርጓሚ ንኽትረኽቡ፡ ንማሕበር ተርጕምቲ ስዊዘርላንድ፡ ክኢላታት ቃላትን ኣተርጕምትን ASTTI ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

ተወሳኺ ሓበሬታ
ASTTI
Zeughausgasse 18 | 3001 Berne
056 664 88 10
astti@astti.ch
astti.ch

ንመምዘኒታት ትርጕም ናይ'ዚ ከም'ዚ ዓይነታት ሰነዳት ዘማልእ ውጽኢታት ንምርካብ፡ ንኣገልግሎት ትርጕም ወይ ትካል ውሕስነት ምጥቃም።

## Appartenances
ጽላት ኮማዊ ምስትርጓምን ሓድሕድ-ባህላዊ ሽምግልናን
021 341 12 51
interpretariat@appartenances.ch
appartenances.ch/activites/interpretariat-communautaire

## Apostroph Lausanne SA
Rue Mercerie 12
1003 Lausanne
021 643 77 99
lausanne@apostrophgroup.ch
apostrophgroup.ch

## ABC Translation
ኣገልግሎት ምስትርጓም ድማ ይህብ እዩ
Chemin de Praz 6
1023 Crissier
079 603 93 80
info@abc-office.ch

## Arrow Traduction
ኣገልግሎት ምስትርጓም ድማ ይህብ እዩ
Voie du Chariot 3
1003 Lausanne
024 494 11 89
arrowtrad@bluewin.ch

## ADR Traductions
Avenue du Théâtre 7
1005 Lausanne
021 312 76 84
adr.traductions@bluewin.ch

## Bhaasha
Y-Parc, rue Galilée 7
1400 Yverdon-les-Bains
021 588 1070
info@bhaasha.com

## Interserv SA Lausanne
Avenue de l'Avant-Poste 4
1005 Lausanne
021 313 44 44
lausanne@interserv-sa.ch
interserv.ch

## lestraducteurs.ch
Rue des Communaux 35
1800 Vevey
021 923 61 50
traduction@lestraducteurs.ch
lestraducteurs.ch/en/translation-quote/

## OffiTrad Lausanne
Avenue de la Gare
1003 Lausanne
021 588 01 18

## Traductions Tradeuras
Chemin de Chandieu 20
1006 Lausanne
078 623 60 15
info@tradeuras.ch

## Traducta Switzerland
Avenue Charles-Ferdinand-Ramuz 99
1009 Pully
0800 888 440
info@traducta.ch




# 13 ኣውራጃ VAUD

13.1 ጂኦግራፊ 116
13.2 ታሪኽ 117

# 13.1 ጂኦግራፊ

## ስዊዘርላንድ

ስዊዘርላንድ፡ 26 ኣውራጃታት ዘለዋኣ፡ ዋና-ከተማኣ ድማ በርን ዝኾነ ፈደራላዊ መንግስቲ እያ።

ብጂኦግራፊ ከትርአ ከላ፡ ኣብ ማእከል ኤውሮጳ ትርከብ፣ ምስ ሓያሎ ሃገራት፣ ፈረንሳ፡ ኢጣልያ፡ ኦስትርያ፡ ሌይችተንስተይንን ጀርመንን ድማ ዶባት ትማቐል።

እዛ ሃገር፡ ልዕሊ 8 ሚልዮን ተቐማጦ ኣለዉዋ፣ ካብ'ዚኦም 25% ድማ ወጻእተኛታት እዮም።

ኣርባዕተ ሃገራውያን ቋንቋታት፣ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያን ሮማንያን ኣለዉዋ። ቋንቋ ፈረንሳ፡ ኣብ ፈረንሳ ዝዝረቦ ክፋል ስዊዘርላንድ ይዝረብ፣ ቋንቋ ኢጣልያ ኣብ Ticino፣ ቋንቋ ሮማንያ ድማ ኣብ Grisons ይዝረብ። ቋንቋ ጀርመን ኣብ ዝዝረቦ ክፋል ስውዘርላንድ፡ ዝተፈላለየ ላሃጃታት ስዊዘርላን-ጀርመንን ይዝረብ።

ኣስታት ስልሲት'ቲ ህዝቢ፡ ሃይማኖት ከም ዘይብሎም ይገልጹ። እቶም ሃይማኖት ኣሎና ዝብሉ ሰባት፡ መብዛሕቶም ናይ ክርስትያን ማሕበረ-ኮም (62.6%) እዮም፣ ውሑድ ክፋል ተቐማጦ ድማ ካብ ማሕበረሰብ ምስልምና (5.5%) ከምኡ'ውን ካብ ማሕበረሰብ ኣይሁድ (0.2%) እዮም።.

## ኣውራጃ VAUD

ኣውራጃ Vaud፡ ኣብ ምዕራባዊ ዞባ ስዊዘርላንድ (ቋንቋ ፈረንሳ ዝዝረቦ ክፋል ግዝኣት) ትርከብ፣ ዶባት ናይታ ኣውራጃ ድማ ኣውራጃታት ጀነቫ፡ ቫላይስ፡ በርን፡ ፍሪቦርግን ነዩቻተልን እየን። ምስ ዝተፈላለየ ክፍልታት ፈረንሳ ድማ ሃገራዊ ዶባት ኣለዋ።

3,212 ኪ.ሜ2 ዝስፍሓታ ኣውራጃ Vaud፡ ብመንጽር ሒዛቶ ዘላ ቦታ፡ ራብዓይቲ ኣውራጃ ስዊዘርላንድ እያ። ኣብ ልዕሊ 300 ምምሕዳራት ዝተመቓቐለት እያ፣ ዋና ከተማኣ ድማ ላውዛን (Lausanne) እያ።

ኣስታት 810,000 ተቐማጦ ዘለውዋ፡ ካብኦም ኣስታት 30% ድማ ወጻእተኛታት ዝኾኑ ህዝቢ ስለዝቐመጥዋ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ድማ ሳልሰይቲ ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ኣውራጃ እያ።

## ገለ ሓቅታት

ባንዴራ Vaudois፡ ቀጠልያን ጻዕዳን ሕብሪ ዘለዋ እያ። ብዛዕባ (ጭርሖ) ዝምልከት ቃላት፡ "ናጽነትን መበቆል ሃገርን" (Liberté et Patrie) እዩ።

ኣውራጃ Vaud፡ ብግራት ወይኒ Lavaux vineyard እትፍለጥ ኮይና፡ ኣብ ሰነ 2007 ድማ ከም ኣካል ውርሻ ዓለም UNESCO ኮይና ኣብ መዝገብ ሰፊራ።

ኣብ 1537 ዝተሰርሐ ፍሉጥ ዩኒቨርሲቲ ዘለዎ ሓደ ካብ'ቲ ቀንዲ ቦታታት ስልጠና ናይታ ሃገር ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ቤት ትምህርቲ ፖሊቴክኒክ እታ ሃገር፡ EPFL (Ecole polytechnique fédérale de Lausanne) እዩ።

# 13.2 ታሪኽ

ካብ መወዳእታ መበል 13 ክፍለ-ዘመን ክሳዕ መወዳእታ መበል 15 ክፍለ-ዘመን ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኣውራጃ Vaud፡ ኣካል ናይቲ ምስ ቦታታት ማእከላይ ስዊዘርላን ብቐጻሊ ናብ ውግእ ዝኣቱ ዘነበረ ግዝኣት ማለት ግዝኣት ሳቮይ (Savoy) ነይራ።

ኣውራጃ በርን፡ ኣብ 1536፡ ብሓገዝ ኣውራጃ ፍሪቦርግን ቫያስን ንኣውራጃ Vaud ስዒራታ ነይራ።

Vaudois፡ ብሰውራ ፈረንሳ ስለዝተጸልወት ድማ ኣብ 1798 ናጽነታ ረኺባ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ 1803 ብኮንፈንደረሽን ምሉእ ብምሉእ ተወሃሃዳ፣ ቅዋም ድማ ኣብ 1814 ኣጽዲቓ።

ስዊዘርላንድ፡ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ናይ 30 ዓመታት ቀጻሊ ብልጽግና ኣምጺኣ፣ ኣውራጃ Vaud ድማ ማዕቢላ። ጽርግያ ተሽከርከርቲ ላውዛን-ጀኔቫ፡ ዩኒቨርሲቲ ላውዛን ከምኡ'ውን ማእከል ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ Vaud (CHUV) ተሰሪሑ።

ኣብ 1959፡ ኣውራጃ Vaud፡ ደቂ-ኣንስትዮ ንኸመርጻ ፈለማ መሰል ሂባ፣ እዚ ድማ ብደረጃ ፈደራል ክሳዕ 1971 ኣይተዋህበን ነይሩ።

ብዛዕባ ኣውራጅ VAUD ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ

vd.ch > Autorités > Chancellerie > Bureau d’information et de communication > Publications papier > Quelques publications du canton

ትምህርቲ ርእ፤ vd.ch/test-naturalisation

## ስዊዘርላንድን ኣውራጃ VAUDን ብሓጺሩ







**AR** Appenzell Rhodes-Extérieures
**AI** Appenzell Rhodes-Intérieures
**AG** Argovie
**BL** Bâle-Campagne
**BS** Bâle-Ville

**BE** Berne
**FR** Fribourg
**GE** Genève
**GL** Glaris
**GR** Grisons
**JU** Jura
**LU** Lucerne

**NE** Neuchâtel
**NW** Nidwald
**OW** Obwald
**SG** Saint-Gall
**SH** Schaffhouse
**SZ** Schwytz
**SO** Soleure




| | |
|---|---|
| **TI** | Tessin |
| **TG** | Thurgovie |
| **UR** | Uri |
| **VS** | Valais |
| **VD** | Vaud |
| **ZG** | Zoug |
| **ZH** | Zurich |

**8 ሚልዮን**

ብዝሒ ናይቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ ተቐማጦ

**25%**

ብጽሒት ናይቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ወጻእተኛታት

**805,000**

ኣስታት ዕስሪት ህዝቢ ስዊዘርላንድ፡ ኣብ ኣውራጃ Vaud ይቕመጥ

**30%**

ብጽሒት ናይቶም መብዛሕትኦም ናይ ነዊሕ-ግዜ ፍቓድ ዘለዎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ወጻእተኛታት

# መዘኻኸሪታት



# 14 ጠቐምቲ መወከሲታት

## ትካላት መንግስታዊ መዝነት

### ኮንፌደረሽን

Secrétariat d’État aux migrations (SEM)
Quellenweg 9
3003 Berne-Wabern
058 325 11 11

### ኣውራጃ

Bureau cantonal pour l’intégration des étrangers et la prévention du racisme (BCI)
Avenue de Sévelin 46
1014 Lausanne
021 316 49 59
@ info.integration@vd.ch

### Lausanne

Bureau lausannois pour les immigrés (BLI)
Place de la Riponne 10
Case postale 5032
1002 Lausanne
021 315 72 45
@ bli@lausanne.ch

### Renens

Ville de Renens, Secteur intégration
Rue de Lausanne 25
1020 Renens
021 632 77 95 | 021 632 77 88
@ delegue.integration@renens.ch

### Nyon

Service de la cohésion sociale
Rue des Marchandises 17
1260 Nyon
079 211 02 74
@ integration@nyon.ch

### Vevey

Bureau de l’intégration
Rue du Simplon 14
1800 Vevey
021 925 51 85
@ amaranta.fernandez@vevey.ch

### Yverdon-les-Bains

Service jeunesse et cohésion sociale
Rue de Neuchâtel 2
1400 Yverdon-les-Bains
024 423 69 44
@ integration@yverdon-les-bains.ch

## ኮሚሽናት ማሕበራዊ ውህደት

ምምሕዳር ኮሚሽናት ወጻእተኛታት ስዊዘርላንዳውያን (CCSI)፡ ኣብ ብዙሕ ምምሕዳራት ቆይሙ ይርከብ። ንፕሮጀክትታት ማሕበራዊ ውህደት የማዕብል፣ ኣብ መንጎ ወጻእተኛታትን ስዊዘርላንዳውያንን ከምኡ’ውን ሰብ-መዝታትን ሓሳባት ዝለዋወጥሉን ዝካትዕሉን ቦታ ድማ ኣለዎ። ማሕበራዊ ውህደት ከም ዝሰጋገር ይገብር።

## ዞባ ሰሜን

### Avenches

Commission consultative suisses-immigrés
Rue Centrale 33
1580 Avenches
026 675 51 21 | 026 676 72 19
@ integration@commune-avenches.ch

### Moudon

Groupe suisses-étrangers de Moudon et région (SUETMO)
Case postale 8
1510 Moudon
079 747 92 50
@ suetmo@hotmail.com

### Orbe-Chavornay

Commission d’intégration suisses-étrangers et de prévention du racisme Orbe-Chavornay (CISEROC)
Commune d’Orbe
CISEROC – Cohésion sociale
Hôtel de Ville
Case postale 32 | 1350 Orbe
079 942 74 06
@ ciseroc@orbe.ch

## Payerne

Commission communale suisses-immigrés Payerne (CCSI)

Commune de Payerne
1530 Payerne
026 662 65 57
spop@payerne.ch

## Yverdon-les-Bains

Commission consultative suisses-immigrés (CCSI)

Rue de Neuchâtel 2
1400 Yverdon-les-Bains
024 426 06 71
ccsi.yverdon@gmail.com

# ዞባ ምዕራብ

## Aubonne

Commission suisses-étrangers Aubonne (COCHE)

Place du Marché 12
Case postale 133 | 1170 Aubonne
021 821 51 08
municipalite@aubonne.ch

## Bussigny

Commission intégration (CI)

Place de l'Hôtel-de-Ville 1
Case postale 96 | 1030 Bussigny
021 706 11 20
greffe@bussigny.ch

## Écublens

Commission d'intégration et d'échange "suisses-étrangers" (CIESEE)

p.a. Service de la culture, de la jeunesse, des sports, de l'intégration et des églises
Chemin de la Colline 5
Case postale 133 | 1024 Écublens
021 695 33 10
commission.suisses_etrangers@ecublens.ch

## Gland

Commission intégration (CCSI)

Service de la population (SPOP)
Grand-Rue 38
Case postale 320 | 1196 Gland
022 354 04 44
spop@gland.ch

## Morges

Commission consultative suisses-étrangers (CCSE)

Cohésion sociale et logement
Chemin de la Grosse-Pierre 1
1110 Morges
021 804 15 10
cohesion.sociale@morges.ch

## Nyon

Commission d'intégration suisses-étrangers (CISEN)

Déléguée à l'intégration
Rue des Marchandises 17
Case postale 1395 | 1260 Nyon
079 211 02 74
integration@nyon.ch

## Prilly

Commission d'intégration suisses-immigrés (CISIP)

Avenue de la Rapille 10
1008 Prilly
078 725 60 30
zodogome@yahoo.fr

## Renens

Commission intégration suisses-étrangers (CISE)

Ville de Renens – Secteur intégration
Déléguée à l'intégration
Rue de Lausanne 25
1020 Renens
021 632 77 95 | 021 632 77 88
delegue.integration@renens.ch

### Rolle
Commission consultative suisses-étrangers (COCISE)
- Grand-Rue 44
  Case postale 1224 | 1180 Rolle
- 021 822 44 23
- @ lakhdar.amamra@centre-sesame.ch

## ምብራቕ ዞባ

### Aigle
Commission d'accueil et d'intégration de la ville d'Aigle (CAIA)
- Hôtel de Ville
  Place du Marché 1
  1860 Aigle
- 024 468 41 11
- @ administration@aigle.ch

### Bex
Commission consultative multiculturelle de Bex (CCMB)
- Rue Centrale 1
  Case postale 64 | 1880 Bex
- 024 463 02 67
- @ alain.michel@bex.ch

### Blonay
Commission d'intégration Blonay: ensemble! (CCSI)
- p.a. Maison de Commune
  Route du Village 45
  Case postale 12 | 1807 Blonay
- 021 926 82 50
- @ integration@blonay.ch

### Montreux
Commission consultative pour la cohésion sociale et l'intégration (CoCoSI)
- c/o Direction des affaires sociales, familles et jeunesse
  Avenue des Alpes 22
  Case postale 2000 | 1820 Montreux 1
- 021 962 78 30
- @ sfj@montreux.ch

### Vevey
Commission des activités interculturelles (CAIV)
- p.a Service de la cohésion sociale
  Rue du Simplon 14
  1800 Vevey
- 021 925 53 18
- @ cohesion.sociale@vevey.ch

### Villeneuve
Commission d'intégration (CIV)
- Grand-Rue 1
  1844 Villeneuve
- 077 407 58 75
- @ integration@villeneuve.ch

## ደቡብ ዞባ

### Lausanne
Commission lausannoise pour l'intégration des immigrés (CLI)
- c/o Bureau lausannois pour les immigrés (BLI)
  Place de la Riponne 10
  Case postale 5032 | 1002 Lausanne
- 021 315 72 45
- @ bli@lausanne.ch

International Link
- c/o Chambre vaudoise du commerce et de l'industrie
  Avenue d'Ouchy 47
  1001 Lausanne
- 021 613 36 63
- @ laurine.chiarini@cvci.ch

## ሕጋዊ ምኽሪ

### Centre social protestant (CSP)
- Rue Beau-Séjour 28
  1003 Lausanne
- 021 560 60 60
- @ info@csp-vd.ch

## መወከሲታት ጠበቓታት

### Ordre des avocats vaudois (OAV)

Rue du Grand-Chêne 8
Case postale 7056 | 1002 Lausanne
021 311 77 39
@ info@oav.ch

## ጾቂ-ኣንስትዮ

### Bureau cantonal de l’égalité entre les femmes et les hommes (BEFH)

Rue Caroline 11
1014 Lausanne
021 316 61 24
@ info.befh@vd.ch

### Bureau information femmes (BIF)

Avenue Églantine 6
1006 Lausanne
021 320 04 04
@ info@bif-vd.ch

## LGBTIQ+

### Rainbow Spot

c/o SUD
Place Chauderon 5
1003 Lausanne
076 549 80 91
@ info@rainbowspot.ch

### VG – VOGAY

Rue Pépinet 1
1003 Lausanne
021 555 20 10
@ info@vogay.ch

## ሓድሕድ-ባህላዊ ሚድያ

### A la vista! Communication sociale – Carrefours TV

Place Neuve 1
1009 Pully
078 685 40 79
@ info@carrefourstv.ch

## ዓሌታውነት

ኣብ ዘባ Vaud ዓሌታውነት እንተ ኣጋጥምኩም፡ ደገፍ ንኽውሃበኩም ንBureau cantonal pour l’intégration des étrangers et la prévention du racisme (BCI) ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። እቶም ኣብ Lausanne ኩነታት ዓሌታውነት ዘጋጥሞም ሰባት፡ ንመስመር ሓገዝ Info-racisme ናይ Bureau lausannois pour les immigrés (BLI) ክውከሱ ይኽእሉ እዮም።

### Bureau cantonal pour l’intégration des étrangers et la prévention du racisme (BCI)

Avenue de Sévelin 46
1014 Lausanne
021 316 49 59
@ info.integration@vd.ch

### Bureau lausannois pour les immigrés (BLI) – Permanence Info-racisme

Place de la Riponne 10
1002 Lausanne
021 315 20 21
@ inforacisme@lausanne.ch

## ኣብያተ-ጽሕፈት INFO-CONSEIL

### Permanences intégration de la Ville de Vevey

Rue du Simplon 14
1800 Vevey
021 925 51 85
amaranta.fernandez@vevey.ch

### Permanence Migr'info

Rue de Neuchâtel 2
1400 Yverdon-les-Bains
024 426 06 71
ccsi.yverdon@gmail.com

## ኣብያተ-ጽሕፈት INFO-CONSEIL – CENTRE SOCIAL PROTESTANT (CSP)

### Permanences Info-Conseil Migration d'Aigle

Chemin de la Planchette 1
1860 Aigle
021 213 03 53
frat@csp-vd.ch

### Permanences Info-Conseil Migration de Nyon

Chemin de la Redoute 12
1260 Nyon
021 213 03 53
frat@csp-vd.ch

### Permanences Info-Conseil Migration de Lausanne

Place Marc-Louis-Arlaud 2
1003 Lausanne
021 213 03 53
frat@csp-vd.ch

### Permanences Info-Conseil Migration de Payerne

Rue des Terreaux 10
1530 Payerne
021 213 03 53
frat@csp-vd.ch

### Permanences Info-Conseil Migration de Renens

Rue de l'Industrie 1
1020 Renens
021 213 03 53
frat@csp-vd.ch

### Permanences Info-Conseil Migration d'Orbe

Rue de la Tournelle 7-9
1350 Orbe
021 213 03 53
frat@csp-vd.ch

### Permanences Info-Conseil Migration de Clarens

Rue de Jaman 8
1815 Clarens
021 213 03 53
frat@csp-vd.ch

መስመራት ሓገዝ Info-Conseil Migration፡ ወርሓውን ምእኩል ኣብ ዘይኮነ በታታትን ንኽውሃብ ተወጢኑ ኣሎ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
csp.ch/vaud/services/questions-de-migration

# መዘኻኸሪታት

እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም
ናብ ኣውራጃ VAUD

ኣርታዒ
Bureau cantonal pour
l’intégration des étrangers et
la prévention du racisme (BCI)

ኣፍራዪ
Large Network
እርማት ጽሑፍ
Evelyne Brun

ስእልታት
Guillaume Perret
pp. 5, 15, 39, 63, 73,
83, 97, 105

CarPostal
p. 91

ጥበብ-ሕትመት
Mark Pro, Kefa

## ቍጽርታት ተሌፎን ህጹጽ ረድኤት

### ፖሊስ
117

### መጥፋእቲ ሓዊ
118

### ኣምቡላንስ
144

### ምውጋድ መርዛም ባእታታት
Tox Info Suisse – ማእከል
ሓበሬታ ምምራዝ ናይ ስዊዝ
145 ou 044 251 51 51

### መንእሰያት
Pro Juventute – መስመር ተሌፎን
ምሕጋዝ ህጻናትን ነኣሽቱ መንእሰያትን
147

### ብጻውዒት ተሌፎን ዘገልግሉ ዶክተራት
0848 133 133 (ናይ ውሽጢ ዓዲ ደረጃ)

### ምስማዕ
La Main Tendue –
ነቶም ሓገዝን ደገፍን መነባብሮ ዘድልዮም
ሰባት ዝኸውን ናይ 24/7 መስመር ተሌፎን
143 (CHF 0.20 ንነፍሲ-ወከፍ ጻውዒት)

### ዓመጽ
Centre d’accueil MalleyPrairie – ን24
ሰዓታት ኣብ መዓልቲ እሞ ኣብ መላእ
ሰሙን ቀጻልነት ዘለዎ፡ ንዘቤታዊ ጐነጽ
ዝምልከት ምኽሪ ናይ ፍሉይ-በዓል-ሞያ
021 620 76 76

### ብነፋሪት ዝግበር ምድሓን
Rega
1414

እዚ በራሪ ጽሑፍ እዚ ናብ 15 ቋንቋታት
ተተርጒሙ ኣሎ። ዲጂታዊ ቅዳሕ ትሕዝቶኡ
ኣብ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ቀርዓት
(Portail Bienvenue) ክርከብ ይከኣል እዩ።

BUREAU CANTONAL POUR L’INTÉGRATION DES
ÉTRANGERS ET LA PRÉVENTION DU RACISME (BCI)

Avenue de Sévelin 46, 1014 Lausanne
ተሌ፤ 021 316 49 59 | info.integration@vd.ch | vd.ch/integration

© 1ይ ሕታም፡ ግንቦት 2022